Tigrinya

# መነባብሮ ሂወት ኣብ ኣውስትራልያ

© ኮመንዌልዝ ኣውስራልያ 2007

ዝስራሕ እዙይ ዝተቐድሐ እዩ

ብናይ 1968 ናይ ቕዳሕ ኣዋጅ ካብ ዝተገበረ ወጻኢ ናይ'ዚ ጽሑፍ ዝኾነ ክፍሊ ብቐዳማይ ካብ ኮመንወልዝ ናይ ጽሑፍ ፈቓድ ክሳብ ዘይተረኸበ ምርባሕ ክልኩል እዩ። ንምርባሕን ንመሰልን ብዝምልከት ፍቓድን ሕቶን ንምቕራብ ናብዞም ዝስዕቡ ኣድራሻታት ጸሓፉ።

Commonwealth Copyright Administration
Attorney General’s Department
Robert Garran Offices, National Circuit
Barton ACT 2600

ወይ ኻዓ ተላኢኹ www.ag.gov.au/cca

ISBN 978 1 921446 56 6

ብኦክቶበር 2007 ተሓቲሙ

እዚ ሕታም እዙይ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ማሕበረሰብ ቛንቛታት ኣብ ናይ ኢንተርኔት እንግሊዝኛ መስመር ይርከብ። □
ናይዚ ሕታም ቕዳሕ ኣብ www.immi.gov.au ብምእታው ምእዛዝ ይከኣል እዩ።

እቲ ናይ ትርጉም ሰደቕ ብናይ ቪክቶሪያ ቤት ጽሕፈት ማልቲ ካልቸራል ኣፌርስ ክፍሊ ምዕ ባለ ዕቤት ምስ ኮመንዌልዝ፤ ስቴት፤ ቶሪቶሪ፤ ክልላዊ ምግስትታት ብምትሕብባር ብምትሕግጋዝ እዚ ብሄራዊን ህዝባዊን ሓበሬታን ኣገልግሎትን ክህብ ዝተዳለወ እዩ። እቲ ሰደቕ ሓድሓደ ውልቀ ሰባት ውሱን ናይ እንግሊዝኛ ምዝራብ ክእለት ዘለዎም ናይ ቋንቋ ትርጉም ሓገዝ ካብ መንግስታዊ ቤት ጽሕፈታት ሓበሬታ ክደልዩ እንከለው ምእንታን ክሕግዞም ዝተዳለወ እዩ።

ምናልባት እኺ እቲ ሰንደቕ ኣብ ናይ መንግስትን ናይ ማሕበረ ሰብ ሓበሬታን ኣገልግሎት ውሃብቲ ዝኾና፤ ከም ኣስቢዳለ፤ ፖሊስ ጣብያ፤ ናይ መንግስቲ ቤት ትምህርትታት፤ ናይቲ ሕብረተሰብ ማእኸል ናይ ገዛውቲ ሓገዝን ናይ ስራሕ ደሌቲ ቤት ጽሕፈት ዞባዊ ቤት ምኽርታትን ኣብ ናይ ፈለስቲ መደዓዓሲ ማእኸላት ክትረእዎ ትኽእሉ ኢኹም።

እቲ ናይ ተርጎምቲ ሰንደቕ ድማ ብሜይ 2006 ዓመተ ምህረት ኣብ ቪክቶርያ ብዕሊ ተጀሚሩ።

# ትሕዝቶ


መእተዋ 1

መነባብሮ ሂወት ኣብ ኣውስትራልያ 2

ኣውስትራልያዊነት ክብርን ቃል መግለጽን 'Australian Values Statements' 2

ኣውስትራልያዊነት ክብረ ቃል መግለጺ ንግዚያዊ ቪዛ ኣመልከቲ 3

ኣውስትራልያዊነት ክብረ ቃል መግለጽን መትከል እምነትን 4

ኣውስትራልያ – ብሓጺሩ 8

ሓቂን ቁጽርን 10

ብሄራዊ ምልክታት 11

እታ ዓድን ህዝባን 14

ናይ ኣየር ጸባይ 14

ከባቢ 15

ቀዳሞት ኣውስትራልያናት 15

ፈለማ ኣውሮፓውያን 17

ናይ ሃገር ምውላድ 18

ናይ ኲናት ተጽእኖ 19

ሃብትን ለውጥን 20

ንኣውስትራልያ ከም ገዝኦም ጌሮም ዝቐጽሩ ህዝቢ 21

ዲሞክራሲን መንግስትን 22

ናይ ኣውስትራልያ ሕብረተሰብ ሎሚ 26

ህግታትን ማሕበራዊ ልምድታትን 26

ዕማም ናይ ቤተሰብ ምልዋጥ 30

ናይ ኣውስትራልያ እንግሊዝኛ 32

ክብረ በዓልን ኣውደ ኣመትን 33

ስፖርት፤ መዝናነውን ስነጥበብን 34

ኣብ ሳይንስ ስራሕቲ ሓዲሽ ነገር ፈጠርትን ኣማሓየሽትን 35

ናብራ ኣብ ኣውስትራልያ 37

ቊጻርን ናይ ስራሕ ኩነታትን 37

ስለ መንበሪ ገዛ 38

ማሕበራዊ ውሕስነት 39

ናይ ሆስፒታልን ናይ መድሓኒታት ወጻኢን 40

ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ትምህርቲ 40

ኣስተርጓሚይን ተርጓሚይን 41

ትምህርቲ 41

መኪና ንምዝዋር ሕጋዊ ፍቓድ 42

ጠቓምቲ ናይመራኸቢ ዝርዝር 42

ናይ ኣውስትራልያ ዜጋ ምዃን 43

ናይ ዜግነት ፍሉይ መሰል 43

ሓላፍ ነታት 43

# መእተዊ



እዚ ስነጽሑፍ እዙይ ዝተዳለወሉ ምኽንያት፥ ግለሰባት ናብ ኣውስትራልያ ጠቕሊሎም ኣትዮም ሓዱሽ ናብራ ንክጅምሩ ንዝደልዩ፣ ወይ ኻዓ ንዝተወሰነ እዋን ዕቑባ ረኺቦም ንኽጸንሑ ናይ መንበሪ ቪዛ ሕቶ ንዘቕርቡ ሙሉእ ኣገዳሲ ዝኾኑ ሓበሬታታት ምእንታን ክህቦም ብፍላይ ዝተዳለወ እዩ። እዙይ ኻዓ ስፍሕ ዝበለ ናይ ኣውስትራልያ ቅያን ባህልን ከምኡ'ውን መነባብሮን ክብራዊ ረብሓን ኣዝዩ ዝሕብር እዩ።

ካብቱ ናይ ዕቑባ ሕቶ ኣሰራርሓ ሓደ ክፍሊ፣ ብፈለማ ክማልኡ ዘለዎም ኩነታት፥ ናይ ዕቑባ ቪዛ ሓተቲ ነቲ ናይ ኣውስትራልያ ሕግን ናይ መነባብሮ ስነምግባር፣ ትምህርትን ክብሩን ተቐበልትን ነቲ ሕጊ ድማ ተገዛእትን ክኾኑ ከምዘለዎም እየ፦ ዝሕብር።

እቲ ናይ ኣውስትራልያ ኽብሪ ክንብል እንክሎና፥ ዝጥርንፎም ዓበይቲ ኩነታት ድማ፣ ናይ ውልቀሰባት ሃገራዊን ምድራውን ስነምግባራዊ ኽብርን ናጽነትን ምኽባር፣ ናይ ምዝራብ ናጽነት ናይ ሃይማኖትን መንግስታዊ መሰልነት ተሳትፎ፥ ናጻ ማሕበራዊ ስርኣዊት፣ ናጻ ፓርላማዊ ዲሞክራስን ማዕርነታዊ ፖለቲካን ማሕበራዊ ስርሒትን፣ ናይት ሃገራዊ ሕጊ ኣኽበርትን ተገዛእትን ምዃን ኣብ ሕጊ ቕድሚት ኩሉ ሰብ ማዕረ ከምዝኾነን ነቲ ጾታዊ ናይ ደቂ ኣነስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ማዕረነት ምኽባርን ምርዳእን፣ ብሓፈሽኡ ኩሉ ሰብ ማዕረ ከምዝኾነን ብሰላምን ብፍቕርን ተኸባቢሩን ተሓላልዩን ክነብር ከምዘለዎ ኣዚኻ ምርዳእን ግቡእ ምዃኑ ሓበሬታ ይህብ እዩ።

ካብኡ ሓሊፉ ድማ፥ እንግሊዝኛ ናይ መላእ ኣውስትራልያውያን ብሔራዊ ቋንቋን ጥራሕ ከይኮነስ፤ ንኹሎም ብሔረሰባት ጠርኒፉ ዝሕዝ ናይ መራኸቢ ጭርሖ ምዃኑ ኣዚኻ ምርዳእን ምስትውዓልን ይግባእ።

ኣብ ኣውስትራልያ ንውሕ ንዝበለ እዋን ኣቐድም ኣቢሎም ንዝነበሩ ግለሰባት 'ውን መጽሓፍቲ ምንባብ ይጠቕሞም እዩ። ብፍላይ ድማ ምስ ፈለስቲ (ማይግራንት) እንተድኣ ዝሰርሑ ኾይኖም፥ ወይ ኻዓ ሓደስቲ ዝመጹ ኣዝማድን ምሓዙትን እንተድኣ ሃልዮምዎም መጻሕፍቲ ኣዝዮም ከንብቡ ይግባእ።

ናይ ኣውስትራልያ መንግስቲ እቶም ሓደሽቲ ፈለሲቲ ብዛዕባ እታ ናይ ድሕሪ ሕጂ መነባበሪት ሃገሮም ጌሮም ዝመረጽዋ ሃገር፣ ቕርሲ፣ ቋንቋ፣ ባህሊ፣ ክብራዊ ረብሓን መነባብሮን ኣዝዮም ክፈልጡን ክርድኡን ይግባእ። ስለምንታይ፥ ድሕሪ ቑሩብ ዓመታት ናይ ኣውስትራልያ ዜግነት እንተድኣ ክወስዱ ድልየት ሃልይዎም ኾይኑ እሞ ምስቲ ሓፈሻዊ ናይ ኣውስትራልያ ማሕበረሰብ ተዋሃሂዶም ክነብሩ ወሲኖም፥ ካብቶም ቀንዲ ክማልእዎም ዝግብኡ ነጥብታት ሓዲኡ ብዛዕባ ኣውስትራልያ ግቡእ ፍልጠት ጌሮም ተዳልዮም ክጸንሑ ግድነት ይኸውን።

ናብ ኣውስትራልያ ሓደሽቲ ሰፈርቲ እንተድኣ ኾንኩም፥ እንቋዕ ድሓን መጻእኹም። ሰላምን ዲሞክራሲን ኣብ ዘለዋ ምዕብልቲ፣ ሃፍታምን ዕውትን ሃገር ኢኹም ክትነብሩ ወሲንኹም ዘለኹም። ብተወሳኺ ክትፈልጥዎ ዝግባእ እንተድኣ ሃልዩ ኣብ ኣውስትራልያ፥ ካብ ዝተፈላለዩ ክፍለ ኣህጉራትን ብሄራዊ ዓልየታትን፣ ዝተፈላለዩ ተመኩሮታትን ባህላዊ ቅያን ሒዞም መጺኦም ምስቲ ናይ ኣውስትራልያ ክብሪ፣ ባህልን ማሕበራዊ ወግዕን ከይተገራጨወ ነቲ ሃገራዊ ሓላፍነት ንምሽካምን ሃገራዊ እጃም ንምውፋይ ምድላው ማለት እዩ።

## ተወሰኽቲ ሓበሬታታት እንተድኣ ደሊኹም

ብፍላይ ክትፈልጡዎ ትደልዩ ፍሉይ ዝኾነ ኣርእስቲ ንተወሰኽቲ ሓበሬታታት ናብቶም ዝተፈላለዩ ዌብሳይታትን ካልኦት ዝተፈላለዩ ስነጽሑፋትን ንቕድሚት ብዝርዝር ስለትረኽቡ ኣቲኹም ተመልከቱ ኢኾም።

ብዛዕባ ናይ ኣውስትራልያ መነባብሮ ኩነታትን ናይ ስራሕ ዕድልን እንተድኣ ክትፈልጡ ደሊኹም ኣብቲ "ናብራ ኣብ ኣውስትራልያ'ዝብል Living in Australia section of the Department of Immigration and Citizenship's (DIAC) Website (www.immi.gov.au) ክፍሊ ኣቲኹም ተመልከቱ ኢኹም።

ብዛዕባ ናይ ኣውስትራልያ መነባብሮ ዕሙቕ ብዝበለ ንምርዳእ እንተድኣ ደሊኹም ዝተፈላለዩ ማጻሕፍተ፦ ከም *Beginning a Life in Australia* ብተወሳኺ ኻዓ ኣብ'ቲ DIAC ዝብል ዌብሳይት (website) ኣቲኹም ክትሪኡ ይግባእ። እቶም መጻሕፍቲ ድማ ብእንግሊዝኛን ብዝተፈላለዩ ቋንቋታትን ተዳልዮም በብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ተዳልዮም ኣብ ናይ ኣውስትራልያ ክፍላተ ሃገራትን ተሪቶሪን ብበዝሒ ተራቢሖም ይርከቡ እዮም። ብዝበለጸ ናይቲ ትነብሩሉ ዞባዊ ርክብ ሓበሬታታት ንምርካብ እንተድኣ ኣድልዩኩም፥ ኣብቲ ትነብሩሉ ዞባዊን ክልልን በቲ ናይቲ ክፍለ ሃገር ወይ ኻዓ ተሪቶሪ መንግስቲ ዝተዳለወ መጻሕፍትን ካልኦት ስነጽሑፋትን ስለዘሎው ክተንብብዎምን ክትፈልጥዎምን የድልይ እዩ።

እንተድኣ በቲ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝግበር ናይ ዕቑባ ሓተትቲ ግብረሰናይ መርሃ ግብሪ ተቐባልነት ረኺብኩም፥ ኣብቲ ናይ ኣውስትራልያ ባህላዊ ገለጻ ዝዋሃበሉ ፕሮግራም (Australian Cultural Orientation Programme - AUSCO) ቅድሚ ናብ ኣውስትራልያ ምምጻእኹም ንክትሳተፉ ክነተባበዐኩም። እቲ ፕሮግራም ኻዓ ናብ ኣውስትራልያ ቅድሚ ጉዕዞ ምጅማርኩም እኹል ሓበሬታ ምእንታን ክህልወኩም ዝሕብርን ዝገልጽን ኮይኑ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍለ ዓለማት፣ ማለት ከም ባዓል እስያ፣ ኣፍሪቃን ማእኸላይ ምስራቕ በብግዚኡ ይዋሃብ እዩ።

ብተወሳኺ ናይቲ ስነጽሑፍ ኮፒታት ድማ ኣብ'ቲ ናይ Immigration and Citizenship's (DIAC) Website (www.immi.gov.au) ኣቲኹም ተመልከቱ ኢኹም።

# መነባብሮ ሂወት ኣብ ኣውስትራልያ
# (Australian Values Statements)

## ኣውስትራልያዊነት ክብርን ቃል መግለጽን ‘Australian Values Statements’

ንእዋናዊን ንቐዋሚ መንበሪ ቪዛ ሓተትን ናይ ኣውስትራልያ ናይ ክብሪ መግለጺ ንእዋናዊ፤ ንቐዋሚን ንእስ ዝበለ ቑጽሪ ንዘለዎም ንሓጺር እዋን ቪዛ ንዘመልከቱ፤ በዚ ናይ መንግስቲ ኣውስትራልያ ብዘዳለዎ መጽሓፍ ውሽጢ ተዘርዚሮም ንዝርከቡ ነጥብታት ከንብቡ ከምዘለዎም ወይ ኸዓ ክንበበሎም ይሕለው እየም.። እዚኦም ኣመልከቲ እዚኦም ንቕድሚት ናይ ኣውስትራልያ ዜጋ ንምኻን በቲ ዘመልከትዎ እዋን ካብኣቶም  እንታይ ክሕለው ከምዝግባእ ክርደኦም ይግባእ። እዚ መግለጺ እዙይ ግቡእ ኣብዝኾነ ኣብ ኩሉ  ናይ መመልከቲ ቅርጺታት ስለ ዝተዘርዝሩ ዕድሚኦም 18ን ካብኡ ንላዕልን ዝኾኑ ኣመልከቲ ኩሉ እቲ መግለጺ ምፍራም ኣለዎም።

## ኣውስትራልያዊነት ክብርን ቃል መግለጽን

እንተድኣ ኣሰርተ ሸሞንተ(18) ዓመት መሊእኩም ወይ ኻዓ ካብኡ ንላዕሊ ኼንኩም፡ እዚ ዝስዕብ ቃል መግለጺ ክትፍርሙ ናይ ግድነት እዩ።

*ኣነ ነቲ ብኣውስትራልያ መንግስቲ ብዛዕባ እቲ ማሕበረሰብን ሃገራዊ ኽብርን ብግቡእ ኣንቢበ ወይ ድማ በቲ ዝተገበረለይ መግለጺ ኣጽቢቐ ከምዝተረዳእኹዎ ብፊርማይ የረጋግጽ ኣለኹ።*

*ብግቡእ ከም ዝተረደአኒ ድማ፡*

- *ናይ ኣውስትራልያ ማሕበረሰብ ማዕርገ ግርማ ዝተሞልኦ ናጻ ዝኾነ ናይ ነንሕድሕድካ ምኽብባር፤ ናይ ሃይማኖት ናጽነት፣ ነቲ ሃገራዊ ሕጊ ተዝእን ኣኽባርን ኼንካ ንምርካብ እቶተ ቃል ምግባር፣ ናይ ፓርላማዊ ዲሞክራሲ፣ በቲ ናይ ወድን ናይ ጓልን ጾታዊ ማዕርነትን፣ በቲ መንፈሳው፣ ማሕበራውን ፖለቲካዊ ን ማዕርነታዊ ረብሓታት ሓባራዊ ምግባርን ምክብባር ምንታን ማሕበራዊ ረብሓ ክህሉ እኛም ምውፋይን፣ ጸዋርነት፣ ቕኑዕ ጸዋታን ነቶም ኣብቲ ማሕበረሰብ ቕቡልነትን እምነትን ምእንታን ክህልዎም ኻዓ ብቕቡቕን ለዋህን ምኻን።*
- *ናይ ኣውስትራልያ ማሕበረሰብ ዓሌታዊነት ዘርእን ሃይማኖትን፣ ወይ ኻዓ ቕድመ ትውልዲ ዓሌታዊነት ብምኹናን፡ ማዕረ ዕድልን ብቐዕ ግዘን ኹሉ ሰብ ከምዘለዎ ይኣምን።*
- *እቲ እንግሊዝኛ ቛንቛ፣ ብሔራዊ ቋንቋ ጥራሕ ኼይኼነስ፣ ናይቲ ሓፋሽ ኣውስትራልያዊ ማሕበረሰብ መተሓዋወሲ ዓብይ መባእታዊ ሓይሊ እዩ።*

*ኣብ ኣውስትራልያ ኣብቲ ዝጸንሓሉ እዋን እውን ነቲ ናይ ኣውስትራልያ ህግን ማሕበረሰብን ከኽብር ቃል ኣኣትው።*

*እንድሕር ድኣ ናይ ኣውስትራልያ ዜግነት ክወስድ እንተድኣ ኼነ'ሞ፡*

- *ናይ ኣውስትራልያ ዜግነት ናይ መንነት እጃምን፡ ዓሌታዊ ኣመጻጽኦም ከይተንከፈ ናይ ሓባር ምትእስሳርን ፈጢሮም ዝነብሩላ ሃገር እያ።*
- *ኣውስትራልያዊ ዜግነትሕድሕዳዊ መብትን ሓላፍነትን ይጥርንፍ። እቲ ናይ ኣውስትራልያዊ ዜጋዊ ግዴታታት ካብቶም ዘጣቓልሎም ሓዲኡ ነቲ ናይ ኣውስትራልያ ህጊ ተገዛኢ ምኻን፣ እዙይ ኻዓ ከምቲ ኣብ ህዝባዊ መረጻ ድምጽኻ ምሃብን ኣብ ቤት ፍርዲ ድማ ምስካልኦት ግለሰባት ኼንካ ፍርዲ ምሃብን እዩ።*
- *እንድሕርድኣ ነቲ ኣውስትራልያዊ ዜግነት ከውህቡ ዘኽእሉ ህጋዊ ነጥብታት ከማልኡ ኺኢለሞ፡ እቲ ዘመልከትክሞ ቕቡል ኼይኑ ተረኺቡ፡ ንኣውስትራልያ ህዝብን መንግስትን ብሓቅን ብቕንዕነት ተኣማኒ ኼነ ክነብርን ጽቡቕ መርኣያነት ብምውፋይ እጃመይ ከውፍይ ከምዘሎኒ ኣዝየ ይርዳእ።*

ነቶም ብኢንተረት ኣመልከቲ ዝኾኑ፡ እቲ ቪዛ ኣተሓትታ መልጎም ናይ ቲ 'እወ' ወይ ኻዓ 'ኣይፋሉን' Yes or No ዝብል ናይ መባእታ ቃለ-መግለጺ ድልየቶም ክገልጹ ይሕተቱ እዮም። እቲ ቐንዲ ኣመልካታይ እንድሕር ድኣ ካብ 18 ዓመት ዝኾኖም ወይ ዝሓለፎም ዝውስኽ ኮይኑ፡

*ተወሳኺ ሓበሬታ መግለጺ መስመር ከምዝስዕብ ዝንበብ ይርከብ፡ ኩሎም ኣብቲ መመልከቲ ሕቶ ዝተጠቐሱ ሰባት ዕድሚኦም 18 ዓመትን ካብኡ ንላዕልን እንተድኣ ኾይኖም፡ ነቲ ብኣውስትራልያ መንግስትን ማሕበረሰብን ዝተውሃቦም ናይ ጽሑፍ ሓበሬታ ብግቡእ ኣንቢቦም ወይ ኻዓ በቲ ዝተውሃቦም መግለጺ እኹል ሓበሬታ ብስርዓት ስለዝረኽቡ ብኽብሪ ተቐቢሎም ኣብ ስራሕ ንኽውዕልዎ ተስማዕሚዖም ኣለው።*

ኾይኑ ኻዓ እቲ ቐንዲ ኣመልካታይ ብሽም ኹሎም ናይ'ቲ ስድራ ቤት ኣመልከቲ ኮይኑ ቃሉ የስምዕ።





## ኣውስትራልያዊነት ክብረ ቃል መግለጺ ንግዚያዊ ቪዛ ኣመልከቲ

ግዚያዊ ዕቑባ ንኽዋሃቦም ቪዛ ሓተቲ እውን ነቲ ናይ ኣውስትራልያ መንግስቲን ማሕበረሰብን ሃገራዊ ኽብርን ብግቡእ ኣንቢቦም ወይ ድማ በቲ ዝተገበረሎም መግለጺ ኣጽቢቖም ከምዝተረድኡዎ ብፌርሞኦም ከረጋግጽዎ ይግባእ። እቲ ዝህብዎ ክብረ ቃል መግለጺ ድማ፥ ምስቲ ዘቕርብዎ ቐንዲ ምልክታ ክተሓሓዝ እዩ። ኣብቲ ቃለ ምልክታ ምፍራም ማለት ኻዓ፣ እቲ ቃለ ምውዳድን ሓበሬታዊ መግለጽን ምፍራም ማለት ይኸውን። እቶም እዚ ምልክታ ዘቕርቡ ሰባት ኻዓ ነቲ ስነጽሑፍውን እንተዘይደልዮም ከንብብዎ ኣይግደዱን እዮም።

እቶም ቐጺሎም ዝተጠቕሱ ናይ ኣውስትራልያ ክብረ ቃል መግለጽቲ ኣብ ዝኾነ ናይ ግዚያዊ ዕቑባ ሓተትን ቪዛ ኣመልከትን ኩሉ ይርከብ እዩ።

*ኣብ ኣውስትራልያ ኣብቲ ዝጸንሕሉ እዋን፥ ነቲ ናይ መንግስቲ ኣውስትራልያ ሕጊ፣ ማሕበረሰብን ሃገራዊ ኽብርን ብግቡእ ከምዘኽብሮ ከረጋግጽ እደሊ።*

ብእንተርኔት ዕቑባ ሕቶ ንዘቕርቡ ኣመልከቲ፥ እቲ ናይ ምልክታ ክብረ ቃል መግለጺ ቁሩብ ፍልይ ይብል እዩ።

*ኣብ ኣውስትራልያ ኣብቲ ዝጸንሕሉ እዋን ኣቐድም ኣቢሉ ኣብ መጀመሪያ ከምዝተረዳእኩዎ፥ ነቶም ናይ መንግስቲ ኣውስትራልያ ህግታት፣ ማሕበረሰባዊ ረብሓዊ ኽብርን ብግቡእ ከምዘኽብሮ እገልጽ።*

እቶም ብኢንተርኔት ዕቑባ ሕቶ ምስ ካልኦት ካብ (18) ዓመት ንላዕሊ ዝኾኑ ስድራ ቤት ዝሓዙ ኣመልከትቲ፥ እቲ ናይ ምልክታ ክብረ ቃል መግለጺ ቐጺሉ ከምዝስዕብ ተወሳኺ ሓበሬታ ንኽህቡ ክሕተቱ እዮም።

*እዞም ኩሎም ኣብዚ ምልክታ ተዘርዚሮም ዘለው ካብ (18) ዓመት ንላዕሊ ዝኾኑ ስድራ ቤት ኩሎም በቲ ዝተጠቕሰ መንግስታዊ ክብረ ቃል መግለጺ ከምዝተሰማዕሙዑሉ ዝገልጽ ቃለ ሓበሬታ ንኽህብ መኺሮምኒ ኣለው።*

ኣመልከቲ ናይቲ ክብረ መግለጺ ከምዘረጋግጹ ብባዓልቶምን በቶም ዘመሓዳድርዎም ግለ ሰባት ሸም ናይ'ቲ 'እወ' ወይ ኻዓ 'ኣይፋሉን' Yes or No ዝብል ናይ ሓበሬታ መልሳም ንኽመርጹ ክሕተቱ እዮም። (እንድሕር ደኣ ዝምልከቶም ኮይኑ)።

# ኣውስትራልያዊነት ክብረ ቃል መግለጽን መትከል እምነትን

ኣውስትራልያ ዝደልደለን፣ ዝተረጋግአን፣ ጽኑዕን ዕውትን ልምዓት ንኽሕልዋ፥ እቲ ካብ ዝተፈላለዩ ዓሌታት ዝመጸ ህዝባዊ ማሕበረሰብ ነቲ ሓፈሻዊን መሰረታዊን ልምዓታት ብሃባር ንኽነማእብሎ እጃምና ክነውፊ ይግባእ።

እዞም ክብረ ቃላት መግለጽቲ ነቲ ናጻ ዝኾነ ናይ ኣውስትራልያ ዲሞክራሲያዊ ጉዕዞ መሰረት ዝሕቡ እንክኾኑ እንክለው፣ እዚኦም ኻዓ፥

- ክብሪ ዘለዎ ማዕርነት፤ ማዕረግን ክብርን ናይ ወዲሰብ ኩሉ ምሕላው
- ናይ ሃሳብ ምግላጽ ናጽነት
- ናይ ሃይማኖት፤ ዓለማውን ምድራዊን ናጽነት
- ማሕበራዊ ናጽነት
- ናይ ፓርላማ ዲሞክራስን ኹሉ ሰብ ናይ ሕጊ ተገዛእነትን
- ማሕበራዊ ማዕርነት ኣብ ቤት ሕጊ
- ናይ ወዲ ተባእታይን ጓል ኣንስተይትን ጾታዊ ማዕርነት
- ናይ ምቕኣ ግዘ ኹነታት ማዕርነት
- ሰላማዊነት
- ናይ ፖለቲካውን ማሕበራውን መንፈሰ ማዕርነት ዝጥርፍ ምጽዋርን ሓባራዊ ምክብባርን ምምዕባል፤ ንኻልኦት'ውን ቡቕቡቕን ርህሩህነትን ዘለዎ ናይ ምክእኣል ባሕሪ ምእምባብ

ዋላ'ኻ ብብዙሓት ሃገራት እዚ ዝኣምሰለ ክብረ ቃል መግለጺ ዝተለምደ ይኹን ድኣ እምበር፤ ምስቲ ናይ ኣውስትራልያ ካብ ዘተፈላለዩ ዓለም ክፍሊታት ፈሊሶም ዝመጹ ዓሌታት'ውን ነቲ ማሕበራኢ ስልጣኔ ኣዝዩ ክኣብን ካልኦት ዝበጽሖ ቀልጢፉ ንኽበጽሕ እጃሙ የብርክት ኣሎ። እዙይ እውን፤ ኣገላልጹኡን ኣተዓባብዩኡን ድዓ ዝተፈላለየ ይምሰል እምበር ውሽጣዊ ውጽኢቱ ግና ሃደ እዩ።

እቶም ቐዳሞት ናይ ኣውስትራልያ ተቐምጥትን ነበርትን ዝኾኑ፤ ኣቦርጅንን ቶረስ ስሬስት ኣይላንደርን (እቶም ኣብተን ዝተፈላለያ ደሴታት ዝነብሩን ኣሕዛብን) ክኾኑ እንክለው፤ ካብ ዓለም ካብቶም ቐዳሞትን ፈሉይ ዝኾኑን ባሕልታትን ልምድታትን ሒዞም ዝጓኣዙ ዘለው ሓዲኦም እዮም። ናብ ኣውስትራልያ ብመጀመሪያ ፈሊሶም ዝመጹ ብበዝሒ ካብ እንግሊዝን ኣየርላድን ኺኖም፥ ናይ ኣንግሎ -ሰልቲክ ቕርስን ብሔራዊ ባህልን ሒዞም ስለዝመጹ ነቲ ዝ ጸንሐ ናይ ኣውስትራልያ ባሕል፤ ታሪክን ፖለቲካዊ ኣሰራረሓ ቅርስን ኣብይ ጽልዋ ድርኺ እንዳገበሩሉ ጸኒሖም እዮም። ይኹን ድኣ እምበር በቲ ዝተገበረ ናይ ሓደስቲ መጻእተኛታት ሰፈራዊ እብየት፥ ካብ ኣፍሪቃ፤ እስያ፤ ኣሜሪካን ኣውሮጳን ኩሎም ነንሕሕዶም ናይ ባእሎም ልምዳዊ ስራሕቶምን እብየቶም ዝገልጹ ዝተፈላለዩ ስላጣኔታት ስለዘምጽኡ ዘለው ነቲ ናይ ኣውስትራልያ እብየት ፍሉይ መልኽእ እናሃቦ ይርከብ።

እዙይ ዝኣምሰለ ምቕኣ ግዜን ክብረ ቃል መግለጽ መትከልነት ምኽታል፣ ነቲ ዝተፈላለየ ሕዝባዊ እምነትን መሰልነትን ብዝኾነ መገዲ ኣይእብልሎን እዩ። እንዲያውም ከምዙይ ዝበዝሉ ዝተፈላለዩ ድሌታትን እምነታትን ወዲሰብ ኩሉ ናጻ ኾይኑ ክጥቀመሎም ምፍቃዱ ኣብ ኣውስትራልያ ክነደይናይ ንውልቀሰባት ናጻ መሰልነት ዝሕለወሉ ዲሞክራሲ ክምእብል ከምዝኽኣለ ኣዝዩ ዝሕብር እዩ።

እቲ ቀንዲ ዕላምዑ ኻዓ ነቶ ካብ ዝተፈላለዩ ኣሌታት ፈሊሶም ዝመጹ ሓደስቲ መጻእተኛታት ጠየሸቲ በቲ ክብረ ቃል መግለጽን መትከል እምነትን መርግእ ረኺቦም ከይተዳናገዙ እጃሞም ከውፍዩን መሰላዊ ረብሆኦም ተሓልዩሎም ምስቲ ካልእ ሕብረተሰብ ተሓዋዊሶን ብቀሊሉ ንኽነብሩ ምእናን ክሕግዞም እዩ።

ኣብ ኣውስትራልያ ነቶም ነበሪቲ ኣሕዛብ፣ ብዙሕ ናጽነት ዝሕቡ መምርሕታት ይዋሓቦ እዩ። ይኹን ድኣ እምበር፣ ከምዙይ ዝኣምሰለ ናይ ናጽነት ዕድል እንክዋህቦ እንክሎ ድማ፥ ነቲ ናይ ኣውስትራልያ ሕጊ ምኽባር ጥራሕ ከይኮነስ፣ ነቲ ብዲምክራሲያዊ ኣሰራርሃ ዝተመረጸ እዋናዊ መንግስቲ ዝሀቦም ናይ ስነስርዓትን ናይ ናጽነት ስርሒታት መምርሕታት እቲ ማሕበረሰብ ብዕሊ ከምዝሎ ጥራሕ ክናብዮም ከይኮነስ፤ ከኽብሮን ከማእብሎን ከምዘለዎን'ውን ምርዳእ እዩ።





- ## መሰረታዊ ናጽነታት

ኩሉም ናይ ኣውስትራልያ ዜጋታት ነቶም ኣገደስትን መሰረታውን ዝኾኑ ናይ ናጽነት ስርሒታት (ካብ ዶብ ሕጊ ከይወጹ) ተጠቀምቲ ንኽኮኑ መሰልነት ኣለዎም፥ እዙይ ማለት ኻዓ፣ ከም ብዘይ ፍሪ ግልጺ ኼንካ ናይ ምዝራብ ናጽነት፣ ምስ ዝኾነ ማሕበር ምድርጃውን ምሕዋስን፣ ኣኼባት ምግባርን ምክያድን፣ ብዝደለይዎ ሃይማኖት ናይ ምዕማንን ምኽታልን፣ ናብ ዝደለይዎ ናይ ኣውስትራልያ ኽልል ብዘይ ሓደ ጸገም ምዝውዋርን ኬዶን ንምንባር መሰላዊ ናጽነት ምሓብ እዮም።

- ## ናይ ወድሰብ ኩሉ ዝበቕዐ ማዕርነታዊ ክብርን ናጽነትን ምሕላው

ኣብ ኣውስትራልያ ኩሉ ወዲ ሰብ ማዕርን ነጻን እንክ'ኸውን እንክሎ፥ ብሓደ መስርሕ ኼኑ ብግቡእ ተሓጋጊዙን ተ'ኸባቢሩን ናይ ምንባር ልምዲ ከዘውትር ከምዝግብኦ ኣብይ ቲት ይግበር።

እቲ ናይ ኮመንዌልዝ ሕጊ ኣሌታዊ ነት፣ ጾታዊነት፣ ምንዳረ ሕማማት፣ ዕድመን ከምኡ'ውን ካልኦት ዝተፈላሉ ኣብ ናይቲ ማሕበረብ ዝረኣዩ ጸገማት ም'ኽንያት ብምግባር ዝግበር ኣድልዎታትን ጽላኣታዊ ምንጻርን ኣዝዩ (*Racial Discrimination Act 1975, Sex Discrimination 1984. Disability Discrimination Act 1992 and the age Discrimination Act 2004*) ይ'ኹንኖን ይቃወሞን እዩ። ናይ ቲ ማሕበረሰብ መሰልነትን ማዕርነታዊ ረብሓታትን ዘ'ኽብርን ዝሕልውን መግስታዊ ባዓል ስልጣን ኮሚሲዮን (Human Rights and Equal Opportunity Commission) ዝበሓል ን'ኸምዙይ ዝኣምሰሉ ሽግራት ኣብ ግለሰባት ክወጽሑ እንከለው ንምፍታሕን መሰል ማዕርነት ወድሰብ ንምሕላው ጠጠው ኢሉ ይርከብ።

ናይ ኣውስትራልያ ማሕበረስ፥ ጎነጽ፣ ዓመጽ፣ናዕቢን ብዝ'ኾነ ሓይሊ ተጠቒምካ ዝግበር መጥቃእቲ ወይ ኻዓ ግርጭት ኣዝዩም የውግዙዎን ይ'ኹንንዎን እዮም።

### ኣብ ቖረባ ክርከብ ዝ'ኽእል ሓበሬታ

ማሕበረሰብ መሰልነትን ማዕርነታዊ ረብሓታትን ዘ'ኽብርን ዝሕልውን መግስታዊ ባዓል ስልጣን
(Human Rights and Equal Opportunity Commission) www.hreoc.gov.au

- ## ናይ ዘረባ ናጽነት

ኩሉም ኣውስትራልያውያን፤ ህጊ ክሳብ ዘይጠሓሱ፤ ብዛዕባ ናይ መንግስቲ ኣውስትራልያ ወይ ኻዓ ብዛዕባ ካልኦት ነገራት ወይ ኻዓ ብዛዕባ ማሕበራዊ ኩነታት ብዝምልከት ን'ኻልኦት ሰባት ኣብ ሓደጋ ኽሳብ ዘየውደቐ ወይ ኻዓ ሽም ክሰብ ዘይኣጥፍኡ ከምኡ'ውን ናይ ካለኦት ናይምዝራብ መሰል ክሳብ ዘይከልከሉ ንምዝራብ ወይካ'ዓ ንምጽሓፍ ናጻ ኢኹም።

እዙይ ኻዓ ናይ ኣውስትራልያ ጋዜጣታት፤ ሬድዮታት፤ ተለቪዥንን ካልኦት ብዙሓት መራ'ኸብታት ይሓቁፉ። ደቒ ኣውስትራልያ ነቲ መንግስቲ ዝወስዶ ስጉምቲታት ብምቅዋምን ዘመተ ብምክያድን ህግታት ን'ኽልወጡ ናይ ምግባር ናጽነት ኣለዎም።

ናይ ዘረባ ናጽነት ሰባት ሓሳባቶም ን'ኽገልጹ ንክመያየጡን የ'ኽእሎም። ናይ ግለሰባት ጽቡቕ ሽም ብሓሶት ብምጥፋእ ዝከላ'ኽል ህጊው'ን ኣሎ። ብተወሳ'ኺ' ውን ብባህሎም፤ ብዘርኦም፤ ወይ ኻዓ በቲ ዘለዎም ሕሉፍ ታሪ'ኽ ም'ኽንያት ኣብ ልዕሊ ካልኦት ጽልኣት ከይለዓል ዝእግድ ህጊ' ውን ኣሎ እዩ።

- ## ናይ ሃይማኖትን ናይ ዓለማዊ መንግስቲ ናጽነትን

ኩሉም ደቂ ኣውስትራልያ እቲ ናይ ኣውስትራልያ ህጊ ክሳብ ዘይተቃወሙ ዝመረጽዎ ናይ ሃይማኖት ዓይነት ንም'ኽታል ናጻ ኢ'ኹም። ኣውስትራልያውያን ሃይማኖት ንዘይም'ኽታል እውን ናጽነት ኣለዎም። ናይ ሃይማኖት ዘይምክእኣል ኣብኣውስትራልያ ሕብረተሰብ ተቀባልነት የብሉን።

ኣውስትራልያ ዓለማዊ መንግስቲ እዩ። ኣውስትራልያ ካብ ሃይማኖት ምኽታል ናጻ ዝኾነ መንግስቲ ስለዝኾነ ዝተፈለጠ ወይኻ'ዓ ነቲ ዓዲ ጥራሕ ዝውክል ሃይማኖት የለን። መንግስቲ ዝኾነ ይኹን ናይቲ'ዓዲ ዜጋ ዝኾነ ይኹን ሃይማኖት እንተተኸተለ ብማዕርነት የተኣናግዶም እዩ።

ናይ ሃይማኖት ህግታት ኣብ ኣውስትራልያ ህጋውነት የብሎምን። ኣብ ስራሕ ዝውዕል በቲ ፓርላማ ዝጸደቐ ህጊ ጥራሕ እዩ። ንኣብነት ናይ ፍትሕ ህጊ ኣብ ፓርላማ ውሽጢ ዝጸደቐ እዩ። ሓደሓደ ናይ ሃይማኖት ወይኻ'ዓ ናይ ባህሊ ልምድታት፤ ነኣብነት ድርብ መርዓ( ካብ ክልተ ሰብ ንላዕሊ ምምርዓው ) ብህጊ ዝተኸልከለ እዩ።

- ## ምስዝደለይዎ ናይ ምኺን ናጽነት

በቲ ህጊ መሰረት ደቂ ኣውስትራልያ ብሓንሳብ ኮይኖም ነቲ መንግስቲ ወይ ካዓ ንዝኾነ ውድብ ናይ ተቓውም ድምጺ ንኸስምዑ ናጽነት ኣለዎም። እዚ ይ ማለት ኻዓ እቲ ተቓውሞ ሰላማዊን ኣብ ግለሰብ ይኹን ኣብጥሪት ምንም ዓይነት ጉድኣት ዘየብጽሕ ምኺን ኣለዎ። ምስ ዝደልይዎ ናይምኺን ናጽነት ህጋዊ ክሳብ ዝኾነ እዋን ምስዝኾነ ውድብ ይኹን ጉጅለ ንምሕዋስን ንዘይምትሕውዋስን ዘኽእል ናጽነት ይህብ እዩ። ከምዚ ዘኣመሰሉ ውድባትን ጉጅለን ናይቲ ናይ ፖለቲካ ፓርቲ፤ ናይ ሞያ ማሕበራትን ማሕበራዊ ጉጅለን የጠቓልል እዩ።

- ## ኣብ ፓርላማ ዲሞክራሲን ናይ ህጊ ልዕልና ምሕጋዝ

ኣውስትራልያ ናይ ፓርላማ ዲማክራሲያዊ ኣሰራርሓ ኣለዋ። እዚ ይ ማለት ኻዓ፤ ደቂ ኣውስትራልያ እታ ዓዲ ከመይ ከምትምራሕን ናይ ኣውስትራልያ ሕብረተሰብ ብኸመይ ከምዝውከሉን፣ ኣብቲ ዝግበር ህዝባዊ ውሳኔታት'ውን ብኸመይ ከምዝካፈሉ ግሉጽ እዩ። መንግስቲ ንኹሉ ናይ ኣውስትራልያ ተሓታቲ እዩ። ህጊ ናይ ምውጻእ መሰል ዘለዎም፤ ዝተመረጹ ናይ ፓርላማ ኣባላት ወይ ኻ'ዓ ተወከልቲ ጥራሕ እዮም።

ኣብ ኣውስትራልያ ነባራይ ዝኾነ ይኹን ሰብ በቲ መንግስቲ ዝተመስረተ ህጊ ምኽባር ኣለዎ። ኩሉ ኣውስትራልያዊ በቲ ህጊ ኣመሓዳድራ ብማዕረ ዝተሓለወ እዩ። እዚ ይ ማለት ኻዓ ማንም ሰብ ካብ ህጊ ንላዕሊ ኸው'ን ኣይኽእልን፣ እዚ ይ ማለትውን ዋላ እቶም ኣብ ስልጣን ዘለው ግለሰባት ይጥርንፍ እዩ። ከም ናይ ፖለቲካ መራሕትን ፖሊሳትን ዝኣምሰሉ ይውስኽ።

- ## ኣብ ትሕቲ ህጊ ማዕርነት

ዝኾነ ይኹን ኣውስትራልያዊ ኩሉ፥ ኣብ ቅድሚ ህጊ ማዕረ እዩ። እዚ ይ ማለት ኻዓ፥ ብዘርኢ፣ ብዓሌየት፣ ወይ ኻዓ ካብ ዝመጽዎ ዓዲ፤ ብዕድመ ምኽንያት፣ ብጾታ፣ ብመርዓ፤ ወይ ኻዓ ብኣካለ ስንኩላት ከምኡ'ውን ብፖለቲካን ብሃይማኖት እምነቶም ምኽንያት ካብ ዝኾነ ተነጺሎም ክራኣዩ የብሎምን። ናይ መንግስቲ ጉጅለታትን ናጻ ቤት ፍርድን ንኹሎም ግለሰባት ኣብ ፍትሒ ብማዕርነት ክርኢዎም ኣለዎም።

ብማዕርነት ምርኣይ ማለት ድማ፥ ስራሕ ምርካብ፣ ወይ ድማ ናይ ስራሕ ዕብየት ዝውስኖ በቲ ግለሰብ ንፍዓትን ጻዕርን ከምኡ'ውን ብቅዓት ዘለዎ ናይ ስራሕ ልምድን እምበር ብናይ ባህሊ ተሞክሮ ወይ ኻዓ ብናይ ፖለቲካ እምነት ተዓቂኑ ኣይኮነን። ብተወሳኺ'ውን ሰባት ኣብ ሹቕ ወይ ኻዓ ኣብ ሆቴላት ካብ እቲ ዝህብዎ ግልጋሎት ዓሌት፣ ሕብሪ፣ ሃይማኖት፣ ጾታ ወይኻዓ ብምኽንያት መርዓ ኹነታት ግልጋሎት ተነፊጎም ክዕብለሉ ኣይኽሉን እዮም።

- ## ናይ ወድን ናይ ኣዋልድን ማዕርነት

ኣብ ኣውስትራልያ ኣወዳትን ኣዋልድን ማዕረ መሰል ኣለዎም። ስራሕ ይኹን ሞያ ብማዕርነት ንደቂ ኣንስትዮን ንደቂ ተባዕትዮን ክፉት እዩ። ደቂ ኣንስትዮ ይኹና ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ወታሃደራዊ ሓይሊ ውሽጢ ክገልግሉ ይኽእሉ እዮም። ኣዋልድ ይኹና ኣወዳት ኣብ ናይ መንግስቲ ስልጣን ክሳተፉ ይኽእሉ እዮም።





- **በለጽ ዘይብሉ ማዕረ ዕድል**

  ኣውስትራልያውያን ብማዕረ ዕድል ክብሪ ይኣምኑ። ንሱ ማለት ድማ ፍትሓዊ ሂደት 'fair go' ይብልዎ። እዙይ ማለት ኻዓ ናይ ሓደ ግለሰብ ናይ ስርሑ ውጽኢት ዝዕቀነሉ፣ በቲ ዘለዎ ኽእለትን ኣብ ስርሑ ዘርእዮ ጻዕሪ እምበር ብሃንደበት ብዝረኸቦ ናይ ትውልዲ ኹነታት ምኽንያት የብሉን።

  ኣውስትራልያውያን ነንሕድሕድ ምክብባር፤ ምክእኣልን ፍትሒ ብዘለዎ መንገዲ ብዝሓቑፍ ናይ ማዕርነት መንፈስ ይኣምኑ። እዙይ ማለት ድማ፣ ኩሉ ሓደ እዩ ወይ'ኻዓ ኩሉ ናይ ሃብትን ናይ ጥሪትን ማዕርነት ይህልዎ እዩ ማለት ኣይኮነን። ዓላምኡ ኻዓ በቲ ናይ ኣውስትራልያ ሕረተሰብ ማእኸል ስርዓት ዝሓዘ ወይ ኻዓ ሱር ዝሰደደ ናይ መደብ ፍልልይ ንኸይህሉ ንምግባር እዩ።

- **ሰላማዊነት**

  ሰላማዊ ብዝኾነ ሕብረተሰብና ኣዚና ንኾርዕ ኢና። ለውጢ ምምጻእ ዘለዎ ብምምኽኻር፣ ብሰላማዊ መገዲ፣ ብምትእምማንን ብዲሞክራሲያዊ መስርሕ ንኽኸውን ንኣምን። ናይ ሰብ ኣእምሮ ወይ' ኸዓ ህጊ ንምቕያር ሓይሊ ምጥቃም ኣዚና ነውግዝ።

ብተወሳኺ ናብዞም ጥቕምታት ኣውስትራልያን ነቲ ሕብረተሰብ ጽቡቕ ምግባርን ምክእኣል ነንሕድሕድ ምክብባርን ንኻልኦት ቡቕቡቕ ምኽንያት ብዝብል የኣምኑ።

ናይቲ ሕብረተሰብ ተሪር መንፈስ ኣብ ኣውስትራልያ ከምዘሎን ኣውስትራልያን ዝነብሩሉ ሕብረተሰብ ንኽመሓይሹ ይደልዩ እዮም።

ብርክት ዝበሉ ኣውስትራልያን ነቲ ዝነብርሉ ሕብረተሰብ በቲ ናይ ዕለታዊ ናብርኦም ክብ ዝበለ ኣስተዋጽኦ ይገብሩ። እዚ ኻዓ ዝገብርዎ እቲ ዝነብርሉ ኸባቢ ብምሕብሓብን ሓገዝ ብምሃብን ካብኡ ሓሊፉ ኻዓ ነንርእስኻ ብምድግጋፍ ነቲ ማሕበረሰብ ጽቡቕ ምኽንያት ኣስተዋጽኦ ይገብሩ። ብተወሳኺ እውን ተሪር ናይቲ ሕብረተሰብ መገልገልትን ናይ ጽቡቕ ፈቓድ ባህሊ ኣሎ።

ኣውስትራልያ ተሪር ናይ 'ዕርክነት' 'mateship' ልምዲ ኣለዋ- ሰባት ብፍቃዶም ሓገዝ ይቕበሉ ከምኡ ኸዓ ይህቡ ብፍላይ ኻዓ ኣብ ጸገም እዋን። መሓዛ በዓል ሓዳርካ፤ ተሓባባሪኻ፤ ሓውካ፤ ሓፍትኻ፤ ጓልካ፤ ወድኻ፤ ወይኻ'ዓ ዓርኪ ክኸውን ይኽእል እዩ። መሓዛ ፈጺሙ ዘይፍለጥ ግለሰብ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ክብርታት ተሰፋፊሑ እዩ። ከምኡ'ውን ንብዙሕ ዓመታት በቶም ደቂ ኣውስትራልያ ምይይጥ ተጌሩ እዩ። ኣውስትራልያ ካብዝተፈላለዩ ዓሌትን ናይ ባህሊ ተለምዶ ዘለዎም ብምልዮን ዝቁጸሩ ሰባት ብምቕባል ብዝተሳኸዐ ኩነታት ንኽተሓዋወሱ ጌራ እያ።

ናይ ኣውስትራልያ ናይ ባህሊ ምትሕውዋስ ጥንኩርን ሓይሊ ዘለዎ ማሕበረ-ሰብ ጌርዋ እዩ። በቲ ዘሎ ህጊ ብምኽታል ደቂ ኣውእስትራልያ ኩሎም ባህላቶም ኮነ እምነቶም ናይምግላጽ መሰል ኣለዎም።

ነቲ ዝቐርበሎም ሕቶታት ናይ ኣውስትራልያ ዜጋ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ንኣውስትራልያ ክግዛእ ከምዘለዎ እዙይ ማለት ኻዓ ንህጋ፤ ንኽብራን ንህዝባን ማለት እዩ።

# ኣውስትራልያ – ብሓጺሩ

## መሬታን ከባቢኣን

ኣውስትራልያ ኣብ ዓለም ቀዳመወትን ግዝፈተትን ኣለዋ ካብ ዝበሃላ ዓድታት ሓንቲኣ እያ።

ኣብ ምድሪ ካብ ዘለው ደሴታት ዝ'ኣበየን ብግፍሓት ኻዓ ሻድሸይቲ ኣህጉር እያ። ብተወሳኺ እውን፤ ንቘጻት ካፍተን ዝበሃላ ዓድታት ሓዲኣ ክትከውን፤ ካብቲ መሬታ 6 ካብ ሚኢቲ ጥራሕ እዩ ንሕርሻ ምችዊ ዝኾነ።

ርሕቐታ ብጣዕሚ ዓብይ ስለዝኾነ፤ ዓዲ ዝጉብንዩ በታ ዓዲ ስፍሓትን ካብ ሓደ ዓዲ ናብ ካልእ ዓዲ ንምኻያድ ንዝወስዶ እዋን ይድነቑ እዮም። ናይ ኣውስትራልያ ናይ መሬት ግዝፈት ካብ ሰሜን ክሳብ ምዕራብ 4000 ኪሎ ሜትር እንትኾን፤ ካብ ሰሜን ክሳብ ደቡብ ኻዓ 3700 ኪሎ ሜትር እዩ። ካብ ሲድኒ ናብ ፐርዝ ንምብራር ናብ ከባቢ ሓሙሽተ ሰዓት ኣቢሉ ይውድእ።

ሓፈሻዊ ስፍሓቱ ምስ ኣሜሪካ ማዕረ እንትኾን (ኣላስካ ኣይውስኽን) ማለት'ውን፤ ናይ ህንዲ ክልተ ዕጽፊ ክትኣክል፤ ይናይትድ ኪንግዶም ኻዓ 32 ሻዕ ተዓጽፋ እያ።

## ህዝባ

ናይ ኣውስትራልያ ናይ ቐደም ተወላዶት ማለት እውን ኣቦርጅንን ናይ ቶረስ ስትሬት ወደብ ህዝብን እንተነኣሰ ካብ 40 000 ዓመታት ምናልባት ቅድሚ 60 000 ዓመታት ኣቢሎም ኣብ ኣውስትራልያ ይነብሩ ከምዝነበሩ ይእመን።

ካልኦት ናይ ኣውስራልያ ህዝብታት ብ 1788 ደቂ ኣውሮፓ ካብ ዝሰፈርሉ እዋን ጀሚሩ፤ ካብ 200 ዘይነኣሱ ዓድታት ዝመጹ ፈለስቲ ወይ ኻዓ ናይ ፈለስቲ ዘርኢ ኢዮም።

ብ 1945፤ ናይ ኣውስትራልያ ናይ ህዝቢ ቑጽሪ ናብ ሸውዓተ ሚሊይን ይጽጋዕ ነይሩ። ካብኡ ንዳሓር ካብ 6.5 ሚሊዮን ንላዕሊ ፈሊሶም ዝመጹን 675 000 መጻእተኛታት ኣብ ኣውስትራልያ ሰፊሮም እዮም።

ሎሚ፤ ናይ ኣውስትራልያ ናይ ህዝቢ ብዝሓት 21 ሚሊዮን እንትበጽሕ፤ ካብኣቶም ኻዓ 43 ካብ ሚኢቲ ዝኾውን ኣብ ወጻእ ዓዲ ዝተወለዱ ወይ ኸዓ ካፍቶም ወለዱ ሓዲኡ ኣበጻእ ዝተወለዱ እዮም።

ብሃይማኖት፤ ብዘርኢ፤ ብዓሌትን ብማሕበረ ሰብ ዝተፈላለይ ሕሉፍ ታሪክ ዘለዎም ኣውስትራልያውያን፤ ብሓንሳብ ሓቢሮም ይነብሩ ኣለው።

## ንካፈሎም ጥቕምታት

ምንም እኳ ናይኣውስትራልያፈለስቲ ካብዝተፈላለዩ ናይ ባህልን ናይ ሃይማኖት ተመኩሮ ዝመጹ እንተኾኑ እውን፤ ኣብ ኣውስትራልያ ብዝተዋጸኣሉ ኩነታት ሰፊሮምን ምስቲ ሓፋሽ ሕብረተሰብ ብዝግባእ ተሰማሚዖም እዮም። ብኻልእ መልክዑ ኻዓ ኣውስትራልያ ብግዲኣ ኻዓ እቶም ፈለስቲ ብማሕበረሰብ፤ ብባህልን፤ ብኢኮኖሚን ብዝገበርዎ ኣስተዋጽኦ ማዕቢላ እያ።

ሕዚ፤ ብጣዕሚ ኣድለይቲ ካብዝኾኑ ናይ ኣውስትራልያ ማሕበረ ሰብ መልኽዓት ሓዲኡ ናይቲ ህዝቢ ናይ ባህሊ ሕውስዋስ ጥራሕ እንተይኾነስ፤ ካብኩሉ ንላዕሊ ብዘደንቕ ብዘተኣሳስረናን ንኣውስትራልያ ንንገብሮ ንባዕልኻ መግዛእቲ እዩ። ኣውስትራልያውያን ብጉርብትና ሓቢርኻ ንምንባር በቲ ዘለዎም ድልየት ምኽንያት፤ ናይ ብሕቲ ኣፈላልዮኦም ንጎኒ ንምግዳፍ መሪጾም እዮም።

ናይ ኣውስትራልያ ህግታት ብዝፈቕዶ መሰረት፤ ኩሎም ኣውስትራልያን ብህሎምን እምነቶምን ናይ ምግላጽን ኣብ ኣውስትራልያ ብሄራዊ ህይወት ንምስታፍ መሰሎም ዝተሓለወ እዩ። እዚ ብዝኾነሉ እዋን፤ ነንሕድሕዱ ግለሰብ ናይኣውስትራልያ ናይ ናብራ ኩነታት ብዝድግፍ፤ ኣፍቲ መእተዊ ንዝተዘርዘሩ መግለጽታትን እንካፈሉ ጥቕምን ምኽባር ይሕለዎም እዩ።





## ባዕላ ዝኽኣለት ሃገር

ኣውስትራልያ ባዕላ ዝኽኣለት ተረር እኮኖሚ ዘለዋ ንወጻኢ እተምልከት ሃገር እያ። ዲሞክረሲ ዘ ለዎም ትካላት፣ ናይ ባህሊ ምትሕውዋስን፣ ብዓለም ለኸ ደረጃ ኹነ በቲ ኸባቢ ንዝግበር ሃናጻይ ኣብ ናይ ዓለም ጉዳያት በቲ እትገብር ምክፋል ኣርእያ እያ።

ብጣዕሚ ንቑሑን ምብርታዕ ንዝጥይቕ ናይ ዓለም ለኸ ከባቢ፣ ናይ ዓለም ለኸ ሓላፍነት ከይረሰዐት፣ ኣውስትራልያ ብክልተ ጉድኒ፣ ዞባዊን፣ ብዙሕ ወገን ዘለዎ እስትራተጂን ብምግባር ብሄራዊ ጥቅማ ንምክያድ ትጽዕር እያ።

## ተረር ኢኮኖሚ

ኣውስትራልያ ተረር ዕዳጋ መሰረት ዝገበረ፣ ተዓጻፊ፣ ተወዳዳራይ ሃፍቲ ኣለዋ። ዝተረጋገፀን ንናይ ንግዲ ስራሕ ሓቂ ዝህብን ናይ ዓለም ለኸ ሃፋትም ዝጋብዝ ዘመናዊ ትካላት ኣለዋ።

ኣውስትራልያ ናይ ውሽጢ ዓድን ናይ ዓለም ለኸ ምጉዕዓዝ ስርዓት፣ ንናይ ዓለም ደረጃ ዝሓለወ ናይ መረዳእታን ናይቴሌኮሚኒኬሽን ቴክኖሎጂ፣ ብርክት ዝበሉ ቋንቋታት ዝዛረብን ክብ ብዝበለ ደረጃ ዝሰልጠነ ናይ ሰብ ሓይሊ ከምኡ'ውን ናይ መቆጻጸሪ ስርዓት ዘለዋ፣ ቀንዲ ናይቲ ከባቢ ናይ ገንዘብ ማእኸል እያ። ናይ ኣውስትራልያ መቀያየሪ ስቶክ 'Stock Exchange' ናይቲ ዕዳጋ መዋዕለ ንዋይ ብዝምልከት፣ ኣብ ዓለም ብሻምንየ ብርኪ ዝሓዘ መቀያየሪ እዩ።

ኣውስትራልያ ኣብ ዓለም ቀንዲ ነጋዲት ክትከውን እንተላ ብኽልተ ወገን ማለት ኸዓ ብኣቕርቦትን ኣገልግሎት ብምሃብን ካብ $400 ቢሊዮን ዶላር ንላዕሊ ንዝገመት ናብ 1 ካብ ሚኢቲ ንዝኾውን ናይ ዓለም ዕዳጋ ሒዛ እያ። ጃፓን እታ ዘዓበየት ናይ ኣውስትራልያ ናይ ንግዲ ሽሻርኽቲ ክትከውን እንተላ፣ ቐጺላ ኸዓ ቻይና፣ ሰሜን ኣሜሪካ፣ ሲንጋፖር፣ ዩናይትድ ኪንግዶምን ናይ ኮሪያ ሪፓብሊክ ይርከብሉ እዮም።

## ናይ መረዳእታ መስመራት

- ናይ ኣውስትራልያ ናይ ስታትስቲክ ቤት ጽሕፈት Australian Bureau of Statistics www.abs.gov.au
- ናይ መንግስቲ ኣውስትራልያ ሓበሬታ ወሃባይቲ መገልገልቲ Australian Government information and services www.australia.gov.au
- **ናይ ኣውስትራልያ መንግስቲ ናይ መናፈሲን ናይ ባህሊ በርን** 'Australian Government Recreation and Culture Portal www.cultureandrecreation.gov.au
- ናይ ወጻኢ ጉዳይን ናይ ንግድን ቤት ጽሕፈት 'Department of Foreign Affairs and Trade' www.dfat.gov.au/geo/australia

## ሓቂን ቁጽርን

| ብሄራዊ ርእሰ-ኸተማ | ካንበራ |
|---|---|
| ናይ መሬት ስፍሓት<br>ናይቲ ቀንዲ ዓዲ ናይ ከባቢ ገምገም ባሕሪ<br>ናይ ገምገም ባሕሪ ወደብ ወሲኹ | 7.74 ሚሊዩን ስኴር ኪሎ ሜትሮ<br>35877 ኪሎ ሜትር<br>59736 ኪሎ ሜትር |
| ናይ ማሕረስ መሬት ካብ ሚኢቲ | 6 ካብ ሚኢቲ |
| ናይ ህዝቢ ብዝሓት | 21 ሚሊዮን |
| ኣብ ወጻኢ ዝተወለደ ናይ ህዝቢ ብዝሓት | ናብ 22 ካብ ሚኢቲ |
| ቋንቋ | እንግሊዝኛ |
| ኣብ ገዝኦም ካልእ ቋንቋ ዝዛረቡ ካብ ሚኢቲ | 15 ካብ ሚኢቲ |
| ገንዘብ | ናይ ኣውስትራልያ ዶላር (A$) |
| ቀንዲ ናይ ንግዲ ሽርካ | ጃፓን፤ ቻይና፤ ሰሜን ኣሜሪካ፤ሲናፖር፤ ዩናይተድ ኪንግዶም፤ ናይ ኮርያ ሎፓብሊክ |
| ናይ ሰራሕተኛታት ሓይሊ | 10.28 ሚሊዮን |
| ናይ ሰዓት ኣቆጻጽራ- ኣውስትራልያ ሰለስተ<br><br><br>ናይ ብርሃን ዕቐባ ( ፍሉጥ ሰዓት + 1) | ምስርቅ፤ GMT +10<br>ማእኸላይ፤ GMT +9.5<br>ምዕራብ፤ GMT +8<br>ናይ ብርሃን ዕቀባ ሰዓት ዝኽበሮ፤ ኣብ ኒው ሳውዝ ዌልስ፤ ደቡብ ኣውስትራልያ፤ ታዝማኒያ፤ ቪክቶሪያን ምዕራብ ኣውስትራልያ፤ ካብ ኦክቶበር መጀመርያ ወይ ኸዓ መወዳእታ ስካብ ማርች መወዳእታ። |
| **ቁልፊ መዓልትታት**<br>ብሔራዊ መዓልቲ- ናይ ኣውስትራልያ መዓልቲ<br>ፋሲካ<br>ናይ ኣንዛክ መዓልቲ<br>ናይ መዘከርታ መዓልቲ<br>ናይ ጌታ ልደት | <br>26 ጃንዋሪ<br>በብ ዓመቱ፤ ናብ ማች መወዳእታ ወይኸዓ ኤፕሪል መወዳእታ።<br>25 ኤፕሪል<br>11 ኖቬምበር<br>25 ዲሰምበር |





# ብሄራዊ ምልክታት

## ናይ ኣውስትራልያ ሽም

ኣውስትራልያ ንዝብል ሽም ዝተረኸበ ካብ ላቲን ፊደላት ክኸውን ' ኣውስትራሊስ' *Australis* ካብ ዝብል ቓል እዩ። ንሱ ኻዓ ' ናይ ደቡብ' ' of the south' ከም ማለት እዩ። ንዓመታት ዘኣክል ከምቲዝበሃሎ ሰለስተ ዘይፍለጡ ዓበይቲ ናይ ደቡብ መሬት- ቴራ ኣውስትራሊስ ኢንኮግኒታ- ክምዘሎ ይንገር ነይሩ። እዚ ይ ኣገላልጻ ናይቲ ከባቢ ምድህሰሳ ብዝተመልከተ ንምጽሓፍ ኣብ ጥቕሚ ዊዒሉ እዩ።

' ኣውስትራልያ' ንዝብል ሽም ማቲው ፍሊንደርስ ዝበሃል ውልቀ ሰብ ኣብ ኣውስትራልያ ገምገም ዙሪያ እንዳተንዓዘ እንተሎ ' ናይ ቴራ ኣውስትራልያ ጉዕዞ' ' *A Voyage to Terra Australis*' ዝብል ጽሑፉ ብ 1814 ምስኣውጸኡ ብሰፊሑ ተቐባልነት ክረክብ ጀሚሩ። ፍሊንድረስ ' ኣውስትራልያ' ንዝብል ሽም ተጠቒሙ። ብ 1824፤ ናይ ብሪቲሽ ኣድሚራሊቲ እታ ዓዲ ' ኣውስትራልያ' ተባሂሉ ንኽጽዋዕ ተሰማሚዑ።

## ናይ ኣውስትራልያ ባንዴራ

ናይ ኣውስትራልያ ባንዴራ ናመጀመሪያ እዋን ዝተውለብለቦ ኣብ ሜልበርን ብ 3 ሴፕተምበር 1901 እዩ ነይሩ። እቲ ባንዴራ ብድሕሪቱ ጽልም ዝበለ እንትኾን እነሉ፤ ብጸጋምዩ ጎኑ ልዕል ኢሉ ኣፍቲ መኣዝን ኻዓ ዩሊየን ጃክ ኣለዎ። እዚ ይ ዝኾነሉ ምኽንያት ኻዓ፤ ኣብ ኣውስትራልያ ናይ ብሪትሽ ሰፈራ ንኽፍለጥ ዝተገበረ እዩ።

እቶም ሓሙሽተ ናይ ደቡብ መስቐኛ ኮንሰትሌሽን ኮኾብ ኻዓ ኣውስትራልያ ብደቡብ ሄመስፈር ንዘለዋ ናይ ጂኦግራፊ ቦታ ይውክል። ብ 1908 ሽዱሽቲኦም ክፍለ ሃገራት ዘውክሎ ባዓል ሽዱሽተ -ጫፍ ኮኾብ ብባዓል ሸውዓተ ኮኾብ-ጫፍ ተተኪኡ እዩ። መበል ሻውዓይ ናይ ኾኸብ-ጫፍ ነቶም ግዝኣታት ይውክል።

ነንሕድሕዶም ክፍለሃገራትን ግዝኣትን ናይብዕልቶም ባንዴራ ኣለዎም።

## ናይ ኮመንዌልዝ ናይ መፍለይ ኣርማ



ናይ ኮመንዌልዝ እቲ ስልጣኑ ንምፍላይ ዝጥቀመሉ መፍለይ ኣርማ፤ 1912 ብንጉስ ጆርጅ ሓምሻይ ዝተኸበረ እዩ። ሽድሽቴኦም ክፍለ ሃገራት ዘውክል ጋሻን ከባቢኡ ዝተገበሮ መልክዕ ኻዓ ናይ ሓደ መንግስቲ ዓዲ ምኳን የመልክት። ብድሕሪቱ ዝመስሎ ብተወሳኺ ናይ ኣውስትራልያ ወርቂ ዋትል፤ ( ናይ ኣውስትራልያ ናይ ኣበባ ኣርማ) ካንጋሩን ኢምዩን ይውስኽ።

## ብሄራዊ ሕብርታት

ካብ ኤፕሪል 1984 ጀሚሩ ቆጻልን ወርቃዊ ሕብርን ናይ ኣውስትራልያ ብሄራዊ ሕብርታት እየን።

## ዕምበባዊ ምልክት

**ካብ ኦገስት** 1988 **ጀሚሩ፤ ወርቃዊ ዋትል** '*Acacia pycnantha*' ናይ ኣውስትራልያ ናይ ዕምበባ ምልክት እዩ።

## ብሄራዊ ክቡር እምኒ

ብ 1993 ኦፓል ዝተባሃለ ዝኸበረ እምኒ ናይ ኣውስትራልያ ብሄራዊ ዝኸበረ እምኒ ንኽኸውን ተወሲኑ።

## ናይ ንዋያት ናይ መፍለይ ምልክት

ብዙሓት ሰባት ንካንጋሩ ከም ናይ ኣውስትራልያ ብሄራዊ ናይ ንዋያት ናይ መፍለይ ምልክት ጌርም ይቖጽርዎ፤ ይዅን ደኣምበር ብፉሉጥ ኮይኑ ዝተዘረበ ነገር የለን።

## ብሄራዊ መዓልቲ

ናይ ኣውስትራልያ መዓልቲ በብዓመቱ ብ 26 ጃንዋሪ እቲ ጠቕላሊ ሚ ገዛኢ ኣርተር ፊሊፕ ብ 1788 ኣብ ሲዲኒ ኮቭ ዘዓረፈሉ ዓመት በዓል ንምዝካር ይኽበር እዩ።

## ብሄራዊ መዝሙር

'ኣድቫንስ ኣውስትራልያ ፌር' 'Advance Australia Fair' ዝበሃል ብሄራዊ መዝሙር ዝተወሃሃደ ብ 1878 ብፒተር ዶድስ ማኮርሚክ እንትኸውን፤ ናይ ብሄራዊ ቅኒት ዝኾነሉ ኻዓ ብ 1970 ናይ መወዳእታ ከብቢ እዩ ነይሩ። ናይ ኣውስትራልያ ብሄራዊ መዝሙር ኮይኑ ዝተኣወጀልኡ ኻዓ ብኤፕሪል 1984 እዩ።

እቶም ቃላት ኸዓ ዞም ዝስ'ዕቡ እዮም።

*Australians all let us rejoice,*
*For we are young and free;*
*We've golden soil and wealth for toil;*
*Our home is girt by sea;*
*Our land abounds in nature's gifts*
*Of beauty rich and rare;*
*In history's page, let every stage*
*Advance Australia Fair.*
*In joyful strains then let us sing,*
*Advance Australia Fair.*

*Beneath our radiant Southern Cross*
*We'll toil with hearts and hands;*
*To make this Commonwealth of ours*
*Renowned of all the lands;*
*For those who've come across the seas*
*We've boundless plains to share;*
*With courage let us all combine*
*To Advance Australia Fair.*
*In joyful strains then let us sing,*
*Advance Australia Fair.*

## ናይ ኣውስትራልያ ክብርን ሽልማትን

ናይ ኣውስትራልያ ፍሉይ ናይ ክብሪ ስርዓት ብ 1975 ናይ ኣውስትራልያ ኦርደር Order of Australia, እንትፍጠር ተጀሚሩ። እዚውን ዝኾኖ ላዕላዋይ ብሄራዊ መገልገላይን ሰብኣውነት ንኽፍለጥ ዝተወሃበ እዩ። ብተወሳኺ እውን ናይ ኣውስትራልያ ናይ ጀግንነት መዳልያ Australian Bravery Decorations ናይ ብሄራዊ መዳልያ National Medal ይህብ።

ናይ ኣውስትራልያ ሽልማት ስርዓት ካብ ድጋፍ ናጻ ወይ ኻዓ ናይ ፖለቲካ ተጽእኖ የብሉን። ኣፍቲ ሕብረተሰብ ምእኽል ዝርከብ ዝኾነ ይኹን ግለሰብ፤ ነቲ ሽልማት ዝኾነ ናይ ኣውስትራልያ ዜጋ ክጥቀም ይኽእል እዩ። ናጻ ዝኾነ ካውንስል እቲ መረጻ የካይዶ።

እቲ ሽልማት ንኽውስን ይሕግዞ እዩ። ንምብርትታዕን ናይ ብሄራዊ ተስፋ የትርሮ፤ ኣርኣያ ናይምኂን ግደ ክጻወቱ ንዝኽእሉ ዓይነት ዘለዎምን መደበኛ ጉዳያትን ንምፍላይ ይሕግዝ። ኣውስትራልያ እቲ ሽልማት እትህቦ፤ ክእለቶም ኩሉ ንምግባር ዝሽኣሉን ንካለኦት ንምሕጋዝ ለውጢ ዘምጽኡ ኩሎም ንምኽባር፤ ዝተፈለጡ ንምግባርን ነመስግነኩም ንማለት እውን እዩ።

### ናይ ሓበሬታ መስመራት

- ናይ ኣውስትራልያ ናይ ክብሪ ሽማትን ምልክታትን www.itsanhonour.gov.au
- ናይቲ ጠቕላላይ ሚኒስተር ናይ ክቢኔት ቤት ጽሕፈት www.dpmc.gov.au


DARWIN
NORTHERN TERRITORY
QUEENSLAND
WESTERN AUSTRALIA
BRISBANE
SOUTH AUSTRALIA
NEW SOUTH WALES
PERTH
SYDNEY
ADELAIDE
CANBERRA
ACT
VICTORIA
MELBOURNE
TASMANIA
HOBART

# እታ ዓድን ህዝባን

ኣውስታልያ ብጣዕሚ ዝተፈለየትን ብሙሉእ ኣረኣእያ ዝተመልኣት መሬት እያ።

ናይ ኣውስትራልያ ኣብ ርሑቕ ዝርከብ ናይ ማእኸላዊ ኽፍሊ፤ ብተለምዶ 'ኣውትባክ' ‘outback’ እንዳተባህለ ዝጽዋዕ ከባቢ ናይ ኣውስትራልያ ኣድላይን ናይእ ጽውጽዋይ ኣካል እዩ።

እንተኾነ'ግዳ 75 ካብ ሚኢቲ ዝኾውን ካብ 21 ሚሊዮን ናይ ኣውስትራልያ ህዝቢ ማእኸል ዝነብር ኣብ ከተም እዩ። ብሕልፊ ኻዓ ኣብተን ቀንዲ ከተማታትን ልሙዕ ዝኾነ ብምስርቕ ገምገም ባሕሪ ሜዳታትን ኣብ ደቡብ ምስራቕ ናይ ገምገም ባሕሪ ከባቢ ይነብሩ።

ኣውስትራልያ መብዛሕትኡ እዋን ከም 'መንእሰይ' ዓዲ እያ ትረኣይ። ይኹን ድኣ ምበር ከም ኩሉ ኣብ ዓለም ዙርያ ከምዝርከቡ ካልኦት ዓድታት ናይ ምንባር ዕድመ እንትመሓየሽ ናይቶም ኣረግቶት ሰባት ቁጽሪ እንደዓበየ እዩ። ዕድሚኦም 65ን ክብኡ ንላዕሊ ዝኾኑ ናይ ነበርቲ ቁጽሪ ብ 2005 ናብ 13.1 ካብ ሚኢቲ ዝነበረ ብ 2050 ናብ 25.7 ከም ዝውስኽ ተገሚቱ እዩ።

### ኣውስትራልያናት ብ'ኽፍለሃገርን ብግዝኣትን ኣበይ ከምዝነብሩ

| ክፍለ ሃገርግዝኣት | ናይ ህዝቢ ቑጽሪ<br>( ብሚሊዮን) | ቐንዲ ከተማ | ናይ ቐንዲ ከተማ<br>ናይ ህዝቢ ቁጽሪ<br>(ብሚሊዮን) |
|---|---:|---:|---:|
| ኒው ሳውዝ ዌልስ | 6.55 | ሲድኒ | 4.12 |
| ቪክቶሪያ | 4.93 | ሜልበርን | 3.59 |
| ኲንስላንድ | 3.90 | ብሪዝበን | 1.76 |
| ምዕራብ ኣውስትራልያ | 1.96 | ፐርዝ | 1.45 |
| ደቡብ ኣውስትራልያ | 1.51 | ኣደሌድ | 1.11 |
| ታዝማንያ | 0.48 | ሆባርት | 0.20 |
| ናይ ኣውስትራልያ ካፒታል ቴሪቶሪ | 0.32 | ካንቤራ | 0.32 |
| ኖርዘርን ቴሪቶሪ | 0.19 | ዳርዊን | 0.11 |

(ምንጪ፤ ናይ ኣውስትራልያ ናይ ስታትስቲክስ ቤት ጽሕፈት)

## ናይ ኣየር ጸባይ

ኣውስትራልያ ካብ ዓለም ንቕጽቲ ካብዘበሃላ ዓድታት ሓዲኣ እያ። መብዝሕትኡ ማእኸላይ ናይ ኣውስትራልያ ክፍሊ ለጥ ዝበለ ሜዳ ከምኡእውን መብዛሕትኡ ሰብ ዘይነብረሉ በረኻ እዩ።

እንተኾነ ግዳ ናይ ኣውስትራልያ መብዛሕትኡ ሰሜናዊ ክፍሊ ሙውቕ ናይ ኣየር ጸባይ ኣለዎ። ኲንስላንድ መብዝሕትኡ፤ ሰሜን ምዕራብ ኣውስትራልያን ኖርዘርን ቴሪቶሪ ኣፍቲ ማይ ዝወቕዐሉ እዋን፤ ማለት እውን ኣብ ጀንዋሪን ኣብ ማርችን ንፋስ እንዳተሓወሶ ማይ ይወቅዕ።

ከም ሓቂ እንድሕርደ'ኣ ኾይኑ፤ ኣውስትራልያ ብጣዕሚ ዓባይ ኣህጉር ስለዝኾነት ኩሉ ዓይነት ናይ ኣየር ጸባይ ትረክብ እያ። እዙይ ኸዓ በረድን ቑርን ከምኡ ኻዓ ብርቱዕ ሙቐት ይገጥማ እዩ።







እቲ ቁሪም ቦታታት ታዝማንያን በቲ ቐንዲ ናይ ኣውስትራልያ ናየቡብ ምስራቕ ጎቦታት ክፍሊታት ዘለው ቦታታት እዮም። ኣዝዩ ውዑይ ቦታ ኸዓ ማእኸላይ ምዕራብ ኣህጉር እዩ።

ናይ ኣውስትራልያ ናይቲ ዓመት ኩነታት ምስ ሰሜን ሄመስፌር ኣንጻር እዩ። ሓጋይ ካብ ዲሴምበር ክሳብ ፌብሩዋሪ፤ ካብ ማርች ክሳብ ሜይ፤ እቲ ክረምቲ ካብ ሰነ እስጋብ ነሓሰ ኸዓ ካብመስከረም እስጋብ ኖቬምበር እዩ።

ጁላይ ብገምጋም ቑሪም ናይ ኣየር ጸባይ ኣለዎ። ኣብ መብዛሕትኡ ደቡብ ኣውስትራልያ፤ ብማእኸይ ናይ መዓልታዊ ናይ ኣየር ጸባይ ብ 10 ን ብ 20ን ዲግሪ ሴልሲየስ (ብ 50ን ብ 68 ዲግሪ ፋራንሃይት) መንጎ እንትኸውን፤ ብሰሜን ሃሩር ቦታ ልዕል ዝበለ 20ን እቲ ዝተሓተ ኸዓ 30 ሴልሲየስ (ብ 70ን ብ 80ን ፋራንሃይት) ማእኸል እዩ። በቲ ከባቢ ገምገም ባሕሪ እቲ ናይ ኣየር ጸባይ ካብ ባዶ ንታሕቲ ዝኾኖ ብጣዕሚ ውሑድ እዩ። ይኹን ዳእምበር ብዙሓት ማእኸላይ ቦታታት ኣብ ክረምቲ እዋን እቲ ሌይቲ ኣስሓትያ ይወቕዖም። እቲ ጎቦታት ናይ ኣየር ጸባይ ኸዓ ብዙሕ እዋን ካብ 0 ዲግሪ ሴልሲየስ ( ካብ 32 ዲግሪ ፋራንሃይት) ብታሕቲ እዩ። ስለዝኾነ ኸዓ 1500 ሜትሮ ልዕል ዝበሉ ቦታታት ንብዙሕ ወርሒታት ብበረድ የሸፈኑ።

ብደቡብ ኣውስትራልያ ሙቐት ዘለዎም ወርሕታት ጃንዋሪን ፌብሩዋሪን እዮም። ይኹን ደኣምበር ኣፍቲ ሙቐት ዘለዎ ቦታታት ኔቬምበርን ዲሴምበርን ብጣዕሚ ዝሞቕሉ እዋን እዩ። እትው ኢሎም ዝርከቡ ቦታታት፤ ብገምጋም ናይቲ መዓልቲ ሙቐት ብኸባቢ 30 ዲግሪ ሴልሲየስ (80 ወይ ኸዓ 90 ዲግሪ ፋራንሃይት) እንትበጽሕ፤ ብምዕራብ ኣውስትራልያ ኣብ ሓደ ሓደ ቦታታት ኸዓ ናብ 40 ዲግሪ ሴልሲየስ (104 ዲግሪ ፋራንሃይት) ይጽጋዕ። ብደቡብ ገምገም ባሕሪ፤ በቲ ከባቢ ደጋን ኣብ ታዝምንያ ዝሕል ዝበለ እዩ። (ብ 20 ዲግሪ ሴልሲየስ ብ 70 ወይኸዓ 80 ዲግሪ ፋራንሃይት)።

### ናይ ሓበሬታ መስመር

- ናይ ሜትሮሎጂ ቤት ጽሕፈት Bureau of Meteorology www.bom.gov.au

## ከባቢ

ኣውስትራልያ ብጣዕሚ ዝተፈላለየ ናይመሬት ኣቀማምጣ ክህልዋ እንተሎ ብርክት ዝበሉ ዘደንቑን ብርቂ ዝኾኑን ተኽልታትን ንዋያትን ይርከባ። ስለዝኾነኸ'ዓ እዙይ ብርቅን ድንቅን ዝኾነ ከባቢን ሃብትን ከምኡ'ኸ'ዓ ናይተኽሊ ዘርኢ ንምሕላው ጻዕሪ ትገብር እያ።

ካብ 10 ካብ ሚኢቲ ብላዕሊ ዝኾነ ናይ ኣውስትራላያ ኣህጉር (77 ሚሊዮን ሄክታርል ዝኾነ) ዝተሓለወ እዩ። ብተወሳኺ 65 ሚሊዮን ሄክታር ናይ ባሕሪ ውሽጢ ከባቢታት ዝተሓለው እዩ። እዙይ እውን ካብ ሰሜን ኩንስላንድ ናይ ገመገም ባሕሪ ውጽእ ኢሉ ዝርከብ ናይ ግሬት ባሪየር ሪፍ ማሪን ፓርኪ ዝብሃል ከባቢ ይውስኽ እዩ።

ናይ ኣውስትራልያ ኣሰርተ ሸውዓተ ቦታታት ኣብ ዓለም ቅርሲ ተመዝጊቦም እዮም። ንሳቶም ከዓ ግሬት ባሪየር ሪፍ፤ ናይታዝማኒያ ጸምጸም በረኻ፤ ናይ ኩንስላንድ ዝናባዊ ትሮፒክስ፤ ናይ ካካዱ ሃገራዊ መናፈሻ፤ ኣብ ኖርዘን ቴሪቶሪ ዝርከቡ ናይ ኡሉ-ካታ ጁታ ሃገራዊ መናፈሻ፤ ናይ ሎርድ ሃው ወደብ ጉጅለን ናይ ማእኸላዊ ምስራቕ ኣውስትራልያ ዕቑር ናይ ማይ ዱር የጠቓልል።

### ናይ ሓበሬታ መስመር

- ጨንፈር ከባቢ ማይ ልምዓት 'Department of the Enviroment and Water Resources' www.environment .gov.au

## ቀዳሞት ኣውስትራልያናት

ኣብ ኣውስትራልያ ቀዳማዎት ነበርቲ ኣቦርጅንን ናይ ቶረስ ስትሬት ወደብ ህዝቢ እንትኾኑ፤ ቕድሚ 40 000 - 60 000 ዓመታት ኣፍታ ዓዲ ሰፊሮም ነይሮም።

ናይ ኣውሮፓውያን ሰፈርቲ ብ 1788 ክሳብ ዝመጽሉ እዋን ናይቲ ዓዲ ተወላዲ ዝኾኑ ኣውስትራልያናት ቁጽሪ ናብ 750 000 ይበጽሕ ከምዝነበረ ንዝግመት ህዝቢ ኣብ ምሉእ ኣውስትራልያ ይነብሩ ነይሮም።

ናይቲ ዓዲ ተወላዶ ዝኾኑ ኣውስትራልያን ፍሉይ ዝኾነ ናይ ባዕልቶም መንፈሳዊ እምነት ነይርዎም፤ እዙይ እውን እቲ መሬት ምኽባር፤ ሃፍታምን ዝተሓዋወሰ ባህልን ካብ ዓለም ብጣዕሚ ዝጸንሑ ዝበሉ ሓዲኡ ዝኾነን ኣብ ግብሪ ዝወዓለ ናይ ስነጥበብ ልምዲ ከምዘለዎም ይፍለጥ።

ናይ ኣነባብራ ፍልጠቶም፤ ናይ ባህሊ ልምዶምን ቋንቋኦምን ከምዝነብርሉ ኸባቢ ይፈላለይ። ናይ ኣውርፓውያን ሰፈርቲ ክሳብ ዝመጹ እዋን ካብ 700 ንላዕሊ ዝኾኑ ቋቋ ታትን ሓደ ዓይነት ዝኾነ ኣዘራርባ ዘለዎ ቋንቋ ብዘለዎ መተኣታተዊ ይዛረቡ ነይሮም።

ምንም እኳ ቅድም እንትብል ካፍቶም ናይ ብባሕሪ ከየድቲን ነጋዶን ርክብ እንተሃለዎም፤ ናይቲ ዓዲ ተወለድቲ ዝኾኑ ኣውስትራልያውያን ብእንትመዛዘን ናይ ኣውርፓውያን ሰፈርቲ ክሳብ ዝበጽሑሉ እዋን ምንም ኣይበጽሖምን ነይሩ።

ምስቲ ወዲ ዓዲ ተወላዲ ዝኾኑ ኣውስትራልያውያን ዝተገበረ ናይ ቀዳምይ ምስ ኣውርፓውያን ርክብ ንዝተለመደ ናይ ሂወት ኣነባብርኦምን ኣሰራርሐኦምን ስለተዛበዐ ብ 19 ቅድም ኢሉ ኻዓ ብመበል 20 ክፍለ ዘመን ናይቶም ተወለድቲ ቁጽሪ ብጣዕሚ ኣንቆልቍሉ ነይሩ።

ክሳብ 1960 ንተወለዲ ኣውስትራልያውያን ብህልን ታሪክን ወይ ኸዓ ስለ ናይ ዜግነት መሰል ይዥን ሓላፊነት፤ ብጣዕሚ ንእሽቶይ ወይ ኸዓ ምንም ዓይነት ፍልጠት ኣይተገበረሎምን ነይሩ። ንኣብነት፤ ነቶም ተወላዶት ክሳብ 1965 በቲ ሃገር ለኸ መረጻ ንኽሳተፉ ድምጾም ንኽህቡ ሳይተጋበዙን ነይሮም።

ይኹን ደኣምበር ብ 1967 ካብ 90 ካብ ሚኢቲ ዝ፣ዝኾነ ናይ ኣውስትራልያ ህዝቢ ብቤሄራዊ ብርኪ ብዝተገበረ ናይ ህዝቢ ውሳነ ንኣውስትራልያ መንግስቲ ናይ ኣቦርጅናል በዚ ጉዳይ እዙይ ብዝተመልከተ ህጊ ንኽሕልፍ ንኽኽእል ስልጣን እንትውሃቦ፤ ኣፍቲ ናይ ህዝቢ ቆጸራ ንኽኣትው ንኽግበር ፈቒዱ። ነቲ ናይ ህዝቢ ውሳነ ተወለድትን ተወለድትን ዘይኾኑ ኣውስትራልያውያን ብዝገበርዎ ክብ ዝበለ ወፈራ ውጽኢት እዩ። እዚ ውሳነ እዙይ መንግስቲ ኣውስትራልያ ናይቲ ዓዲ ተወላዲ ናይ ናብራ ኹነታት ንኽመሓየሽ ዝተወሃበ ተሪር መጠንቀቕታ እዩ።

ሎሚ ናይቶም ተወለድቲ ናይ ኣውስትራልያን ናይ ህዝቢ በዝሒ ናብ 483 000 ወይ ኻዓ -2.3 ካብ ሚኢቲ ካፍቲ ጠቕላላ ናይ ህዝቢ ብዝሓት ይበጽሑ ይኾኑ ተባሂሉ ይግመት። ናይቶም ተወለድቲ ባህሊ ብጣዕሚ ኣድላይ ካብ ዝኾኑ ናይ ኣውስትራልያ ብሄራዊ መፍለይ እንትኾን፤ ኣቦርጅንን ናይ ቶረስ ስትሬት ኣይላንደርስ ህዝብታት ብዝተፈላለየ መልክዑ ማለት ኻዓ ብስነጥበብ፤ ብናይ ብዙሓት መራኸቢ፤ ብምኡራት፤ ብስፖርትን ብንግድን ዘይነዓቕ ኣስተዋጽኦ ጌሮም እዮም።

ናይ መንግስቲ ኣውስትራልያ ሕጂ እውን ኣብ ሓደሓደ ከባቢ ነቲ ዝበጽሕ ሚዛናዊ ዘይኾነ ተግባር ንምዕጋት በቶም ተወለድቲ ሕብረተሰብ ዝምልከት ፖሊስን መደብን ብዝዳለውሉ እዋን ኣብ ላዕሊ ኮይኑ ይቆጻጸር። እዚ ተግባር እዙይ ጥዕና፤ ናይ መንበሪ ኩነታት፤ ትምህርቲን ስራሕን ዕድል ንምምሕያሽ ንዝገበር ጽዕረት ይሓውስ።

መንግስቲ ብተወሳኺ ናይቲ ዓዲ ተወላዲ ህዝቢ ናይ በዓልቶም ናይ ብሕቲ መሬት ንኽረኽቡ ወይኻዓ ዝጸንሐ ናያህሊ ምትእስሳር ዝገበርሉ ናይ ብሕቲ መሬት ወይከዓ ብማሕበር፤ ብባህልን ብኢኮኖሚን ንኽዓብዩ ዝረድኦም መሬት ንኽረኽቡ ብቕራጽነት ተላዒሎም። 16 ካብ ሚኢቲ ዝኾኑ ኣውስትራልያ በቲ ናይቲ ዓዲ ተወላዲ ቁጽሪ ትሕቲ ወይኻዓ ናይ ብሕቲ እዩ። መብዛሕትኡ መሬት ብጣዕሚ ኣብ ርሑቕ ከባቢ ዝርከብ እዩ።

## ናይ ሓበሬታ መስመር

- ጨንፈር ናይ ቤተሰብ፤ ናይ ሕብረተሰብ መገልገልቲን ናይ ደቂ ኣባት ጉዳይን
  ‘Department of Families, Community Services and Indigenous Affairs’ www.facsia.gov.au
- ናይ ኣውስትራልያ ኣቦርጅናልን ቶረስ ስትሬት ኣይላንደርስ ናይ ጽንዓት ተቛም
  ‘Australian Institute of Aboriginal and Torres Strait Islander Studies’ www.aiatsis.gov.au





## ፈለማ ኣውሮፓውያን

ብ 1600 መጀመርያ፣ ናይ ዳች፣ ናይ ፖርቲጋልን ናይ ስፓኒሽ መቕናዕቲ ዓዲ ኣፍቲ እዋኑ ቴራ ኣውስትራሊስ ኢንኮግኒታ 'Terra Australis Incognita' (ዘይተፈለጠ ናይ ደቡብ መሬት) ብምባል ንዝፍለጥ ናይ ኣውስትራልያ እተፈላለዩ ገምገም ባሕርታት ከምዝረኣዩ ኣፍሊጦም ነይሮም።

ብ 1770 ኻዓ፣ እንግሊዛዊ ጄምስ ኩክ፣ ባርኬ ኤንዴቨር ብዝተባህለት ናይታ ንግስቲ መርከብ እቲ ናይ ምስራቕ ናይ ኣውስትራልያ ገምገም ባሕሪ ብምስኣል ነታ ንግስቲ ዘውዲ ይግበኣኒ ኢሉ ነይሩ። ካብኡ ንደሓር ኻዓ ብሪታንያ ንገበነኛ ሓዲሽ ናይ ባዕዳዊ ግዝኣት ወሰነ ጌራቶ ነይራ።

ደቂ ኣውሮፓ ሰፈርቲ ዝጀመርሉ ብ 26 ጃንዋሪ 1788 እቶም ጀመርቲ 11 መራኽብ ሲዲኒ ሃርበር በጺሖም ነይሮም። እዚኦም ናይመጀመርያ እታ መርከብ ዝመርሑ ዝነበሩ ናይቶም ንጉሳት መርከብ ብዝነበረ ብኣርተር ፊሊፕ እንትኾን፣ ናብእታ ሓዳሽ ብዕዳዊ ግዝኣት ብግምት 1500 ሰባት፣ ምስ 750 ገበነኛታት ኮይኖም መጺኦም።

ፊሊፕ ኣብቲ እዋን እቲይ እቲ ቀንዲ ኣውስትራልያ እንትጽዋዕ ብዝነበሮ ሽሙ፣ ' ናይ ባዕዳዊ ግዝኣት ኒው ሳውዝ ዌልስ' 'colony of New South Wales' ናይ መጀመርያ ገዛኢ ኮይኑ።

ዘቕርብዎ መግብታት ስለዝነኣሶም፣ እቲ ናይ መጀመርያ ናይ ሰፈራ ዘበናት ምስ ጥሜትን ምስ ጸገምን ዝግበር ዝነበረ ኹናት ነይሩ። ብ 1792 ፊሊፕ እቲ ናይ ባዕዳዊ ግዝኣት ገዲፉ ብዝከደሉ እዋን፣ ናይ መጀመርያ ሰፈርቲ ዝነብርሉ ዝነበሩ ድንኳን ብዘይኾኑ ህንጻታት ክትክኡ ስለዝጀመሩ፣ ናይ መጀመርያ ዝኾነት ናይ ሲዲኒ ከተማ ምስረታ መልክዕ እንዳሓዘ መጺኡ ነይሩ።

ኣብ ውሑድ ዓመታት ውሽጢ፣ ሲዲኒ ብጣዕሚ ስራሕ ዝበዝሓ ወደብ እንዳኾነት ስለዝመጸት ካብ ሩሑቕ ዓዲ ማለት እውን ካብ ሩሲያ፣ ካብ ኣሜሪካን ካብፈረንሳይን ዝመጹ መርከበኛታት ይጉብንይዎ ጀሚሮም። ብ 1800 ሰፈርቲ ናብ ማእኸል ሃገር ፓራማታ እነፍኡ እንትኸዱ፣ ናይቲ ህዝቢ ብዝሓት ናብ 5000 በጺሑ ነይሩ።

ካብ 1810 እስጋብ 1821 ባዕዳዊ ግዝኣታ፣ ብናይ ኣውስትራልያ ቅድመ ታሪኽ ብጣዕሚ ዓብይ መራሒ ብዝነበረሉ ብሉክላን ማኳሪ ትግዛእ ነይራ። በቲ ናቱ ናይ ግዝኣት ዘመን ክብቶም ናይ ገበነኛታት ናይ ባዕዳዊ ኣገዛዝኣ ዘይኾነስ ሓይሉ ናፍቶም ሰፈርቲ እዩ ነይሩ። እንተኾነ ግዳ በቶም ገበነኛታት ጉልበት ዝተመስረተ ናይ ናጽ ንግዲ ምስግጋር ተጌሩ ነይሩ።

ብ 1820፣ 30 000 ገበነኛታትን 4500 ናጻ ሰፈርቲ ናፍቲ ባዕዳዊ ግዝኣታ መጺኦም ነይሮም። ባዕዳዊ ኣገዛዝኣኣ እንዳማዕበለት ምስከደት፣ ናጻ ሰፈርቲ ሕርሻን ንግድን ክምስርቱ ጀሚሮም። ምንም እኳ ገበነኛታት ቅድም ብዝበሉ ማዓልትታት ብዙዕ ስቓያት እንተተቐበሉ እኳ፣ ብብርቱዕ ስራሕን ብዝነበሮም ናይ ንግዲ ክእለትን ሞያን ምኽንያት፣ መብዛሕተኦም ቀስ ብቀስ ክብረት ኣትሪፎም እዮም። ካብ 1788 እስካብ 1868፣ 160 000 ዝበጽሑ ኣወዳትን ኣዋልድን ከም ገበነኛታት ናብ ኣውስትራልያ ተሰዲዶም ነይሮም።

ድሕሪ እቲ ሰፈራ ኣፍቲ ናይ መጀመርያ ዘበናት ስለ ናይ'ቲ ዓዲ ማእኸል ዓዲ ወይኸዓ- ብጣዕሚ ገፊሕ ስለዝኾነ ናይ ገምገም ባሕሪ ክሳብ ክንፍቱይ ኣይፍለጥን ነይሩ። ንሕርሻን ነኣብጊዕ ዝኾውን ሰውሒ ከምኡ ኻዓ ሓደሽቲ ናይ ማይ ፈለግ ክልእ ናይ ሰፈራ ቦታ ንምርካብ ክብ ዝበለ ድፍኢት ነይሩ።

ብዙሓት መቕናዕቲ ዓዲ ብጣዕሚ መሽገርን ሓደገኛን ንዝኾነ ናይ ዓዲ መቕናዕቲ ስራሕ ብሰሜንን ብደቡብ ናይ ውቅያኖስ ጸግዓጸግዑ ብምኽታል፣ ከምኡውን ብምዕራብ ናብ ማእኸል ሃገር ብምእታው፣ ግሬት ዲቫይዲንግ ሬንጅ 'Great Dividing Range' ብምባል ንዝጽዋዕ ናይ ጎቦ መስመር ንምቁራጽ ዘዔ ይፍሕትሩ ነይሮም። ጽንሕ ኢሉ ኻዓ ሓደሓዲኦም ናፍቲ ዘየዕቑብ ናይ ኣውስትራልያ ውሽጣዊ ዞባ፣ ናይ ጎልጎል ናልቦ፣ እቲ ማእከላይን ናይ ሰሜን ምዕራብ ክፍሊ ወሲኹ፣ ንሽቕንዑ ከይዶም ነይሮም። መብዛሕተኦም ሂወቶም ሲኢኖም እዮም።

በቶም ዝኽተሉ ሰለስተ ዓሰርተ ዓመታት፣ ሰፈርቲ ናይ ማእኸል ዓዲ መቕናዕቲ ሃገር ፈለግ ብምኽታል ብትንትን ኢሎም ሰብ ክነብረሉ ዘይኽእሉ ናይቲ ኣህጉር ቦታታት ብምሓዝ ምስፋር ጀሚሮም። ብ 1825 ቫን ዲመንስ ላንድ (ታዝማንያ) ዝተፈለየት ናይ ባዕዳዊ ግዝኣት ኮነት። ከምኡ ኻዓ ሓደሽቲ ናይ ሰፈራ ቦታታት ሕጂ ኵንስላንድ፣ ቪክቶሪያ፣ ደቡብ ኣውስትራልያን ምዕራብ ኣውስትራልያን ኣብ ዝበሃሉ ክፍለ ሃገራት ተመስሪቶም።

ናይ ሱፍ ፋብሪካ ዕብየት ምርኣይ ብ 1851 ብኒውሳውዝ ዌልስን ቪክቶሪያ ናይ ወርቂ ምርካብ ናጻ ሰፈርቲ ናብ ኣውስትራልያ ንኽመጹ ዓብይ ኣስተዋጽኦ ጌሩ እዩ።

ናይ ኣውስትራልያ ብጠቕላላ ናይ ህዝቢ ብዝሒ ብ 1851 ካብዝነበሮ 430 000 ብሰለስተ ዕጽፊ ብምውሳኽ ብ 1871 ናብ 1.7 ሚሊዮን ዓቢይ ነይሩ። ካብዚ ውሽጢ እዙይ መብዛሕተኦም ሓደሽቲ ዝመጹ ደቂ ብሪጣንያ እንትኾኑ፤ ካለኦት ዓድታት ኸዓ ከም ኣሜሪካ፤ ፈረንሳይ፤ ጣልያን፤ ጀርመን፤ ካብ ፖላንድን ካብ ሃንጋሪን ዝመጹ ህዝብታት እውን ነይሮም እዮም። ናብ 40 000 ዝኾኑ ወርቂ ንምድላይ ዝመጹ ደቂ ጫይና- ካብ ብሪጣንያ ቀጺሎም እቶም ዘዓበዩ ናይ ሰፈርቲ ቑጽሪ እዮም ነይሮም።

## ናይ ሃገር ምውላድ

ቅድም እንትብል ናይ ኒው ሳውዝ ዌልዝ ብዕዳዊ ጋዝኣት ብምስራች ዝርከብ ኣህጉር መብዛሕትኡ ይሕዝ ነይሩ። እቶም ቀዳመወት ሰፈርቲ ምፍላይ እንትጀምሩ፤ ቀስ ብቐስ ክልኦት ካልኦት ባዕዳዊ ጋዝኣታት እውን ክምስረታ ጀምረን።

ብ 1852 ነተን ሓደሽቲ ግዝኣታት ናይ ባዕልተን መንግስቲ ተዋሂብወን ነይሩ። ይኹን ደኣምበር ነንሕድሕዱ ባዕዳዊ ጋዝኣት ናይ ባዕሉ ዝኾነ ናይ መከላኸሊ፤ ናይ ፖስታ ናይ ንግድን ናይ መጓዓዝ ስርዓት ስለዝነበሮም፤ እቶም ህዝቢ ኣፍቶም ሰፈርቲ ማእኸል ልዕል ብዝበለ ብርኪ ክኑብር ዝግበኦ ምትሕብባር ክውስኽ ክምዘለዎ እንዳተፈለጠ መጺኡ ነይሩ። ብእኡ መጠን ኸዓ፤ ናይ ዓዲ ምፍታው ስምዒት እንዳዓበየ መጺኡ ነይሩ።

ብ 19 ሚኢቲ ዓመት መወዳእታ፤ ናይ ህዝቢ ኩርዓትን ናይ ኢኮኖሚ ዕቤትን እንዳለዓለ መጺኡ ነይሩ። ናይ መጀመሪያ ናይታ ዓዲ ናይ ባቡር ሃዲድን ናይ ኤሌክትሪክ ቴሌግራም ኣብ ሜልበርን ተጀሚሩ። ኣብ ሲዲኒን ኣብ ሜልበርንን ዩኒቨርሲቲ ተኸፊቱ፤ ብተወሳኺ እውን ብጣዕሚ ዘደንቑ ህንጻታት ተሰሪሑ።

ክልተ ተወሰኽቲ ነገራት ኣውስትራልያ ከም ሓደ ነጻ ዓዲ ንኽትከውን ኣስተዋጽኦ ጌረን እየን። እቲ ናይ መጀመርያ መርከብ ካብ ዝዓረፈሉ እዋን ጀሚሩ ካብ 80 ዕመታት ንደሓር፤ ብ 1870 ናይ መወዳእታ ናይ ብሪቲሽ ወተሃደራት እታ ዓዲ ገዲፎም እንትወጹ። ብተወሳኪ እውን ናይ ሱዊዝ ካናል ምኽፋት ናይቲ ርሕቐት ኣጸጋሚ ኩነታት ’tyranny of distance’ ብምቕላሉ ምኽንያት ካብ ኣውሮፓ ናብ ኣውስትራልያ ንዝመጹ ሓደሽቲ ሰፈርቲ ንኽውስኽ ዕድል ከፊቱ። ብ 1880 ናይ ኣውስትራልያ ናይ ህዝቢ ብዝሒ ናብ ክልተ ሚሊዮን ዓብዩ ነይሩ።

ብ 1890 ድርቅን ናይ ኢኮኖሚ ዕንወትን ቅድሚ ምብጽሑ፤ ናይታ ዓዲ ብኢኮኖሚ ምህፍታም ቐጺሉ ነይሩ። ንኒው ሳውዝ ዌልስ ናይ ህጊ ቤት ምኽሪ ኣፈ ጉባኤ ንዝነበሩ ኤድመንድ ባርተንን ካልኦት ግለሰባትን፤ እቲ ናይ ኢኮኖሚ ምውራድ፤ ንግድን፤ ብሓፈሽኡ መምርሒታትን ብዝተመልከተ ንሙሉእ ኣውስትራልያ ዘገልግል መፍትሒ ንምምጻእ፤ ብሄራዊ መንግስቲ የድሊ እዩ ንዝብል እምነቶም ኣጥንኪርሎም ነይሩ።

ብ 1898ን ብ 1900 ማእኸል፤ ናይኣውስትራልያ ህዝቢ ፌደሬሽን የድልይ ኢሉ ድምጺ ስለዘሃበ፤ ናይኣውስትራልያ ኮመንወልዝ ብ 1 ጃንዋሪ 1901፤ ሽዱሽቴኦም ክፍለ ሃገራት ብሓደ ህገ መንግስቲ ንምምሕድዳር ብፌደሬሽን ተዋሃሂዶም። እቲ ፌደሬሽን ምስተገብረ ናይቲ ዓዲ ተወላዶት ዘይኾኑ ናይ ህዝቢ ብዝሒት 3.8 ሚሊዮን ነይሩ።

ናይ ኣውስትራልያ ናይ መጀመርያ ጠቕላሊ ሚኒስተር፤ ኣብ ኒው ሳውዝ ዌልስ ናይቲ ምሕባር ምቅስቃስ እንትመርሕ ንዝነበረ ኤድመንድ ባርተን ነይሩ። ናይቲ ዓዲ ናይ መጀመርያ ፓርላማ፤ ብ 9 ሜይ 1901፤ ኣብ ሜልበርን ናይ ኤግዚቢሽን ፎቕ ተኸፍተ።

ናይታ ሓዳሽ ሃገር መሰረቲ ኣውስትራልያ ዝተዳለወት፤ ዝተወሃደትን ማዕርነት ዝሰፈና ሃገር ንኽትከውን ይደለዩ ነይሮም። ናይ ሰባት መሰል፤ ናይ ዲሞክራሲ ኣከያይዳ ምሕላውን ብምስጢር ድምጺ ምሃብን ብዝተመልከተ ዝጋሳይ ሓሳብ ነይርዎም።

ናይ ደቂ ኣንስትዮ መሰል ምኽባርን ኣብ ፓርላማ ንኽቕመጡ ዝነበረት ናይመጀመርያ ዓዲ ኣውስትራልያ እያ። ደቡብ ኣውስትራልያ እዚ ናይ ደቂ ኣንስትዮ መሰል ዘኽበረቶ ብ 1895 እዩ ነይሩ። ኩሎም ናይ ኣውስትራልያ ኣንስቲ ናይ ምምራጽ መሰሎምን ኣብ ፓርላማ ናይ ምቕማጥ መሰሎም ዘኽበሩ ብ 1902 ነይሩ።





ናይ ፌደሬሽን ጽልዋ ትስፍውነት ጋህዲ ኮይና ካብ 1901 ጀሚሩ ክሳብ ቀዳማይ ናይ ዕለም ውግእ ዝተገብረሉ 1914 እዋን ናይ ኣውስትራልያ ኢኮኖሚ ንምዕባይ ብዙሃት ምዕባላ ስጉምቲ ከምዝወሰዱን፤ ብሕልፊ ኻዓ ኣብ ሕርሻን ስንዐ ስራሕቲን ዓብይ ውጽኢትን ከምዝተረኽበሉ ኣዚዩ ይፍለጥ እዩ።

ያስ - ብምባል ንዝፍለጥ ከባቢ ካንቤራ ብ 1908 ናይ ብሄራዊ ቀንዲ ከተማ ንኽኸውን ተመሪጹ ነይሩ። ናይቲ ቀንዲ ከተማ ቦታ ምስተመረጸን ኣብ ስምምዕነት ምስበጽሑ፤ ብ 1911 ዓለም ለኸ ናይ ንድፊ ቕድድም ተጌሩ ነይሩ። ካብዝቐረቡ 137 ተቐዳደምቲ ማእኸል፤ ናይ ችካጎ መሃንዲስ ናይ ዋልተር በርሊ ግሪፈን ተመሪጹ ነይሩ። ብ 12 ማርች 1913 ካንቤራ ብግልጺ ኮይና ተሸይም።

ናይቲ ፓርላም ቤት ምኽሪ ብእዋናውነት ንኽግልገል ኮይኑ፤ ብ 28 ኦገስት 1923 ኣብ ካንቤራ፤ ግሪፈን ቀንዲ ቤት ምኽሪ ንኽስርሓሉ ሓሳብ ክብዘቕረበሉ ቦታ ትሕት ኢሉ ኣብ ዝርከብ ቦታ ተጀመረ። እቲ ፓርላም ንመጀመርያ እዋን ዝተቐመጠሉ፤ ንይ መኽፈቲ ኣከባብራ ወሲኹ፤ ብ 9 ሜይ 1927 ነይሩ።

## ናይ ኵናት ተጽእኖ

ምንም እኳ ኣውስትራልያ ከም ሓደ ሃገር ናጽነታ ትርከብ እምበር፤ ምስ ብሪታንያ ዘሎ ዝጠንከረ ናይ ምቡቕዓቕን ናይ ቤተሰብ ርክብን ከምዘሎ እንዳቐጸለ እዩ። ብሪታንያ 1914 ንቤልጅግ እንተትወርር እንተላ ምስ ጀርመን ኻዓ ኵናት እንተትእውጅ፤ ኣውስትራልያ ምስ ብሪታንያ ብምሕባር ድጋፋ ትህብ ነይራ።

ናይ መጀመርያ ናይ ዓለም ኵናት ኣብ ኣውስትራልያ ዓብይ ተጽእኖ ጌሩ ነይሩ። ብ 1914 ብጠቕላላ ናይ ኣውስትራልያ ናይ ህዝቢ ቑጽሪ ብግምት 4.5 ሚሊዮን ይበጽሕ ነይሩ። እዚይ እንተኾን ግና ናይ ኣወዳት ቑጽሪ ምናልባት ካብ ሰለስተ ሚሊዮን ዝነኣሰ ነይሩ። ይኹን ደኣምበር 417 000 ናይ ኣውስትራልያ ኣወዳት ንኽዘምቱ ፍቓደኛታት እንተኾኑ፤ 330 000 ዝኾኑ ኻዓ ናፍቲ ጦርነት ዘሚቶም እዮም። እቲ ጦርነት ብ 1918 እንተውዳእ ናብ 60 000 ዝኣኽሉ እንተሞቱ 152 000 ኻዓ ቆሲሎም ነይሮም።

ካብዚ ተሞክሮ እዚይ ኣውስትራልያ ካብ ጸገም ዝተወለዱ ጥቕምታት ኣትሪፋ እያ። ንሳቶም ኻዓ ናይ ኣንዛክ ጀግንነት፤ መንፈስን ዕርክነትን 'mateship' እዮም።

በብዓመቱ ብ 25 ኤፕሪል፤ ኣውስትራልያ፤ ብጀግንነት ዳሕር ግና ከም ሕፍረት ንዝቑጸር ብ 1915 ናይ ኣውስትራልያን ናይ ኒው ዚላን ወተሃደራት ኣንዛክ ብምባል ንዝጽዋዕን ካለኦት ናይ ፈተውቲ ዓድታት ወተሃደራት ብጋሊፖሊ፤ ቱርኪ ዝተዋግኡሉ ናይ መዘከሪ ማዓልቲ እዩ።

ናይ ኣንዛክ (ምስብሪትሽ፤ ምስፈረንሳይን ምስ ናይ ህንዲ ወተሃደራትን) ብምዃን ዓላማ፤ ኣብ ጋሊፖሊ ብምዕራፍ ኣብ ዳርዳኔለስ ውሽጢ ንኮንስታንትኖፕል ብቦምቢ ደቢቦም ብሓይሊ ምስሓለፉ ንቱርኪ ንምሓዝ እዩ ነይሩ። ይኹን ደኣምበር፤ እቲ ዘይንኽእ ጎቦ፤ ዓቐበት ዘለዎ ገምገም ባሕሪን እቶም ናይ ቱርኪ ወተሃደራት ዘለዎም ናይ ምክልኻል ክእለቶም፤ ንናይ ኣንዛክ ወተሃደራት ገቲሩ ሒዙ ስለዝጽንሖ፤ ብ 20 ዲሴምበር 1915 ከድሐርሕር ተገዲዱ እዩ። ንሸሞንተርሒ ንዝጸንሐ ኵናት፤ ብግምት 8700 ናይ ኣውስትራልያ ወተሃደራት ኣፍቲ ውግእ እሞጥቶም ወይ ኸዓ በቲ ዝበጽሖም ናይ ምቑስል ሓደጋ ወይ ኸዓ ብሕማም ሞይቶም እዮም።

ሎሚ፤ ናይ ኣንዝ መዓልቲ ነቶም ናይ ቀደም ኣንዛክ ጥራይ ዘይኾነስ፤ ብድሕሪኡ ብዝተፈላለዩ ኵናት ንዝተኻፈሉ ዝዝከርሉ መዓልቲ እዩ።

በቶም ክልቲኦም ናይ ዓለም ውግኣት (1919-1939) ማእኸል ዝነበረ እዋን፤ ብሕልፊ በቲ ልዕል ዝበለ ናይ ኢኮኖሚ ዕንወት እዋን፤ ናይቲ ማሕበረሰብን ኢኮኖሚን ዘይምርግጋእ ዝበጽሓሉ እዋን ስለዝነበረ፤ ብዙሓት ናይ ኣውስትራልያ ገዝብ ብዝምልከት ትኻላት ካዓንው በቚኦም እዮም።

ናይ ሱፍን ናይ ስገምን (ናይ ኣውስትራልያ ቀንዲ ናይ ወጻኢ ዕዳጋ) ዋጋ ብጣዕሚ ምጉዳል፤ ናይ እንግሊዝ ሃፍቲ ምውጻእን ክልኦት ናብ ወጻእ ዝለኣኹ ኣቑሑት ዋጋ ምቕናስ፤ ብጣዕሚ ከቢድ ዝኾነ ጸገም ኣብጺሑ ነይሩ። ናይ ስራሕ ስእነት ብጣዕሚ ኣብ ክብ ዝበለ ብርኪ በጺሑ። ብ 1933 ናይ ሓደ ርባዕ ናይ ሰራሕተኛ ሓይሊ ስራሕ ዘይብሉ ስለዝነበረ፤ ሓፈሻዊ እቶቱ ብጣዕሚ ወሪዱ ነይሩ።

ኩሎም ዓድታት ካፍቲ ዝበጽሖም ናይ ኢኮኖሚ ዕንወት እንዳተላዓሉ እንዳሃለው፤ ኩሉ እቲ ጦርነት ጠጠዎ እንታብ ዝብል ‘the war to end all wars’ ድሕሪ 20 ዓመት ንላዕሊ፤ ዓለም እንደገና ናብ ኵናት ተመሊሳ ኣትያ። ብ 1939 ጀርመን ንፖላንድ ምስወረረት ኣፍቲ ዓዲ ጦርነት ተኣዊጁ። ናይ ኣውስትራልያ ጠቕላሊ ሚኒስተር ሮበርት ሜንዚስም ብተመሳሳሊ ጦርነት ኣዊጁ።

ኣፍቲ ካልኣይ ናይ ዓለም ኹናት፤ ናይ ኣውስትራልያ ወተሃደራት ንዝተሓባበረ ሓይሊ ዓወት ንኣውሮፓ፤ ብኤስያን ብፓሲፊክ ዘይነዓቕ ኣስተዋጽኦ ከፊሉ እዩ። ይኹን ደኣምበር በቲ ኹናት ዝበጽሖ ጉድኣት ከፍ ዝበለ እንትኾን፤ ናብ 40 000 ዝጽግዑ ኣውስትራልያውያን ተቐቲሎም፤ ብርክት ዝበሉ ኻዓ ቆሲሎም።

በዝ ኈት እዚ ዝተዋገኣን ዝተረፈን ትውልዲ ኣውስትራልያ ብዘርኣየቶ ክእለታ ብኹርዓት ክርኣዩ እንትጀምሩ፤ ኣብ ሲንጋፖር ኣብ ጸላኢ ኢድ ምውዳቖም፤ ጃፓን ብሰሜን ኣውስትራልያ ዝርከቡ ብሩምን፤ ዳርዊንን ታውንስቪልን ብቦምቢ ምውቓዖም፤ ብተወሳኺ ( ኣብ ሲዲኒ ሃርበር ዝሰጥም መርከብ ምጥቅያም) ኣብ ኮኮዳ ምልክት መንገዲ ሕጂ ፓፑዋ ኒው ጊኒ ብጃፓናውያን ምውራር፤ እቲ ጦርነት ኣብ ደገ ገዛኦም ከምዝበጽሖ ተረዲኢዎም ነይሩ።

ከም ጋሊፖሊ፤ ናይ ኮኮዳ ኹናት እውን ናይ ኣውስትራልያንል ኣፍቲ ኵናት እዋንእ ንዘርኣይዎ ብርቱዕ መንፈስን ጅግንነትን መርኣይ ኮይኑ እዩ። በዚ ኣጸጋሚ ዝኾነ ኩነታት፤ ፖርት ሞስቢን ንምሓዝ በቲ ሰሜን ናይ ገምገም ባሕሪ ንዝሰፈረ ናይ ጃፓን ወራሪ ሓይሊ ንምክልኻል ኣርባዕተ ወርሒ ዝኣክል ንዝወደኣ ኵናት፤ ብድምሩ 625 ኣውስትራልያውያን እንትሞቱ፤ 1055 ኻዓ ቖሲሎም እዮም።

### ናይ መረዳእታ መስመር

- ናይ ኣውስትራልያ ናይ ኵናት መተሓሳሰቢ ' Australian War Memorial ' www.awm.gov.au

## ሃብትን ለውጥን

ኣብ ኣውስትራልያ ነቲ ናይ ሰንዐ ክፍሊ ንምክያድ ክእለት ዘለዎም ሰባት ክብ ዝበለ ሕጽረት ኣብ ዝነበረሉ እዋን፤ እቲ ኵናት ምስተወደኣ፤ ብሚኢቲ ሺሕ ዝቑጸሩ ስደተኛታትን ሰፈርቲን ኣብ ኣውስትራልያ በጺሖም ነይሮም።

እቲ ኢኮኖሚ ብ1950 ምምዕባል ጀሚሩ ብኣንጻሩ ካዓ ሙሉእ ናይ ስራሕ ምቑጻር ኩነታት ተጀሚሩ ነይሩ። በዚ ምኽንያት እዙይ ከቢራ ነይራ። ናይ ብሕቲ ባዓል ገዛ ምኳን ብቑልጣፍ ዕቤት ብምርኣይ ብ 1947 40 ካብ ሚኢቲ ዝነበረ፤ ብ 1960 70 ካብ ሚኢቲ ንላዕሊ በጺሑ ነይሩ።

ናይ ህዝቢ ቁጽሪ ብ 1945 ካብዝነበሮ 7.4 ሚሊዩን ብምውሳኽ፤ ብ 1960 10.4 ሚሊዩን ልዕል ኢሉ ነይሩ። ብሪትሽ ዘይኮኑ ፈለስቲ ብዝሒ ዝበሉ ቁጽሪ ምምጻእ ስለዝጀመሩ፤ እቲ ናይ ህዝቢ ምትሕውዋስ ልዕል ዝበለ ለውጢ እንዳምጸኣ ከይዱ።

ኣውስትራልያ ምስ ብሪታንያ ዝነበራ ልዕል ዝበለ ናይ ንግዲ ርኽብ ተቕይሩ ብ 1970 ብጃፓን ተተኪኡ።

ካለኦት ዕቤታት፤ ማለት እውን ናይ መንግስቲ ናይ ማሕበራዊ ውሕስነት ጨንፈር ቀስ ብቀስ ምስፍፋሕን ናይ ቴሌቭዥን ብ 1956 ምምጻእ ተራእዩ ነይሩ። በዚ ዓመት እዙይ፤ ኣብ ኣውስትራልያ ምድሪ ተጌሩ ዘይፍለጥ ናይ ዓለም ለኸ ተግባር ብምፍጻም፤ ኣብ ሜልበርን ናይ ኦሎምፒክ ጸወታ ኣዳልያ ነይራ።

ድሕሪ እቲ ናይ ካልኣይ ናይ ዓለም ውግእ ንዳሓር ኣውስትራልያ ብሊበራልን ብካንትሪ ( ሕጂ ናሽናል) ብምባል ዝተጣመረ መንግስቲ ብድምሩ ን 40 ዓመታት ንኸተመሓዳድር፤ ብሌበር ፓርቲ ኻዓ ብድምሩ ን 20 ዓመታት ኣመሓዳዲራ እያ።

ናይቲ ማሕበራዊ ኢኮኖሚ ዕቤቱ ቀጺሉ ነይሩ።

ኣብዚ ዝሓለፈ ክልተ ዓሰርተ ዓመታት፤ ክብ ዝበለ ናይ ኢኮኖሚ ለውጥታት ኣብ ስርሕ እንትውዕል፤ ኣብዚ ቀረባ ዓመታት ከዓ ኣውስትራልያ ኣብ ዓለም ከፍ ዝበለ ብርኪ ካብዘለው ህገራት ብዝተመሓየሸ ኩነታት ዕብየት ስለርኣየት እቲ ኢኮኖሚ ብምዕባይ ሓደሽቲ ናይ ስራሕ ዕድላት ብምኽፋትን ውጤት ብምሃብ ናይቲ ዓዲ ናይ ናብራ ደረጃ እዕብዩዎ።






### ናይ መረዳእታ መስመር

- ናይ ኣውስትራልያ ብሄራዊ ቤተ መጻሕፍቲ ' National Library of Australia' www.nla.gov.au
- ናይ መንግስቲ ኣውስትራልያ ናይ ባህልን ናይ መዝናንዒ በሪ 'Australian Government Culture and Recreation Portal' www.culturealdrecreation.gov.au

## ንኣውስትራልያ ከም ገዝኦም ጌሮም ዝቐጽሩ ህዝቢ

ትፍልሰ ኩሉሻዕ ንኣውስትራልያ ንዓዲ ምዕባላ እቲ ቀንዲ ኣካል እዩ። ካብ 1788 ጀሚሩ ሰፈርቲ ኣውስትራልያ ምምጻእ ጀሚሮም ነይሮም።

ብ 19 ምእት ዓመት ፍርቂ ኣፍቲ ወርቂ ምድላይ እዋን፤ ብግምት ናብ 50 000 ዝጽግዑ ተፈናቐልቲ በብዓመቱ ናብ ኣውስትራልያ ይመጹ ነይሮም። ኣብ ኣውስትራልያን ኣብ ካልኦት ስፍራን ንዝበጽሑ ናይቲ ኢኮኖሚን ናይምበረሰብ ኩነታትን ብምንጽብራቕ፤ በቶም ቐጸልቲ ዓመታት ናብ ኣውስትራልያ ናይ ፍልሳእ ኩነታት ቐጺሉ ናይሩ።

መብዛሕተኦም ቅድም ኢሎም ተፈናቐሎም ዝመጹ ካብ ብሪታኒያን ካብ ኣየርላንድን ስለዝነበረ ናይታ ሓዳሽ ዓዲ መሰረት ዘለዎ ውርሲ ናይ ኣንግሎ-ሴልቲክ ኮይኑ ነይሩ።

ድሕሪ ናይ ካልኣይ ናይ ዓለም ጦርነት፤ ብዙሓት ደቂ ኣውሮፓ ካብ ዓዶም ተፈናቒሎም ነይሮም። በቲ እዋን ንሱ፤ ኣብ ኣውስትራልያ ክብ ዝበለ ናይ ሰራሕተኛ ሕጽረት ስለዝነበረ፤ ነታ ዓዲ ንናይ ቅድሚት ዕብየት ብዙሕ ህዝቢ ኣድላይ ምዃን ይእመኑ ነይሩ።

እዙይ ካልኦት ነገራት ብምውሳኽ ብ 1945 ብዓለም ለኸ ናይ ፍልሰት ቤት ጽሕፈት ክምስረት ተጌሩ። እቲ ቤት ጽሕፈተ፤ ካፍቲ እዋን እዚ ጀሚሩ ብዘይ ምቁራጽ ብዝተፈላለየ ሽም ጸኒሑ እዩ።

ብ 1947 ብጣዕሚ ብዙሓት ሰበት ክመጹ ስለዝጀመሩ፤ ናይ ፍልሰት ፈሕታ ኣብ ምክያድ እዩ ነይሩ። ካብዚኦም ማእኸል ብመንግስቲ ናይ ይሕለፍ ድጋፍ ዝመጹ ነሮም እዮም። ጻዓዱ ኣውስትራልያን ‘White Australia’ ዝብልዎ መምርሒ ናይቲ ፍልሰት ኩነታት ኣጽቢብዎ ስለዝነበረ፤ ካብ መጀመርያ ማለት እውን ካብ 1901 ጀሚሩ ክሳብ 1970 መመርያ ዓመታት መብዝሕትኦም ተፈናቐልቲ ዝመጹ ካብ ኣውርፓ እዩ ነይሩ።

ካብ 1945 ጀሚሩ ናብ ኣውስትራልያ ክብዝመጹ 6.5 ሚሊዮን ህዝቢ ንምምጻእ ዝተለዓልሉ ምኽንያት፤ በቲ ዝነበሮም ናይ ቤተሰብ ምኽንያት ወይኸዓ ካብ ድኽነት፤ ካብ ጦርነትን ብምህዳም ንምምላጥ በቲ ዝነበሮም ድሌት እዩ። ሂወቶም ንኽዕብዩ ከምኡ ኸዓ ናይ ባዕላቶምን ዝተኽኣሎም ኩሉ ንምግባር ናይ ቤተሰቦም ዕድል ንምምሕያሽን ቲሮም ንምስራሕ ፈቓደኛታት ነይሮም።

ብኣብነት ንምጥቃስ፤ በቲ ናይ በረዶ ጎቦ ትልሚ ‘Snowy Mountains Scheme’ ካብ 100 000 ዝበልጹ ካብ 30 ዝተፈላለዩ ዓድታት ዝመጹ ተፈናቐልቲ፤ ኣብ ደቡብ ኣውስትራልያ ኣብ ዝርከብ ናይ ጎቦ ሰንሰለት በቲ ዝተሰርሐ ዓብዩ ብማይ ሓይሊ ዝንቀሳቐስ ናይ ኤሌትሪክ ሓይሊ ናይ ስራሕ ትልሚ ሰሪሖም ነይሮም። ናይቲ ስራሕ ትልሚ ንምፍፃም ካብ 1949 ክሳብ 1974 ብምኽያድ 25 ዓመት ወሲዱ።

ካብ 1970 ፍርቂ ኣውሮፓውያን ዘኮኑ ተፈናቐሎት ንኽይኣትው ዝኽልክል ግልሚ፤ ቀስ ብቀስ እንዳተረፈ ብምኽያድ ምኽንያት፤ ብድሕሪኡ ናይ ኣውስትራልያ ናይ ፍልሰት መምርሒ ብዘርኢ ምፍላይ መሰረት ምግባሩ ቀሪዩ ነይሩ። ናይ ሓደ ግለሰብ ናይ ዓሌት መሰረት፤ ጾታ፤ ዘርኢ፤ ወይ ኸዓ ሃይማኖት ቪዛ ንምርካብ በቲ ዝግበር ውሳነ ምንም ቦታ የብሉን።

### ናይ መረዳእታ መስመር

- ናይ ፍልሰትን ናይ ዜግነትን ቤት ጽሕፈት ' Department of Immigration and Citizenship' www.immi.gov.au

## ዲምክራሲን መንግስትን

ኣውስትራልያ ናይ ውሕስነት ዓዲ እያ። ይ ፓርላም ናይ መንግስቲ ስርዓት እንትኾን ናይ ኣውስትራልያ ዜጋታት እዚ ምኺን ኣለዎ ንምባል ምስታፍ ክነብሮም እዩ።

እቲ ስርዓት ኣብ ዲሞክራሲ ባህሊ ዝተመስረተ ስለዝኾነ፤ ናይ ሃይማኖተ ምክእኣልን ምስዝደለይዎ ናይምኺን ናጽነትን የበረታትዕ። ትካላትን ናይ ኣውስትራልያ ብሄራዊ መንግስትን ማእ'ኸልን ካብ ብሪትሽን ካብ ሰሜን ኣሜሪካን ባህሊ ተመሳሳሊ መልክዕ ኣለዎም።

## ናይ ኣውስትራልያ ህገ መንግስት

ናይ ኣውስትራልያ ኮመን ወልዝ ‘Commonwealth of Australia’ ከም ሓንቲ ዓዲ ኮይና ዝተመስረተት ብ 1 ጃንዋሪ 1901 ናይ ኣውስትራልያ ህገ መንግስቲ ኣብ ስራሕ ኣብ ዝወዓለሉ እዋን እዩ። ናይ ኣውስትራልያ ህገ መንግስቲ ናይኣውስትራልያ ዓዲ ዝሓቑፍ መንግስቲ ናይ ስራሕ መምርሒ መሰረት እዩ።

እቲ ህገ መንግስቲ ክመሓየሽ ይኽእል እዩ፤ ይ'ኹን ደኣምበር በቲ ህገ መንግስቲ መራጺ ህዝቢ ብብሄራዊ ደረጃ በቲ ዝግበር ናይ ህዝቢ ውስነ ጥራሕ እዩ። ዝኾነ ይ'ኹን ምምሕያሽ ክግበር ዘለዎ ብ'ኽልተ ናይ ድምጺ ምብላጽ እዩ። ብሄራዊ ናይ መረጽቲ ናይ ድምጺ በለጻን ናይ ክፍለተሃገራት ናይ መረጽቲ በለጻ ወሲ'ኹ (እንተነኣሰ ካፍቶም ሽዱሽተ ኣርባዕተ)።

## ናይ ኣውስትራልያ ፌደሬሽን

እቲ ህገ መንግስቲ ሃገር ለ'ኸ ስርዓት ዝሓዘ ናይ ኮመንወልዝ (ወይ 'ኻዓ ብሄራዊ) እቲ መንግስትን እቶም ሽዱሽተ ክፍለ ሃገራትን ዘለዎ መንግስቲ ይምስረት። ብተወሳ'ኺ እውን፤ ባዕልቶም ዘመሓዳድሩ፤ ከም ክፍለሃገራት ኮይኖም ዝንቀሳቐሱ፤ ግዝኣታት በቲ ናይ ኮመንወልዝ ፓርላማ እንትምስረቱ፤ ነቲ ናይ ከባቢኦም ጉዳይ ን'ኸውድኡ ንክረድእ (ማለት እውን መናፈሲታት፤ ናይቲ ከባቢ መንገድታትን ርስሓት መኣከቢን ብዝተመልከተ) ብ'ኽፍለ ሃገራትን ግዝኣታትን ናይ ከባቢ ናይ መንግስትታት ኣካላት ተመስሪቱ።

ናይ ኣውስትራልያ ህገ መንግስቲ እቲ ኮመንዌልዝ ኣብ ምንታይ ጉዳያት እቲ ህግታት ምውሳን ከምዝኽእል ዝርዝር ኣውጺኡ። እዚኣቶም 'ኻዓ ናይ ወጻኢ ጉዳይን፤ ክፍለ ሃገራትን ዓለም ለ'ኸ ንግድን፤ መከላከልን ፍልሰትን ይውስኽ። ሓደ ሓደ ምሕላው ዘለዎም ጉዳያት ከምዝሎ ኮይኑ፤ ክፍለ ሃገራትን ግዝኣታትን፤ እቲ ክፍለሃገርን ግዝኣትን ኣመልኪቱ ኣድላይ ህጊ ምውጻእ ይኽእሉ እዮም። ብኣብነት ብ'ኽፍለሃገራትን ብግዝኣትን ምሽፈኑን ዝግብኡ ግዳያት፤ ትምህርቲ፤ መንገድታት፤ ፖሊስ፤ ሓውን ናይ ህዝቢ መጓዓዓዝን ይውስኽ።

ብኮመንዌልዝ ኮነ ብክፍለ ሃገር ደረጃ፤ መንግስቲ ሰለስተ ጨንፈራት የሳትፍ፤ እቲ ህጊ መውጻእቲ (ወይ 'ኻዓ ፓርላማ) መፈጸምቲ መንግስትን ዳኛታትን ይውስኽ።

ናይ ኣውስትራልያ ስርዓተ መንግስቲ ንባህላዊ ዝኾኑ ለዌስትሚኒስተር ‘Westminster’ ናይ ፓርላም ስርዓት ባዓል ውለታ እዩ። እቲ ሽም ዌስትሚኒስተር ካብዝብል ቤተመንግስቲ ዝመጸ እንትኾን፤ ናይ ብሪትሽ ፓርላማ መቐመጢ እዩ። ነዚ ዓይነት ናይ ፓርላማ መንግስቲ ስርዓት ብብዙሕ ምእተ ዓመት ኣካይዳ ዝማዕበለ እዩ። እቲ ቐንዲ ቑም ነገር ናይ መንግስቲ መራሒ ዘይኾነ ናይ ዓዲ መራሕን ናይ ፓርላማ ዝተወጻጸኣን ተጸዋዕነቱ ነቲ ፓርላም ዝኾነ ዘፈጽም መንግስቲ እዩ። ናይቲ ህጊ ልዕልና ‘rule of law’ ዝተሓለወን ናይ ዳኝነት ስርዓት ካብ ፓርላማ ተጽእኖ ናጻ እዩ።

ናይ ኣውስትራልያ ፓርላማ ካብ ዌስትሚንስተር ኣብነት ዝተፈላለየ እየ፤ ምኽንያቱ 'ኻዓ እቲ ስልጣኖም ብ'ኽፍለሃገር ወይ'ኻዓ በቲ ፓርላማ ህገ መንግስቲ ዝተወሰነ እዩ።

## መንግስቲ ኣውስትራልያ

እቲ ኮመንዌልዝ ብብሄራዊ ናይ ህጊ መውጻእቲ ኣካላት እንትኾኑ፤ ንሱ እውን ክልተ ቤት ም'ኽሪ ወይ 'ኻዓ ባይቶ ‘Houses’ ኣለዎ፤ ናይቲ ባይቶ ተወከልቲን ‘House of Representatives’ ሰኔትን ‘Senate’ እዮም። ናይቶም ክልቴኦም ቤት ም'ኽሪ ኣባላት ዝምረጹ ብቐጥታ ብኣውስትራልያ ህዝቢ በቲ ዝግበር ሃገር ለ'ኸ መረጻ እዩ። ናይቲ ቤት ም'ኽሪ ተመራጸት ናይ ስራሕ ዘመን ሰለስተ ዓመት ጥራሕ







እዩ። ናይቲ ሰነት ፍርቂ ኣባላት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰለስተ ዓመት ይምረጹ ኮይኑ ልዕል ዝበለ ናይ ስራሕ ዘበን ሽዱሽተ ዓመት እዩ። (ናይ ሃገር ለኸ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ መረጻ ኣብ ፍርቂ ናይ ሰነት 'half-senate' መረጻ ሓቢሩ ይካየድ)።

ሰነት 76 ሰነተራት ኣለዎም። ካብ ሹሽቴኦም ክፍለሃገራት ካብነንሕድሕዱ 12ን ካብ ኖርዘርን ቴሪቶሪናብ ኣውስትራልያ ካፒታል ቴሪቶሪ ኽልተ ክልተ ይውክሉ። ንተወከልቲ ቤት ምኽሪ ዝበጽሕ ናይ ክፍለ ሃገራት ናይ መቐመጢ ብዝሓት በቲ ክፍለ ሃገር ናይ ህዝቢ ቑጽሪ ይውሰን። ናይቲ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ቑጽሪ ብተኻእለ መጠን ምስቶም ሰኔተራት ቑጽሪ ዕጽፊ ምዃን ኣለዎ። ብሕጂ እዋን 150 ናይ ቤት ምኽሪ ኣባላት እንትህልዎ፣ ነንሕድሕዱ ኣባል ኑቲ ዝኑበረሉ ከባቢ (ኤለክቶሬት ይበሃል 'electorate') 80 000 ወሃብቲ ድምጺ ይውክሉ።

መንግስቲ (ከምቲ ናይ ኩሉሻዕ ተመልክቶ ናይ ኣውስትራልያ መንግስቲ') ዝምስረቶ በቲ ናይቲ ቤት ምኽሪ ኣባላትወይ ኻዓ በቶም ናይ ልፍንቲ ቤት ምኽሪ ኮይኑ እቲ ዘዓበየ ናይ ተወከልቲ ባይቶ ዘሓዘ እዩ። 'The Prime Minister' እቲ ጠቕላሊ ሚኒስተር ናይቲ ፓርላማ ናይ ፓርቲ ወይ ኻዓ ናይ ሓባር ፓርቲ መራሒ እንትኾን፣ ብቐጥታ በቲ ህዝቢ ዝተሾሙ ዘይኾኑ፣ በቶም ተወከልቲ ባይቶ መብዛሕትኡ ስልጣን ዘሓዘ ፓርቲ እዩ። መንግስቲ ኣብ ውሽጢ ሰነት ዝበለጸ ቑጽሪ ከይህልዎ ይኽእል እዩ።

ዝረቐቐ ህጊ በቶም ክሊቲኦም ባይቶ ስምምዕነት እንተዘይበጺሑ ህጊ ኣይኾውንን። ረቂቅ ህግታት እንታፍቶም ክሊቴኦም ባይቶ ክቐርብ ይኽእል እዩ፣ ይኹን ደኣምበር ገንዘብ ብዝምልከት ናይ ህጊ ረቂቕ ክቀርብ ዘለዎ ካፍቶም ተወከልቲ ባይቶ እዩ።

## *ምምራጽ*

ሓዲሽ መንግስቲ ዝምስረቶ መብዛሕትኡ እዋን ድሕሪ እቲ ጠቕላላ ምምራጽ እዩ።

ናይ መንግስቲ ኣውስትራልያ ኣብ ስልጣን ክጸንሕ ዝኽእለሉ እዋን ሓዲሽ ፓርላም ካብ እትኣከበሉ እዋን ንሰለስተ ዓመት ጣርሕ እዩ። ይኹን ደኣምበር፣ እቲ ጠቕላሊ ሚኒስተር ኑቲ ጠቕላሊ ገዛኢ ሰለስተ ዓመት ቅድሚ ምብጽሑ መረጻ ንኽግበር ክሓትት ይኽእል እዩ።

እቲ ናይ መጀመርያ ፓርላማ ብ 9 ሜይ 1901 ካብዝተኸፈተሉ ንደሓር፣ ካብ 40 ዝበልጽ ናይ ተወከልቲ ባይቶ መረጻ ተኻይዱ እዩ።

## *ምምዝጋብን ድምጺ መሃብን*

ኩሉ በቲ ሃገር ለኸ መረጻ ኮነ ብኽፍለ ሃገር ኣብ መብዛሕትኡ ናይቲ ከባቢ መንግስቲ ቕድሚ ምክፋሉ ኣፍቲ ናይ መምረጺ መዝገብ ውሽጢ ሽሙ ክርከብ ኣለዎ። ናይ ኣውስትራልያ ዜጋ ዝኾነ ህዝብን ዕድሜኦምላብ 17 ዓመት ንላዕልን ዝኾኑ ምምዝጋብ ኣለዎም። 18 እንትመልኦም እንተለው ወዲያው ክመርጹ ይኽእሉ እዮም። ናይ መመዝገቢ ኦርኒክ ናይ ኣውስትራልያ ናይ መረጻ ኮሚሽን 'Australian Electoral Commission (AEC)' ቤት ጽሕፈት፣ ኣብ ፖስታ ካፍቲ መረጻ ኮሚሽን 'AEC' ኣብ ዌብ ሳይት ክትረኽቡዎ ትኽእሉ እኹም።

ኣውስትራልያውያን ናይ ወጻኢ ዓዲ ነበርቲ ዝኾኑን በቲ ናይ መረጻ መዝገብ ሰፊሩ ንኽጸንሕ እንድሕር ደኣ ደሊኹም፣ ከም ሓደ ናይ ወጻኢ ሃገር ኮይንኩም ካብ ዓዲ እንድሕር ወጺኹም ሰለስተ ዓመት ቅድሚ ምምልኡ ምምዝጋብ ኣለዎም። ምምዝጋቦም ንሽዱሽተ ዓመት ብምምራጽ ንኽትጸንሑ የኽእለኩም እዩ። እዚ መሰሉምዚ ንምንዋሕ እንድህር ደልዮም በብዓመቱ ኑቲ ናይ ምርጫ ኮሚሽን (AEC) ምምልካት ኣለኩም።

ኩሉ ዘሚለኣ ኩሉ ናይ ኣውስትራልያ ዜጋ ተመዝጊቡ ናይ ምምራጽ ግዴታ ኣለዎ። ምንም እንኺ ብዘይ ምምራጽ ንዝበጽሕ ቅጽዓት እንተተመዛዘነ ብጣዕሚ ትሑት ተኾነውን፣ ኣውስትራልያ ካብ ዓለም ክብ ዝበለ ናይ መረጻ ተኻፈልቲ ካብዘለዋ ዓዲ ሓዲኣ እያ። ስለዝኾነ ኸዓ 90 ካብ ሚኢቲ ንዝበጽሑ መረጽቲ ምስታፍ ይገብሩ። ናይ ኣውስትራልያ ዜጋታት ብሰለስተ ክፍሊ ንዝርከቡ ናይ መንግስቲ ተወከልቲ ንነንሕድሕዱ ድምጾም ይህቡ ንሳቶም ኻዓ ናይ ፓርላም፣ ናይ ክፍለሃገር ወይኸዓ ግዝኣትን ከባቢን እዮም።

ዝተመዝገቡ ኣውስትራልያውያን በቲ እዋን እቲይ ናብ ወጻኢ ዓዲ እንድሕር ደኣ ዝኸዱ ኮይኖም፣ ናይቲ ሃገር ለኸ መረጻ ምግባር ይኽእሉ እዮም ወይኸዓ ቅድመ መረጻ ዝግበረሉ እዋን በጺሑ እንድሕር ደኣ ኾይኑ ቅድሚ ምኻዶም ክመርጹ ይኽእሉ እዮም።

ነቲ ሃገር ለኸ መረጻ እንትበሃል እቲ ዓዲ ብመረጻ ዞን ትከፋፈል እያ። ንቤት ምኽሪ ተወከልቲ፤ ኣውስትራልያውያን መረጽቲ በቲ ከባቢኦም ንምምራጽ እንታፍቶኢም ዝቐረቡሕዱያት ማእኸል ይመርጹ። እቶም ሕዱያት ብቐዳምይ መረጻ 50 እንታብ ሚኢቲ እንድሕር ዘይረኺቦም፤ እቲ ንእሽቶይ ድምጺ ዝረኸብዎ ሕዱያት ተኣልዮም እቶም ድምጺ መራጸት ብኸልተ ደረጃ ምልክት ብዝገበርሉ መሰረት ንኸልኦት ሕዱያት ይከፋፈሉ።

እዚ ኣኪያይዳ እዙይ እቲ ሓደ ሕዱይ ካብ 50 ካብ ሚኢቲ ንላዕሊ ድምጺ ክሳብ ዝረክብ ይቕጽል።

እዚ ናይ መረጻ ኩነታት እቶም ሴኔት ንምምራጽ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል፤ እቶም ሕዱያት ዝተመደብሉ ናይ ክፍለሃገር ወይኸዓ ናይ ግዝኣት ናይ ድምጺ 'ኮታ' ክሳብ ዘማልኡ ይቕጽል።

መብዛሕተኦም ኣብ ውሽጢ ኣውስትራልያ ዝርከቡ ናይ ፓርላማ ኣባላት ናይ ፖለቲካ ኣባል እዮም። እዞም ፓርትታት እታ ዓዲ ብኸመይ ምምራሕ ከምዘለዎም ተመሳሳላይ ኣስተሓሳስባን ፍልሰፋን ብዝካፈሉ ህዝብታት ዝተቐነባበረ እዩ።

ኣብ ኣውስትራልያ ምንም ጋለሰብ ናይ ፓለቲካ ፓርቲ ኣብል ብምኻንን እቲ ሸቶ ብምትላምን፤ ናይቲ ፓርቲ ፖሊሲታት ብምንዳፍን ናይቲ ፓርቲ ሕዱያትን ብመረጻ ወፈራ እዋን ንምሕጋዝ ክኸእሉ እቲ ዕድል ክፉት እዩ።

ንናይ ኣውስትራልያ ናይ ፓርላም ኣባል ንምኻን፤ ምንም ሕዱይ ናይ ኣውስትራልያ ዜጋ ምኻንን ብተኻእለ መጠን ናይ ካልእ ዓዲ ዜግነቶም ንምቕራይ ኣድላይ ስጉምቲ ምውሳድ ይኑብሮም እዩ።

## ናይ ክፍለ ሃገርን ናይ ግዝኣት መንግስትን

ነንሕድሕዱ ክፍለ ሃገር፤ ነቲ ዝምልከቶ ክፍለ ሃገር ብዝምልከት ውሳነ ንዝወሃቡ ናይ ርእሱ ፓርላማ ኣክል ኣለዎኣሉ ናይ ክፍለ ሃገራት ፓርላማታት፤ ብጀካ ናይ ኵንስላንድ ፓርላም፤ ክልተ ቤት ምክሪ ኣለዎም።

ነቲ ክፍለሃገራት ዝተመረጹ ተወከልቲ ብሓፈሽኡ ኣባላት ብምባል ይፍለጡ- ናይ ህጊ መውጻእቲ ኣኼባ ‘Legislative Assembly (MLA)’ ወይ ኸዓ ናይ ባይቶ ኣኼባ ‘House of Assembly (MHA)’ ወይ ኻዓ ናይ ህጊ መውጻእቲ ቤት ምኽሪ ‘Legislative Council (MLC)’ ናይቲ ክፍለ ሃገር ናይ መንግስቲ መራሒ ፕሪሜር ‘Premier’ ይበሃል።

ኖርዘርን ቶሪቶሪን ናይ ኣውስትራልያ ላዕላዋይ ቴሪቶሪ ዝተፈለየ ኣመዳድባ ኣለዎም። ነንሕድሕዶም ናይ ግዝኣት ፓርላማ ናይ ህጊ መውጻእቲ ኣኼባ ‘Legislative Assembly’ ዝበሃል ሓደ ቤት ምኽሪ ጥራሕ ኣለዎም። ናይቲ ጋዝኣት መንግስታት መራሕቲ ሓለቓ ሚኒስተር Chief Minister ይበሃሉ።

ናይ ክፍለ ሃገራትን ናይ ግዝኣትን መንግስታት ሓላፍነት ህግን ስርዓትን፤ ናይ ኣህላኸ ጊዳይ፤ ናይ ጥዕና፤ ናይ ትምህርቲን ናይ ዱርን፤ ናይ ህዝቢ መጓዓዓዝን መንገድታትን ይርከብዎ።

## ናይቲ ከባቢ መንግስቲ

ናይቲ ከባቢ መንግስቲ ውሳነ ዝእብ ኣካል መብዛሕትኡ እዋን ከተማ ወይኻዓ ኣውራጃ ቤት ምኽሪ ‘city or shire council’ ብምባል ይጽውዑ። እቶም ቤት ምኽሪ ናይቲ ከተማ ሕብረተሰብ ጉዳይ ንኽምልከቱ ብኽፍለ ሃገር መንግስቲ ተመሲቱ እዩ። ናይ ህዝቢ ተወከልቲ ብምኻን እቲ ቤት ምኽሪ ዝምስርቱ ኣልደርሜን ወይኻዓ ኣባል ናይ ቤት ምኽሪ ይብሃሉ። ናይቲ ቤት ምኽሪ መራሒ ኻዓ ከንቲባ ወይኻዓ ናይ ኣውራጃ ፕረዚደንት ‘mayor or shire president’ ይባሃሉ።

ናይቲ ከባቢ መንግስቲ ሓላፊነት ናይቲ ከባቢ መንገዲ ምጭጋን፤ ርስሓት ምእካብ፤ ናይ ህንጻ ህጊን ናይ መሬት ምክፍፋል፤ ናይ ህዝቢ ጥዕና፤ ከም መሕምበሲ ቦታታትን ናይ መዘናጊዒ ድርጅት ዘኣመሰሉ የጠቓልል።





## ናይ ህገ መንግስቲ ሞናርኪ

ኣውስትራልያ ርእሳ ዝኸኣለት ዓዲ እያ፤ ይኹን ደኣምበር ምስ ዩናይትድ ኪንግዶም ምስ ንግስቲ ኤልሳቤጥ ll ንዘለዋ ናይ ህገ መንግስቲ ርክብ ስለዘሓለወት፤ እታ ንግስቲ ሕጂ ውን ናይ ኣውስትራልያ ንግስቲ እያ።

እታ ንግስቲ፤ በቲ ናይ ጠቕላሊ ሚኒሰተር ምኽሪ ዘውክላ ናይ ኣውስትራልያ ጠቕላሊ ገዛኢ 'Governor-General' ትሸውም እያ። እቲ ጠቕላሊ ገዛኢ በቲ ጠቕላሊ ሚኒስተር ምክሪ ሚ ኒስተራት ይሸውም፤ ከምኡ ኻዓ ብውክልና በቲ ጠቕላሊ ሚኒስተር ጣራሕ ንዝኾነይኹን ውሳነ ክህብ ይኽእል እዩ።

## ናይ ፌደራል ናይ ህጊ ስርዓት

ናይ ኣውስትራልያ ናይ ህጊ ስርዓት መሰረት ዘለዎም ፍትሓዊ ኣሰራርሓን ኣብ ቅድሚ ህጊ ኹሉ ማዕረ እዩ ንዝብል ኣስተሓሳስብ የንጸባርቕ እዩ።

ናይ ኣውስትራልያ ናይ ቤት ፍርዲ ስርዓት ነቲ ህጊ ምትርጓምን ኣብ ስራሕ ንኽውዕልን ሓላፍነት ኣለዎ። እቶም ዳኛታት ብዘይምንም ናይ መንግስቲ ኢድ ምእታው እዚ ስራሕ እዚ ኣብ ግብሪ ብምውዓል ሓላፍነቶም ይወጽዎ እዮም።

ናይ ኣውስትራልያ ላዕላዋይ ቤት ፍርዲ 'High Court of Australia' ንዝኾነ ብህጊ ዘይምትእትታው እንተሊዩ ናይ መወዳእታ ናይ ይግባይ ዝስመዐሉ እዩ። ናይ ዕላዋይ ቤት ፍርዲ ሓዲኡ ተግባሩ ናይ ኣውስትራልያ ህገ መንግስቲ ምትርጓም እዩ። እዚ ቤት ፍርዲ እዚ ዝኾነ ህጊ ህገ መንግስታዊ ኣይኮነን ኢሉ ምፍራድ ይኽእል እዩ። እዚ እውን ካፍቲ ፓርላማ ስልጣን ልዕሊ እዩ። ሰዝኾነ ኻዓ ምንም ፋይዳ የብሉን።

## ናይ ሓበሬታ መስመራት

- ናይ ኣውስትራልያ ፓርላማ 'Parliament of Australia' www.aph.gov.au
- ናይ ኣውስትራልያ ናይ መረጻ ኾሚሽን 'Australian Electoral Commission' www.aec.gov.au
- ናይ ኣውስትራልያ ላዕላዋይ ቤት ፍርዲ 'High Court of Australia' www.hcourt.gov.au

# ናይ ኣውስትራልያ ሕብረተሰብ ሎሚ

ናይ ኣውስትራልያ ህዝቢ እቲ ናይ ሎሚ ወሳኒ መልክዑ ናይቲ ህዝቢ ሕውስዋስ ባህሊ ብምትሕብባር ካብ ኩሉ ንላዕሊ ንዘተኣሳስሮ ንኣውስትራልያ ዘለዎም ባዕልኻ ንኽትግዛእ እተርእዮ ጸባይ እዩ።

ካልእ ወሳኒ መልክዑ ኻዓ ናይ ኣውስትራልያ ሕብረተሰብ ዘለዎ ናይ ማዕርነት ተፈጥሮ እዩ። እዚ ማለት ኻዓ ኩሉ ሓደ ዓይነት እዩ ወይ'ኸዓ ኩሉ ማዕረ ሃብትን ንብረትን ኣለዎ ማለት ኣይኮነን። ብተወሳኺ እውን በርቲዕኻ ብምስራሕን ንባዕልኻ ንኽትግዛእ ክብ ዝበለ ደረጃ ንዝተቐመጡ ግለሰባት ርክብ ከይ ሃለወ ወይ ኸዓ ትተኣምመነሉ ደጋፊ እንተይረኸብኩም ዓወት እንትትረኽቡ እዩ።

ብናይ ኣውስትራልያ ህግታት መሰረት ብምግባር፤ ኩሉ ኣውስትራልያዊ ብህሉምን እምነቶምን ምግላጽ ከምኡ ኻዓ ናጻ ብምኻን ኣብ ኣውስትራልያ ብዬራዊ ሂወት ምስታፍ ትኽእሉ። ኣውስትራልያ ማንም ብትውልዲ ዓዱ፤ ብዝወረሶ ባህሊ፤ ብቛንቋኡ፤ ብጾቱኡ፤ ወይ ኻዓ ብሃይማኖት እምነቱ ምኽንያት ምንም ዓይነት ዕድል ኣይንፈጎን ንዝብል እምነት ኣጥቢቓ ትሕዝ።

ዝተረጋገአ ሰላም ዘለዎንልሃፍተመ ሕብረተሰብ ንኽህሉ እንድሕር ተደሊዩ፤ ዝተፈላለየ ሕሉፍ ታሪኽ ዘለዎም ኣውስትራልያን፤ ናይ ኣውስትራልያ ሕብረተሰብ ዝካፈልዎ እምነትን ክብርን ልዕል ልዕል ብምባል ምሕላው ኣለዎም።

ኣብ ገጽ 4 ተዘርዚሮም ንዝርከቡ ናይ ኣውስትራልያ ክብርታትን እምነትን ይርኣዩ።

## ህግታትን ማሕበራዊ ልምድታትን

ኣብ ኣውስትራልያ ናይቲ ሕብረተሰብ ጸባያት ዝገዝእዎ ስነስርዓት በቲ ዘሎ መገድታት በቲ ዝተድንገጉ ህግታትን ብልምዲ ብዝተመስረቱ ምሕበራዊ ልምድታት ብምትሕውዋስ እዩ።

ኣብ ውሽጢ ኣውስትራልያ ዘለው ህዝቢ ኹሎም እቲ ብሄራዊ ህግታት ምኽባር ኣለዎም። እንድህር ዘየኽበሩ ግና ብወንጀል ወይ ኻዓ ደንቢ ብምትሕልላፍ ክኽሰሱ ይኽእሉ እዮም። ምንም እኳ ብህጊ እንተጸየጠየቕም ህዝቢ ብሓፈሽኡ ናይ ኣውስትራልያ ማሕበራዊ ተለምዶ ንኽኽብሩ ይሕለዎም እዩ።

ናይ ኣውስትራልያ ህግታት ዝድንገጉ ኣብ ኣውስትራልያ ናይ ኮመንዌልዝ፤ ብኽፍለሃገራትን ብግዝኣትን ፓርላማታት እዩ። ናይቶም ፖሊሳት ስራሕ ኣፍቲ ሕብረተሰብ ማእኸል ሰላምን ስነስርዓትን ምሕላው እንትኾውን፤ ህጊ ተመሓላሊፎም ኢሎም ንዝኣምኑ ግለሰባት ንፍርዲ ምቕራብ እዩ። በብ'ከባቢኡ እቲ ሕብረተሰብን ጎረቤትን ማእኸል ዝነብሩ ህዝቢ ኣብ ጸገም እዋን ነንሕድሕዶም ብምርድዳእን ዘይተለምደ ወይ'ኸዓ ዘጥርጥር ነገር እንድሕርድኣ ሪኦም በቲ ከባቢኦም ንዝርከብ ፖሊስ ጣብያ ምምልካት ይህልዎም።

ኣውስትራልያ ብሄራዊ ናይ ፖሊስ ሓይሊ ናይ ኣውስትራልያ ናይ ፌደራል ፖሊስ Australian Federal Police እንዳተባሃለ ዝጽዋዕ ኣብናይ ሃገር ለ'ኸ ህጊ ወንጀል ንዝፈጸሙ፤ ማለትእውን ሓደገኛ እጽ ዘዘዋውሩ፤ ካብ ህጊ ወጻኢ ፍልሰት፤ ኣብቲ ብሃራዊ ድሕንነት ወንጀል ዝፈጸሙን ኣፍቲ ኸባቢ ወንጀል ንዝፈጸሙ ግለሰባት ኩሉ ምርመራ የካይድ። ኩሉ ናይ ኣውስትራልያ ክፍለሃገራትን ኖርዘርን ቶሪቶሪ፤ ብክፍለሃገራትን ግዝኣትን ኣብ ልዕሊ ህጊ ወንጀል ዝፈጸሙን ናብ ፍርዲ ዘቕርቡ ናይ ባዕልቶም ናይ ፖሊስ ሓይሊ ኣለዎም። ኣብ ኣውስትራልያ ናይ ካፒታል ቶሪቶሪ ንዝግበር ዝ'ከ ይ'ኹን ናይ ፖሊስ ተግባር ብኣውስትራልያ ፌደራል ፖሊስ ኣቢሉ ይፍጸም።

ምንም እኳ ፖሊሳት እቲ ግለሰብ ምሓዝን ናብ ቤት ፍርዲ ምስክርነት እንተሃቡ፤ እቲ ናይ መወዳእታ ውሳነ ማለትም እቶም ግለሰባት በት ወንጀል ተጠየቕቲ ም'ኳኖምን ዘይም'ኳነሙን ናይ ምውሳን መሰል የብሎምን። እቲ ውሳነ ዝግበር ኣፍቲ ቤት ፍርዲ እዩ።

ኣብ ኣውስትራልያ ፖሊስን እቲ ሕብረተሰብን ጽቡቕ ርክብ ኣለዎም። እቶም ወንጀለኛታት ንፖሊስ ምንጋርን ሓገዝ ምጥያቕን ይኽእሉ እዮም። ብፖሊስ ሕቶ እንትግበረሎም እንተሎ ርግእ ይበሉ፤ ትሕትና ብምርኣይ ይትሓባበሩ።

### ቤት ፍርድን ህግን

ቤት ፍርዲ ሓላፍነቶም ፍትሒ ንምሃብ እዩ። ህጊ ጎዲሉን ገበን ብምግባሮም ጥፍኣተኛታት ኮይኖም ዝተረኽቡ እንታይ ክበጽሖም ከምዝግባእ ይውስኑ እዮም።

ሓደ ሓደ እዋን ናይቲ ታሕቲ ቤት ፍርዲ ዳኛ እቲ ጉዳይ ሰሚዑ ፍርዲ ክህብ ይክእል እዩ። ብኾነ ጉዳይ ተኸሳሳይ ብዘይምንም ጥርጥር ጥፍኣተኛ ኮይኑ ክሳብ ዝፍረደሉ ገበነኛ ክ'ኸውን ኣይግባእን። ተኸሳሳይ ናኡእ ጠበቓ ውክልና ናይ ምርካብ መሰሉም ዝተሓለወ እዩ።





ሓሓንሳብ ጠበቓ ንምግባር ናይ ገንዘብ ዓቕሚ ንዘይብሎም ግለሰባት ናይ ናጻ ናይ ህጊ ሓገዝ ክዋሃቦም ይኽእል እዩ።

እዋናዊ ቪዛ ዘረዎም ሓደሓደ ሰባት፤ ብወንጀል እንድሕር ተኸሲሶምን ተፈሪድሎምን፤ ኣብ ኣውስትራልያ ንምተራፍ ንዘለዎም ዕድል ዘምጽኦ ሳዕቤን ብዝግባእ ክፈልጥዎ ይግባእ።

## ናይ ገበን ህጊ ምጥሓስ

ከም ከቢድ ገበን ተባሂሎም ዝቑጸሩ፤ ቅትለት፤ ምውቃዕ፤ ጾታዊ በደል፤ ምስ ህጻውንቲ ግብረ ስጋ ምፍጻም፤ ኣብ ሰባትን ንብረትን ሁከት ምፍጻም፤ ተዓጢቃ ምስራቕ ውይ'ኸዓ ምስራቕ፤ ብሓደገኛ ኩነታት መኪና ምዝዋር፤ ካብ ህጊ ወጻኢ ድራግ ሒዝካ ምርካብ ወይ'ኸዓ ምጥቃም፤ ምጭብርባር ወይ'ኸዓ ዕድሜኦም ምስዘይፈቅድ መንእሰያት ናይ ግብረ-ስጋ ርክብ ምፍጻም (ኣብ ኣውስትራልያ ካብ ክፍለሃገር ናብ ክፍለሃገር ይፈላለይ እዩ) እዮም።

ኣውስትራልያ ናይ ባህሊ ምትሕውዋስ ተኽብር እያ። እንተኾነ ግና ዝኾነ ይኹን ናይ ሃይማኖት ይኹን ናይ ባህሊ ተለምዶ ነባር ካብዝኾነ ናይ ኣውስትራልያ ህግታት ተመሳሲሎም ኣብ ተግባር ክውዕሉ ኣለዎም።

## ቤታዊ ጎነጽ

ከምቶም ካልኦት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ካልእ ግለሰባት ንዝፍጸም ሁውከት ኣብ ኣውስትራልያ ካብ ህጊ ወጻኢ ስለዝኾነ ብጥብቂ ዝርኣይ ጉዳይ እዩ። ንሱ እውን ናይ ቤታዊ ጎንጺ ወይ 'ኻዓ ናይ ቤተሰብ ጎንጺ ብምባል ንዝፍለጥ፤ ኣብ ዝገን ኣብመርዓ ማእከል ንዝፍጸም ጎንጺ ይውስኽ። ናይ ቤታዊ ጎንጺ ዝኾነ ይኹን እተበደለ ኣብ ሰውነቱ ክበጽሕ ኣብ ዝእል ጉድኣት ኣብ ፍርሓት ከይወድቕ፤ ናይ ግብረ-ስጋ ርክብ ወይ'ኻዓ ናይ ሞራል በደል ወይ'ኻዓ ጉድኣት ምብጻሕ፤ ኣገዲድካ ናይ ግብረ-ስጋ ርክብ ምፍጻም፤ ብሓይሊ ምግላል ወይ 'ኻዓ ገንዘብ ምኽልካል ፈጺሙ ተቐባልነት የብሉን።

## ድራግ፤ ሽጋራ ምስታይን ኣልኮል ምስታይን

እኣብ ህጊ ወጻኢ ዝኾኑ ድራግ ምክፍፋል ወይ'ኻዓ ሒዝካ ምርካብ ዘስዕቦ ቅጽዓት ብጣዕሚ ከፍ ዝበለ ቅጽዓት ክኸውን ይኽእል። ከብቂሉ፤ ከከፋፍሉ፤ ወይ'ኸዓ ክሸጡ ንዝርከቡ 'ኻዓ እቲ ቕጽዓት ብጣዕሚ ዝበኣሰ እዩ። ሽጋራ ምስታይን ኣልኮል ምስታይን ካብ ህጊ ወጻኢ ኣይኮነን፤ ይኹን ደኣምበር ኣብ ደገ ንምጥቃም ግን ብዝሕ ዝበለ ገደብ ተጌርሉ እዩ።

ሽጋራ ምስታይ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ተኸልኪሉ እዩ። ካብኣቶም ማእኸል 'ኻዓ ናይ መንግስቲ ቤት ጽሕፈታት፤ ቤት ጥዕና፤ ናይ ስራሕ ቦታታት እዮም። ኣብ ውሽጢ ገዛን ኣብ ደገን፤ ማለት 'ኻዓ ኣብ ቤት ብልዒ፤ ኣብ መደነሲ ቦታ፤ እንዳ መስተ፤ ቤት ትምህርቲን ኣብ ዕዳጋን ውሽጢ መብዛሕተኦም ክፍለ ሃገራትን ግዝኣታትን ዝተኸልከለ እዩ። ንምንኛውም ካብ 18 ዓመት ብታሕቲ ንዝኮነ ሰብ ሽጋራ ምሻጥ ካብ ህጊ ወጻኢ እዩ።

ኣልኮል ምስታይ ኣብ ኣውስትራልያ ህጋዊ እዩ። ይኹን ደኣምበር ኣብ ዝተወሰነ ስፍራን ቦታን ጥራሕ እዩ። ንዝኾነ ካብ 18 ዓመት ንታሕቲ ዝኾነ ሰብኣልኮል ምሻጥ ወይ 'ኻዓ ምሃብ ካብ ህጊ ወጻኢ እዩ። ከምኡ 'ኻዓ ዝኾነ ይኹን ካብ 18 ዓመት ንታሕቲ ዝኮነ ሰብ ካብ ገዛኡ ወጻኢ መስተ ምስታይ ካብ ህጊ ወጻኢ እዩ። ኣብ ርእሲ ጥዕና ክበጽሃ ዝኽእል ጉድኣት ብዝተመልከተ ንዝበለጸ ሓበሬታ እንድሕር ደሊኹም ናይ ኣውስትራልያ ናይ ኣልኮል መስተ መምርሒ ይመልከቱ።

## ናይ ሓበሬታ መስመር

- www.alcohol.gov.au

## ናይ ተራፊክ ህግታት

መኪና ምዝዋር ብኽፍለ ሃገርን ብግዝኣትን መንግስቲ ህጊ ጌርሉ እዩ። ኣብ ኣውስትራልያ መኪና ንምዝዋር እቶም ነበርቲ ናይቲ ዞባ ንምዝዋር ህጋዊ -ፍቓድ ምሓዝ ኣለዎ። ዝዝውርዎ መኪና እውን ዝተመዝገበ ክኸውን ኣለዎ። ናይ ትራፊክ ህግታት ምጥሓስ ወይ ኻዓ ምትሕልላፍ ከፍ ዝበለ ናይ ገንዘብ ቅጽዓት፤ ናይ ምዝዋር ህጋዊ-ፍቓድ ምሕዳግ፤ ወይ ኸዓ ማእሰርቲ ከብጽሕ ይኽእል እዩ። ዝኾነ ይኹን ብመኪና ዝኸይድ ግለሰብ ኣፍቲ መኪና ውሽጢ ዝርከብ መዕጠቒ ምግባር ግድነት እዩ። (መናእሰይ ቆልዑትን ህጻናትን ብዝተመልከተ ፍቓድ ብዘለዋ ናይ ቖልዑት ኮፍ መበሊ ውሽጢ ም'ኧን ኣለዎም።)

ስለ ምዝዋር ሕጋዊ ፍቓድ ብዝምልከት ኣብ ገጽ 42 ይርኣዩ።

ናይ ትራፊክ ህግታት ብሕልፊ ኣንታፍቲ እተፈቐደሉ ንላዕሊ ምጉያይን ኣልኮኦል ድሕሪ ምስታይ ምዝዋርን ብዝተመልከተ ብጣዕሚ ጥቡቕ እዩ። ብተወሳኺ እውን ብሞባይል ስልኪ እንዳተዛረቡ ምዝዋር ካብ ህጊ ወጻኢ እዩ።

## ንእንስሳታት ሰብኣዊ ብዝኾነ መንገዲ ምሕብሓብ

እንስሳታት ምትእጉጓል ወይ ኸዓ ምግሳል ካብ ህጊ ወጻኢ እዩ፥ ግለሰባት፤ ናይ ዝሓ እንስሳታት ወይኸዓ ኣብ ዱር ንዝነብሩ ኣራዊታት ሰብኣዊ ብዝተመልአ መንገዲ ምሕብሓብ ይሕለዎም እዩ። ብዙሓት ናይቲ ዓዲ እንስሳታት ብህጊ ዝተሓለው ስለዝኾኑ ምህዳን ብዝተመልከተ ጥብቕ ዝበለ ህጊ ኣሎ። ብተወሳኺ እውን ኣብ ልዕሊ ናይ ግለሰብ ንብረት ንዝርከቡ እንስሳታት ምቕታል ክልክል እንትኾን፤ ናይ ዝሓ እንስሳታት ብዝተመልከተ መብዛሕትኡ እዋን ናይቲ ከባቢ ህጊ ኣለዎ እዩ፥ ብዝሕ ዝበሉ ኣውስትራልያናት ከልቢ፤ ድሙ፤ ወይኻዓ ኣዕዋፍ ኣብ ድሕሪ ገዝኦም (backyard) ብምባል ብዝፍለት ይሕብሕብዎም።

## ጠበንጃን ካልኦት መሳርያታትን

ኣብ ኣውስትራልያ መሳርያ ማለት ካራ፤ ወይኸዓ ናይ ጦር መሳርያ ምሓዝ ብህጊ ዝተኸልከለ እዩ። ንምህዳን፤ ንስፖርት ተኹስን ኣብ ከባቢ ሕርሻ ጠበንጃ ንምጥቓም ዝደልይ ግለሰብ ፍቓድ ምውጻእ ኣለዎ። ፍቓድ ዘይምውጻእን ፈቓድ ዘይብሉ ጠበንጃ ምሓዝ ካብ ህጊ ወጻኢ እዩ።

## ካልኦት ህግታት

ርስሓት ምድር'ባይ፤ እቲ ከባቢ ምርሳሕ ወይ ኸዓ ብዘይ ምንም ፍቓድ እቲ ርስሓት ኣብዘይኮነ ቦታ ምድርባይ ወይ ኸዓ ካፍቲ ዝግበኦ ንላዕሊ ዓው ምባል ብዝምልከት ህጊው'ን ኣሎ እዩ።

ኣብ ኣውስትራልያ ናይ ሞት ቕጽዓት የለን።

## ማሕበራዊ ልምድታት

ኣብ ኣውስትራልያ ጥራሕ ዝፍጸሙ ብጣዕሚ ውሒዳት ማሕበራዊ ልምድታት ኣለው። ይኹን ደኣ'ምበር ምስቲ ናይ ካለኦት ዓዲ ልምድታት እንትወዳደር፤ ኣብ ሓደ ሓደ ጉዳያት ትኹረት ወይ ኻዓ ናይ ኣቀራርባ ፍልልይ ይረኣይ። እንድሕር ደኣ ትጠራጠሩ ኮይንኩም፤ ዝመኽረኩም ዓርኪ፤ ጎረቤትን ወይኸዓ ናይ ስራሕ ዓርኪ ይሕተቱ።

ንኣብነት፤ ብዙሓት ኣውስትራልያውያን ምስዝፋለጥዎ ም ወይ ኸዓ ምስ ሓቢሮም ዝሰርሕዎ ዘለዎም ርክብ ዘይወግዓዊ ኩነታት ንኽነብርዎ ይመርጹ። ኣብ ስራሕን ኣብ መሓዛ ማእኸል ኣውስትራልያን ነንሕድሕዶም ብቐዳማይ ሽም ክጸዋውዑ ይፈትው።

ይኹን ደኣም'በር እዚ ዘይወግዓዊ ኩነታት ብኣካል ምንኽኻእ ኣይውስኽን። ሓደ ሰብ ንመጀመርያ እዋን ክረኽብዎ እንተለው ብየማናይ ኢዶም ሰላምታ ዝተለመደ እዩ። ዘይፋለጡ ግለሰባት ብሓፈሽኡ ኣይሰዓዓሙን ወይ ኻዓ ኣይተሓቛቐፉ።

## ትሕትና ዘለዎ ጸባይ

በጃኹም 'Please'ን ኣመስግን 'thank you' ምስ ሰባት ክትወዓዓሉ እንተለኹምን ኣቑሑት እንትትገዝኡ እዋንን ወይ ኸዓ ግልጋሎት እንትወሃበኩም እዋን ዘገልግልኹም ብጣዕሚ ዝሕግዙ ቓላታት ኢዮም። እንታይ ከምትደልዮ እኣብ ትሕተትሉ እዋን፤ ከም ኩባያ ሻሂ፤ እቲ ሻሂ እንድሕር ደኣ ደሊኹምዎ፤ እሺ በጃኹም 'yes please' ወይ ኻዓ በጃኹም 'please' እቲ ሻሂ እንድሕር ደኣ ዘይደልኽምዎ

  

ኮይንኹም ኣይ ኣመስግን ‘no, thank you’ ብማለት ትሕትና ምርኣይ ኣለኩም። ካፍቲ ግለሰብ ሓደ ነገር ኣብ ዝረኽብኩሞ እዋን ኣመስግን ‘thank you’ ማለት ኣኽብሮት እዩ።

ኣውስትራልያን መብዛሕትኡ እዋን ናይቲ ግለሰብ ኣቓልቦ ንምስሓብ ይቕሬታ ‘excuse me’ ይብሉ። ምስቲ ግለ ሰብ እንድሕር ተዳፊኦም ኻዓ እሓዝን ‘sorry’ ይብሉ። ብተወሳኺ እውን ኣብ ህዝቢ ማእኸል ወይ ኻዓ እንዳፍቲ ግለ ሰብ ገዛ እንተ ኣጉሲዕኹም ወይ ኸዓ ተተፊእኹም ይቕሬታ ‘excuse me’ ወይኸዓ ምሓሩኒ ‘pardon me’ ይብሉ።

ኣብ ኣውስትራልያ ናይ ሹቕ፣ ናይ ባንኪ፣ ናይ መንግስቲ ድርጅታት፣ እንዳ ሲኒማ፣ ወይ ኸዓ ኣብዝኾነ ቦታ ብዙሓት ግለሰባት ብሓንሳብ ተመሳሳላይ ኣገልግሎት ብዝደሊሉ እዋን ይስለፉ ወይ ኻእኣ ብመስመር ይኾኑ። ኣውስትራልያን ብሓፈሽኡ ተረኦም በጺሑ ንኽግልገሉ ክሳብ ዝጽውዑ ወይ ኻዓ ክሳብ ዝጥየቑ ይሕልው እዮም። እዚ ኻዓ ዘርእይ ካልኦት ምኽባርን ኩሉ ንዝድልይ ነገራት ንምርካብ ትኽክለኛ መገዲ ስለዝኾነ እዩ።

ንኣኼባ ይኹን ንኻልእ ንምጉብናይ ኣብ ሰዓቱ ምብጻሕ ብጣዕሚ ኣድላይ እዩ። ክርፍድ እየ ኢሎም ዝሓስቡ እንተኾይኖም፣ እቲ ግለሰብ ብምርካብ ከምዘርፍዱ ክትገልጽሉ ኣለኩም። ብሕልፊ እዙይ ምግባርኩም ብጣዕሚ ኣድላይ ዝኾና እቶም በዓል ሞያታት፣ ማለት ኻዓ ከም ድክተር/ሓኪም ዝኣመሰሉ፣ ንምርኣይ ቆጸር ሒዞም ምኽያድ እንተዘይ ኪኢሎም ቀዲሞም ምዝራብ ኣድላይ እዩ። እዚ ንኽትገብሩ እንተዘይ ኪኢልኩም ንዝዘንጋዕኹሙሉ ወይ ኻዓ ንዝተረፍኩሙሉ ቆጸሮ ንኽትከፍሉ ክትሕተቱ ኢኹም።

ብዙሓት ኣውስትራልያን ንፋጦም ክናፈጡ እንተለው መንዲል ወይ ኸዓ ቲሹ ይጥቀሙ እምበር ኣብ መንገዲ ኣይናፈጥዎን እዮም። እንቱፍ ንኽብሉ እውን በዚ ዓይነት፣ እዙይ ከም ዝገብሮ ፍሉጥ እዩ። ብዙሓት ሰባት ክሕንጥሱ እንተለው ይምሓርኩም ‘bless you’ ይብሉ። እዚ ኣበሃህላ ናይ ሃይማኖት ትሕዝቶ የብሉን።

## ናይ ብሕቲ ጽርየት

ንባዕልኹም፣ ቤተሰብኩምን ካልኦት ግለሰባትን ካብ ሕማም ንምክልኻል እንድሕር ደኣ ደሊኹም፣ እቲ ቀንዲ መንገዲ ጽቡቕ ዝኾነ ናይ ብሒቲ ጽርየት ንኽእልወኩም ምግባር እዩ። መብዛሕትኦም ኣውስትራልያን ምግቢ ቕድሚ ምድላዎም፣ ቅድሚ ምብለዖም፣ ምስ ሰዓሉ ወይኸዓ ምስ እሕንጠሾም፣ ሽንቲ ቤት ምስተጠቐሙ፣ ንእንስሳታት ተነኪኦም፣ ጀርሚ ብምትሕልላፍ ናይ ባዕልቶም ይኹን ኮነ ናይ ካልኦት ጥዕና ክጎድእ ብዝኽእል ምንቅስቓሳት እንድሕር ተሳቲፍኩም ኢድኩም ይተሓጸቡ።

ምስ ካልኦት መግቢ ክትካፈሉ እንተለኹም እቲ ጀርሚ ከይመሓላለፍ መብዛሕትኡ እዋን እቲ መግቢ ክተልዕሉ በቲ ዝተዳለወ ኣቑሑት ምጥቃም ጽቡቕ ልምዲ እዩ። ናይ መግቢ መልዐሊ ከም መንቀርቀሪ፣ ማንካ፣ ወይ ኻዓ ፋርኬታ፣ ማንካ ቲና ወይ ኻዓ ናይ ሰላጣ ኣቕሓ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

## ኽዳን

እቲ ህዝቢ ዝኽደኖ ናይ ክዳን ዓይነት፣ ከምቲ ናይ ኣየር ምልውዋጥ፣ ናይ ኣውስትራልያ ምትሕውውስ ዘሎ ምኽኑ የንጸባርቕ። ብዛዕባ ኣከዳድና ምንም ዓይነት ህጊ ወይኸዓ መምርሒ የለናይ፣ እንተኾነ ግና ንስራሕ ዝምችው ሓደ ሓደ ክዳውንቲ ምኽዳን የድሊ እዩ። መብዛሕትኦም ናይ ስራሕ ቦታታ ምኽዳን ዝተለመደ እዩ።

ካብ ስራሕ ወጻኢ ናይ ኣከዳድና ኩነታት ናይቶም ግለሰባት ምርጫ እዩ ብዙሓት ሰባት ንምችቶም፣ ንማሕበረ ሰብ ኩነታት ወይ ኸዓ ነቲ ናይ ኣየር ጸባይ ዝኾኑ ክዳውንቲ ይኽደኑ። ክለባት፣ እንዳ ሲኔማን ካልኦት ቦታታት ብስርዓትን ጽሩይ ክዳንን ግቡእ ቓማን ክገብሩ ኣለዎም።

ብዙሓት ኣውስትራልያናት ኣፍቲ ከባቢ ገምገም ባሕሪ ይነብሩ። ኣብ ሙቐት እዋን ናይ መሕምበሲ ክዳን ክኽደኑ ይኽእሉ እዮም። ወይ ኸዓ ኣብ ገምገም ባሕሪ ኣፍቲ ከባቢ ብጣዕሚ ንእሽቶይ ክዳን ይኽደኑ። እዙይ እውን እንተኾነ፣ ኣፍቲ ገምገም ባሕርን ከባብን ብጣዕሚ ንእሽቶይ ክዳን እንተተኸደኑ እውን ናይ ሞራል ኣቓሞም ትሑት እዩ ማለት ኣይኾነን። እዚ ማለት ኣውስትራልያውያን ኣብ ገምገም ባሕርን ከባብን ናይዚ ዓይነት ኣከዳድና ተቐቢሎሞ ማለት እዩ። ነንሕድሕዶም ናይ ኣውስትራልያ ክፍለ ሃገራት ጥረሖም ‘nudist’ ንምኺን ንዝደልዩ ሕብረተሰብ ዝተፈለየ ቦታ እንተገበረሎም፣ ብዙሓት ግለሰባት ብዘይ ምንም ናይ ምሕመሲ ወይ ኸዓ ክዳን ዘይተኸደኑ ይሕምሱ።

ካብ ካልእ ንዝመጹ ግለሰባት እቲ ባህሎም ዘንጸባርቕዎ ኽድን ክኽደኑ ይኽእሉ እዮም።

### መጸዋዕታ

ንምሳሕ፤ ንድራር፤ ንባርቢኮ፤ ንፓርቲ፤ ንመርዓ፤ ንልደት ወይ ኻዓ ንኻል ዓይነት ምድላው እንተትጋበዙ፤ መብዛሕትኡ እዋን ተለይልኩም መልሲ ትህቡ እንተዘይኾነ ኻዓ ብደብዳበ፤ ብስልኪ ወይኸዓ ብኢመል ምምላስ ይኽእሉ እዮም። ፍርቂ መዓልቲ ዝብላዕ ምግቢ ምሳሕ 'lunch' ይበሃል። ምሸት ዝብላዕ መግቢ ኻዓ ድራር 'dinner' ይበሃል። ሓደሓደ ኣውስትራልያን ብምሸት ንዝብላዕ መግቢ ሻሂ 'tea' ይብልዎ። እዚ ኣበሃህላ እዚ ድራር እውን ክኸውን ይኽእል እንተዘይ ኾነ ኻዓ ከምቲ ኣበሃህላ ኩባያ ሻሂ 'cuppa' ጥራሕ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንሻሂ እንድሕር ተጊዝኩም ናት ግብዣ ሰዓት እቲ ጸዋዓይ ንሻሂ ወይ ኻዓ ንድራር ከምዝጋበዝኩም ክነግረኩም ይኽእል እዩ። ናይ ምሸት 12 ሰዓት (1800 ሰዓት) ንሻሂ እንድእር ደኣ ተጸዊዕኹም መብዛሕትኡ እዋን ድራር ማለት እዩ።

ናይ መግቢ ግብዣ እንድሕር ደኣ ተቐቢልኩም መብዛሕትኡ እዋን እቲ ዝጋበዘ ዘትበልዕዎ ናይ መግቢ ዓይነት ንኽገልጽ ልሙድ እዩ። ክትበልዕዎ ዘይትደልዩ ወይ ኻዓ ብጥዕና ምኽንያት ዝተኸልከልዎ መግቢ እንተሃልዩ ክጥይቑኹም ይኽእሉ እዮም። እትበልዕዎ ተኸልታት ጥራሕ እንተኾይኑ ከምኡ ኻዓ ሙስሊም ወይ ኻዓ ኣይሁድ ምዃንኩምን ናይ ሓሰማ ስጋ ከምዘይትበልዑ ምንጋር ተቐባልነት ኣለዎ። እቲ ዝጋበዘኩም ሰብ ኣልኮሆል የሰቲ እንድሕር ደኣ ኮይኑ፤ ኣልኮሆል እንተዘይ ደልኹም ንኽትሰትዩ ዘገድደኩም የለን።

## ዕማም ናይ ቤተሰብ ምልዋጥ

ባህላዊ ናይ ኣውስትራልያ ቤተሰብ ኣቦ፤ እኖን ደቅን ይሓቑፍ። ካለኦት ቤተሰባት ብተፈላለየ ቕርጽን መጠንን ይመጹ። ብዙሓት ነጸላ ዝኾኑ ቤተሰብ፤ ናይ እንጀራን ዝተሓወወሱን ቤተሰብ፤ ሓደ ዓይነት ጾታ ዘለዎም በዓል ሓዳራት ከምኡውን ብሓንሳብ ዝነብሩ ዘይተመርዐው ቤተሰባት (de-facto relationships) እዮም። ከይተመርዐኻ ብሓንሳብ ምንባር ኣብ ኣውስትራልያ ብህጊ ዝተፈለጠ እዩ።

ኣብ ኣውስትራልያ ናይ ቤተሰብ ዕማም ክፈላለፍ ይኽእል እዩ። ኣብ ሓደ ሓደ ቤተሰባት፤ እታ እኖ በይና እንዳሰርሐትን እቲ ቤተሰብ ብእቶታ ክትድግፍ እቲ ኣቦ ኣብገዛ ብምውዓል እቶም ቆልዑት ይሕብሕብ።

ኣብ ኣውስትራልያ መርዓ ክገብር ዝኽእል ክልቲኦም ወገን ፍቓዶም እንተርእዩ ጥራሕ እዩ። እቲ ትሑት ናይ መርዓ ዕድመ 18 እዩ። ምንትኾነ ግና ቤት ፍርዲታት ሓደ ሓደ ዝተፈላለየ ኩነታት እንተተፈጢሩ እቲ ሓደ ወገን 16 ወይ ኸዓ 17 ኳመት ክኸውን ክፍቐድ ይከኣል እዩ። ኣብ ሓደ እዋን ክብ ሓደ ንላዕሊ ሰበይቲ ወይ ኻዓ ሰብኣይ ምእታው ብህጊ ክልኩል እዩ።

### ኣብነታዊ ዝኾነ ኣውስትራልያዊ ኣሎዶ?

ኣብ ቐረባ እዋናት ብዛዕባ ኣውስትራልያ መንነት፤ ማለት እውን ኣብነታዊ ዝኾነ 'typical' ኣውስትራልያዊ ምስ ዝተፈላለየ ጸባያት እንድሕር ደኣ ሃልዩ ብርክት ዝበለ ምይይጥ ነይሩ እዩ።

ብጣዕሚ ብዝሕ ዝበሉን ተፈተውትን ዝኾኑ ዝተለጠፉ 'stereotypes' ንምርካብ ሕጽረት የለን፤ እቲ ነገራት ብዝበለጸ ንምድንጋር፤ እዞም ተለጠፍቲ ኣበሃህላ ነንርእሶም ይጓነጹ እዮም።

ንኣብነት

- ኣውስትራልያውያን ብማዕርነት ዝኣምኑ ኮይኖም፤ ኣብ ሰበስልጣናት ግና ዕሙቕ ድቕና ዘርእዩ፤ ህጊ ተኸተልቲ ህዝቢ እዮም።
- ኣውስትራልያናት ካብ ምዝራብ ቁጥባት ዝኾኑን ኣብ ገጠር ወይ ኻዓ ኣብ ዱር ዝነብሩ እዮም ምስበለ- ይኹን ደኣምበር መብዛሕተኦም እቲ ናይ ከተማ ናብራ እንዳተኸተሉ ኣብ ከተማ ይነብሩ።
- ኣውስትራልያውያን ዝነብሩሉ ኣብ ከተማ ይኹን ገጠር ብጣዕሚ ግልጽን ቅኑዓትን እንትኾኑ፤ ክብልዎ ንዝደላዩ ነገር ኩሉ ይዛረቡ እዮም።
- ኣውስትራልያውያን ንግለሰባት ዕድል ናይ መሃብ 'a fair go' እምነት ኣለዎም። (ብዝዕባ 'fair go' ትርጉም 'Australian English' ምንባብ ትኽእሉ) ኢኹም። ኣብ ገጽ 32 ይርኣይዎ።
- ኣውስትራልያውያን ንዕርኽቶም 'mates' ንዝተጎድኡን ትሑታት ንዝኾኑ ይሕግዙ እዮም። ናይ ብታሕቲ 'underdog' ማለት ብስፖርት ይኹን ብኻልእ ብምግጣም ብጣዕሚ ንእሽቶይ ዕድል ዘለዎም ተጋጠምቲ ወይኻዓ ኣንጻር ዝኾኑ ማለት እዩ።
- ኣውስትራልያውያን፤ ብምግጣም ይኹን ብምርኣይ፤ ስፖርት ይፈትው እዮም።





ኣውስትራልያናት ካብ ብሪትሽ ካብ ዝረኸርዎ ውርሲ፤ ወይ ኸዓ ኣብ ቀረባ እዋን ኸዓ ምስ ኣሜሪካ ብዘለዋ ናይ ቀረባ ርክብ ወይኸዓ ካብ ድሕሪ ጦርነት ዝመጹ ብሚሊዮን ንዝቑጸሩ ተፈናቐልቲ ምኽንያት ተጽእኖ በጺሑዎ እንተኾይኑ ዝዝረቡ ብዙሓት ካለኦት ርኢቶ ኣለዎ።

ኣውስትራልያውያን ሓሓንሳብ ናይ ጂኦግራፊ ኣቐማምጥኦም ኣብ ከባቢ እስያ ፓሲፊክ እንተኾነ ግና ኣውሮፓውያን ሰዝልኾኑ ምስ ባዕልቶም ተዓሪቖም ክነብሩ እንዳሞከሩ እዮም። ይኹን ደኣምበር፤ ኣውስትራልያ ብጂኦግራፊ ኣቀምምጣኣ ምኽንያትን ብዙሓት ኣውስትራልያናት ናይ እስያ ቛንቋ ስለዝዛረቡ፤ መብዛሕትኡ እዋን ናይ እስያ ናይ መእተዊ በሪ ብምባል ትረአ።

እቲ ሓቂ ግና፤ ከም ካለኦት ቦታ ኣውስትራልያውያን ብቐልሉ ሲጋቦት ‘stereotypes’ ክንገብሮም ኣይንኽእልን ኢና። ብዙሓት ተፈተውቲ ምስልታት ብውሑዱ እኳ እንተኾነ ሓቅነት ኣለዎም፤ ስለዝኾነ ኸዓ ውሑዳት ኣውስትራልያናት እዚ ምስሊ እዙይ ክመስሉ ይኽእሉ እዮም። ይኹን ደኣ ምበር ኣየንኡ፤ ብምንታ ዝኣክል፤ ንዝብል ከከም ግለሰቡ ይፈላለይ እዩ።

ክብቶ ኣውስትራልያናት ኣመለኻኽታ ብቐረባ ዝዛመዱ ከም ዓርኪ ‘mateship’ (friendship) ዕድል ናይ ምሃብ ‘a fair go’ ንዝኣመሰሉ ጸባያት ኣብ ዓለም ከባቢ ምስዝነብሩ ህዝብታት ንንካፈሎ ክብሪ እዮም። ኣውስትራልያናት ብምርህራህ፤ ፍትሒ ብምሃብን ንዓርኪ ንዝግበር እምነት ዝተፈለየ እምነት የብለሙን።

እዞም ኣበሃህላ ኣውስትራልያዊ ዝገበሮም ብናይ ኣውስትራልያ ናይ ውሽጢ ታሪኽን ስነልቦናን ንውሽጢ ዝኣተው ብምኳኖም እዩ።

ናይ ሕርክነት ኣተሓሳስብ እንዳዓበየ ዝመጸ እቶም ናይ ፈለማ ሰፈርቲ ካፍቲ ዝነበረ ኣጸጋሚ ኩነታት ንምንባር ዝገበርዎ ብዝነበሩ ጦርነት እንተኾነኸተልቲ ናይ ኣውስትራልያ ኣወዳትን ኣንስትን ትውልዲ ኸዓ ኣብ ዱር በቲ ዝነበርዎ እዋን ነንባዕልቶም ብምትሕግጋዝ ብውሕጅ፤ ብሓዊ፤ ብድርቂ እዋን በቲ ዝሕለፍዎ ኩነታት ጠንኪሩ እዩ።

ሄንሪ ሎውሰን፤ ግግሬንፌል ጎልድፊልድስ ብዝተባሃለ ኣብ ኒው ሳውዝ ዌልስ ኣብ ዝርከብ ቦታ ብ 1867 እንተውለድ፤ ምናልባት እውን በቲ እዋን እቲይ ካብ ዝነበሩ ዝርዝር ኩነታት ካፍቶም ዝምዝገቡ ግለሰባት ዝተፈለጡ እንተኾኑ፤ ስለ ዕርክነት ‘mateship’ ስለ ናይ ሰብ ክ ብሪ፤ ኣብ ኣውስትራልያ ዱራት ስለዝነብሩ ኣነስትን ኣወዳትን ብቐልሉን ብስምዒትን ይጽሕፍ ነይሩ።

ናይ ዕርክነት ‘mateship’ ን ናይ ተኣምንነትን ስነልቦና ኣውስትራልያናት በቲ ቀዳማይ ናይ ዓለም ጦርነት፤ ሓደ ሓደ እዋን እቲ ቀንዲ ጦርነት ኣንዳተባህለ ንዝፍለጥ ጦርነት፤ ኣብ ጋሊፖሊ ብዝተገብሮ ናይ ኣንዛክ ጦርነት በቲ ዝበጽሖም ርኽቦት ብዝበለጸ ተጠናኺሩ እዩ።

እዚኦምን ካለኦት ምስቶም ናይ ፈለማ ኣውስትራልያናት ዝተተሓሓዙ ጽሮት ዘለዎም ኩነታት፤ ድሓር ብሚሊዮን ካብ ኣውሮፓ፤ ካብ ክልቲኦም ኣሜሪካ፤ ካብ እስያ፤ ካብ ኣፍሪካን ማእኸላይ ምስርቕ ካብዝመጹ ሰፈርቲ ብምትሕብባርን ብምህፍታምን ሕጂ'ውን ኣብ ውሽጢ ኣውስትራልያናት ይነብር።

ብጣዕሚ ኣብ ቀረባ ንዝመጹ ነበርቲ ኸዓ ኣብ ኣውስትራልያ ንዝነበረ ባህልን ጸባይን ብምዕባይ፤ ሓዲሽ ባህልን ልምዲ ብምውሳኽ ረዲኦም እዮም። ዝገበርዎ ኣስተዋጽኦ ብጣዕሚ ዓብይ ስለዝኾነ፤ መብዛሕትኦም ናይ ኣውስትራልያ ናይ ኣነባብራ ኩነታት ኣብ ንግዲ፤ ብስነ ጥበብ፤ ምግቢ ብምድላው ብመስሓቂ ብዝኾኑ ትረኢታት እዕብዮሞ እዮም።

## ናይ ፍትወት ኣገሎግሎት - ኣብ ስራሕ ዝረኣይ ዕርክነት ‘mateship’

ኣውስትራልያውያን ብዙይ ክፍሊት ብማሕበራዊን ብሕብረተሳባዊን ናይ ፍትወት ግልጋሎት ንምሃብ በቲ ዘለዎም ፍቓድ ዝተፈለጡ እዮም። ካብ ሽዱሽተ ሚሊዮን ንላዕሊ ዕድሚኦም ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ ዝኾኑ ኣውስትራልያናት ብዝተፈላለየ መልክዑ ማለት ውን፤ ብሃንደበት ኣገልግሎት፤ ብደህንነት፤ በቲ ናይ ከባቢ ሓለዋ፤ ገንዘብ ብምእካብ፤ ብኣመራርሓ፤ ብምምሃርን ብምምሕድዳርን ንቑሕ ተኻፋልነት ይገብሩ እዮም።

ብዙሓት ኣውስትራልያናት ናይ ዱር ሓዊ ተኸላኸልቲን ናይ ሃንደበት ሓደጋ መኮንናት ናይ ፍትወት መገልገልቲ እዮም።

ከም ሓደ ጽንዓት እንተኾይኑ፤ 47 ካብ ሚኢቲ ዝኾኑ ግለሰባት ናይ ፍትወት ግልጋሎት ስለምንታይ ከምዝህቡ እንተተሓተቱ፤ ዝሃብዎ ምኽንያት ነቲ ሕብረተሰብ ንምግልጋል ስለዝደልይ እየ ኢሎም። ካልኦት 43 ካብ ሚኢቲ ዝኾኑ ኸዓ ግልጋሎት ዝህቡ ኸዓ ንባዕሎም ተሓጎስ ስለዝህቦም እዩ።

### ናይ ሓበሬታ መስመር

- ናይ ኣውስትራልያ ናይ ፍትወት ግልጋሎት ‘Volunteering Australia’ www.volunteeringaustralia.org

## ናይ ኣውስትራልያ እንግሊዝኛ

ምንም እኳ እንግሊዝኛ ናይ ኣውስትራልያ ብሄራዊ ቋንቋ ይኹን ደኣምበር፤ በብእዋኑ ኣብ ጥሚ ብምውዓል ሓደሓደ ቃላታትን ኣበሃህላን ብተለይ ናይ ኣውስትራልያ ኣዘራርባ ብምኺኖም ዝፍለጡ እንትኾኑ፤ ንሓደሽቲ መጻእቲ ሓደሓዲኦም ጋሻን መደናገርን ክኾኖም ይኽእል እዩ።

እዚኦም ተራን ቁንቁኛ ቃላታት ዝተፈላለየ ኣመጻጽኣ ኣለዎም። ሓደሓዲኦም እሕጽር ኣብልካ ዝንበቡ ናይ ነዊሕ ቃላት ቕደሓት እዮም። መብዛሕተኦም ኻእኣ ካብ ሰሜን ኢንግላንድ ብዝመጹ ተፈናቐልቲ ኣብ ጥቕሚ ዊዒሎም ዝነበሩን ከም ኣውስትራልያ ቃላት ብምዃን ኣብ ጥቕሚ ዝወዓሉ እዮም። ኣውስትራልያናት መብዛሕትኡ እዋን እቶ ቓላት ይሕጽርዎም እዮም፤ ንኣብነት፤ ፉትቦል ‘football’ ‘footy’ እንትበሃል፤ ባርቢኪው ‘barbecue’ ‘barbie’ ‘television’ ኻዓ ‘telly’ ይብሃል።

ነንሕድሕዶም ናይዞም ቓላት ኣጠቓቕማ፤ ብዙሕ እዋን ምስ ናይ ኣውስትራላውያን ጸወታን ቀልድን ከምኡ ኻዓ ንኣኽብሮት ምስቲ ዘይምግዳስ እንትውሰኽ፥ ሓድሓደ እዋን ምድንጋር ይፍጠር እዩ።

ኣብሃህልኡ እንታይ ንምባል ከምዝኾነ እንድሕር ድኣ ዘይተረዲእኩም፤ ንቲ ዝተዛረቦ ሰብ ንኽርድእኩም ተሓተትኩምዎ ምንም ኣይኮነን።

ተራ ዝኾኑን ሓሊፉ ሓሊፉ ክትሰምዕዎም እትኽእሉ ኣባሃህላ

**ኣርቮ Arvo ብሓጺሩ ድሕሪ ሰዓት ማለት እዩ** – ‘drop by this arvo’, ማለት በጃኹም ሎሚ ድሕሪ ሰዓት መጺኹም ይጠይቑና ማለት እዩ።

**ባርቢኪው ‘Barbecue, BBQ, Barbie’:** ኣብ ደገ ዝዳለው መግቢ እዩ። መብዛሕትኡ እዋን ብጋዝ ወይ ኻዓ ብፍሓም ብዝረሰነ መጥበሲ ወይ ኸዓ ኣብ ርእሲ ገፌሕ ሓጺን ስጋ ምጥባሳእ እዩ። እቲ ዝጋበዘ ሰብ እቲ ስጋን ሰላጣን ምስ ባኒ የቐርብ። ሓደ ሰብ ባርቢኪው እንትጋብዝ እንተሎ እንታይ ከምጽእ ኢልካ ምሕታት ዝተለመደ እዩ። ስናግ ‘snag’ ዝባያል ጥረ ሶሴጅ እንትኾን መብዛሕትኡ እዋን ኣፍቲ ባርቢኪው እይ ዝጥበስ። ካብ ሓሰማ፤ ካብ ናይ ከብቲ ስጋ፤ ካብ ደርኡ፤ ካብ ኣታኽልቲ ወይ ኻዓ ካብ ጥረ ምረ ክዳለው ይኽእል እዩ።

**ባራክ ፎር ‘Barrack for’:** ምድጋፍ ወይ ኸዓ ምጥብባጥ (ብሕልፊ ዝድገፉ ናይ ስፖርት ጋንታ)

**ብሎክ ‘Bloke’:** ወዲ። ሓሓንሳብ ሓገዝ እክትሓቱ እንተለኹም እዚ ዝኣመሰለ መልሰ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። እተዲ እቲይ 'ብሎክ' ከይድኩም ኣዘራርብዎ'።

**ሽሓነ ኣምጽኡ፤ ንድግስ ወይኸዓ ንስራሕ እንትትጋብዙ 'ሽሓነ ኣምጽኡ ‘Bring a plate’** ክትበሃሉ ትኽእሉ ትኾኑ ኢኹም። እዚ ማለት ኸዓ ምስቶም ተጋበዝትን ምስቶም ጋያሹን ሓብርኩም እትበልዖ መግቢ ሒዝኩም ምጹ ማለት እዩ። እዚ ዓይ'ነት ተግባር ከም ቤት ትምህርቲ፤ ናይ ስራሕ ወይ ኸዓ ናይ ክለብ ናይ ማሕበረ ሰብ ኣኼባ ንዝኾነ እዩ። እንታ ሒዞም ከምዝኸዱ እንድሕር ዘይፈሊጥኩም ነቲ ዝጋበዘኩም ሰብ እንታይ ሒዞም ከምዝኸዱ ምሕታት ጽቡቕ እዩ።

**ቢ፤ዋይ፤ኦ ‘BYO’:** ንዝብል ናይ ጻዊዒት ወረቐት እንድሕር በጺሒኩም፤ በ፤ዋይ፤ኦ ‘BYO’ ማለት እትሰቲዎ መስተ ሒዝኩም ምጹ ማለት እዩ። ኣልኮኦል ዝኾነ መስተ ክትሰቲዩ እንድሕር ደኣ ዘይትኽእሉ ኾይንኩም፤ ናይ ፍራ ፍረ ጽሟቕ፤ ለሳሳ መስተ ወይ ኸዓ ማይ ሶዳ፤ ወይኸዓ ማይ ክተምጽኡ ትኽእሉ ኢኹም። ሓደ ሓደ ቤት ብልዒ ቢ፤ዋይ፤ኦ ‘BYO’ ኣለዎም። ናይ ብሕትኹም ናይ ወይኒ መስተ ሒዝኩም ክትመጹ ትኽእሉ ኢኹም። ይኹን ደኣምበር እቲ ጠርሙዝ ንምኽፋት፤ ንምቕዳሕን ዝተጠቐሙሉ ብርጭቆ ንምሕጻብ፤ ኾርኬጅ ‘corkage’ ብምባል ዝተፈለጠ ናይ ግልጋሎት ክፍሊት ንኽትከፍሉ ትሕተቱ ኢኹም።

**ካፓ ‘Cuppa’:** ሓደ ብርጭቆ ሻሂ ወይ ኸዓ ኹባያ ቡና ማለት እዩ። ‘Drop by this arvo for a cuppa’ ማለት ሎሚ ድሕሪ ሰዓት መጺኹም ሻሂ ቡና ይበሉ ማለት እዩ።

  

**ዲገር 'Digger'** ናይ ኣውስትራልያ ወተሃደር እዩ።

**ጎ ፎር ዩር ላይፍ 'Go for your life':** እወ፤ ምግባር ትኽእል/ትኽእሊ ማለት እዩ።

**ጉእጌይ G'day:** ሰላም፤ ከመይ ኣለኻ? ማለት እዩ።

**ፈር ጎ 'Fair go':** ማዕረ ዕድል ወይ ኸዓ ኣድልዎ ዘይብሉ። እዚ ማለት ኸዓ ናይ ሓደ ግለ ሰብ ሂወት ውጽኢት ዘለዎ/ዘለዋ ክእለት ጻዕሪ፤ መንፋዕቲ እምበር ብሃረግ ትውልዲ ወይ ኸዓ ብኣድልዎ ምኽንያት የብሉን።

**ፎርትናይት 'Fortnight':** እዚ ኣበሃህላ ዝገልጾ ናይ ክልተ ሰሙን እዋን እዩ።

**ኖ ዎሪስ 'No worries':** ጸገም የለን። ዝተኣዘዝክምዎ ስራሕ ወይ'ኸዓ ሕቶ ብዘይ ምንም ጸገም ወይ ኸኣ ምንዳድ ይፍጸም።

**ኦከር 'Ocker':** ስዲ/ ባዓለገ፤ ዘይተቐጽዐ፤ ጉረኛ ኣውስትራልያዊ ማለት እንትኾን፤ መማረጺኡ ኸዓ እቲ ኩነታት ዘምልክት ጽቡቕ ቕያዕ፤ ሓገዝ ዝህብን ፈላጥ ኣውስትራልያዊ ማለት እዩ።

**ሻውት 'Shout':** ማለት ኣቲ ግለ ሰብ መስተ ምዕዳግ ማለት እዩ። እዕርኽቲ ኣብ ቤት መስተ እንትእከቡ፤ ሾት ኤ ራውንድ 'shout a round' ዝበሃል ኣዘራርብ ምባል ዝተለምደ እዩ። እዚ ማለት ኸዓ ንኹሉ መስተ ምግዛእ ማለት እዩ። ነንሕድሕዱ ሰብ 'ብዙርያእ ይገዝእ።

**ቱ፤ ቢ፤ ክሩክ 'To be crook':** ምሕማም ወይ ኸዓ ጥዕና ምስኣን ማለት እዩ።

ብዛዕባ ኣውስትራልያ ኣበሃህላ ናይ ሹቕ ቛንቛታት ዘረድኡ ብዙሓት መጻሕፍቲ ኣለዉ። ካብኣቶም ማእኸል ኸዓ ናይ *Macquarie Dictionary Book of Slang* ይርከብ።

## ክብረ በዓልን ኣውደ ኣመትን

ኣውስትራልያን በብ ዓመቱ ዝተፈለየ ወይ ኸዓ ብብዝሪ ፍሉጣት ዝኾኑ ዝተፈለዩ መዓልትታት የኽብሩ እዮም።

መብዛሕተኦም ሰራሕተኛታት ካብ ዓመት ፍቓዶም ብተወሳኺ፤ ኣብ ዓመት ውሽጢ ናብ 12 ዝኾኑ ሃገራዊን ክፍለሃገራዊን/ ግዝኣታዊ ናይ ህዝቢ ኣውደኣመታታ ኣለዎም።

ካብዞም መዓልትታ እዚኦም ሓደሓዲኦም ንኹሎም ከም ኣውደኣመት እንትቑጸር እንትሉ፤ ኣብ ኩሉ ክፍለሃገራትን ግዝኣትን ኣብ ሓደ መዓልቲ ይውዕሉ እዮም። ሓደሓደሻዕ ኸዓ ብብሔራዊ ብርኪ ዝተፈለየ ምድላው ተጌርሎም ይኽበሩ እዮም። ሓደ ሓደ ናይ ከባቢ ኣውደኣመት ኸዓ ብዝተፈለዩ ናይቲ ክፍለ ሓገርን ግዝኣትን ይኽበሩ እዮም።

**Christmas ናይ ጌታ ልደትን Easter** ናይ ጌታ ትንሳኤ (ፋሲካ) ብጣዕሚ ኣድለይቲ ካብ ዝኾኑ ክልተ ናይ ክርስትና እምነት ተኸተልቲ ኣውደኣመት እንትኾኑ፤ ኣብ ሙሉእ ኣውስትራልያ ከም ናይ ህዝቢ በዓል ኮይኖም ተኽቢሮም ይውዕሉ። ናይ ጌታ ልደት በብዓመቱ 25 ዲሰምበር እንትኽበር፤ ናይ ጌታ ትንሳኤ ኸዓ በብዓመቱ ኣብ መወዳእታ ማርች ወይ ኸዓ ኣብ መጀመርያ ኤፕሪል ይውዕል።

**ናይ ቦክሲንግ ማዓልቲ**

ናይ ቦክሲንግ መዓልቲ ብ 26 ዲሰምበር ይውዕል። እቲ መዓልቲ ናይ ህዝቢ ኣውደኣመት እቲ መዓልቲ ናይ ቦክስ ምግጣም ዝግበረሉ መዓልቲ እዩ እንትብሉ ካለኦት ኸዓ ውህብቶታት ብሳንዱቕ ዝወሃበሉ መዓልቲ እዩ ይብሉ። ናይ ቦክሲንግ መዓልቲ ከም ናይ ጌታ ናይ ልደት መዓልቲ ኮይኑ ይኽበር።

***ናይ ዘመን መለወጢ መዓልቲ*** በብዓመቱ ብ 1ጃንዋሪ እንትውዕል እቲ መዓልቲ ዕን ናይ ህዝቢ ኣውደኣመት እዩ። ኣብኣውስትራልያ ብጣዕሚ ዝተለምደ ሰራሕተኛታት ናይ ዓመት ፍቓዶም ዝወስድሉ እዋን ካብ ዲሰምበር ፍርቂ ክሳብ ጃንዋሪ መወዳእታ እዩ።

### ሓደ ሓደ ካልኦት ኣድለይቲ ብሄራዊ መዓልትታት

#### ናይ ኣውስትራልያ መዓልቲ

ናይ ኣውስትራልያ መዓልቲ ብ 26 ጃንዋሪ እንትውዕል፤ እቲ መዓልቲ ኣውስትራልያውያን ከም ናይ ህዝቢ ብምዃን ብ 1788 መስረቲ ናይ ኣውሮፓ ሰፈርቲ ኣውስትራልያ ዝበጽሕሉ መዓልቲ ንምሕሳብ እዩ። ናይ ህዝቢ ናይ ኣውደኣመት መዓልቲ ስለዝኾነ፤ ብሕልፊ ሓደሽቲ መጻእቲ ናይ ኣውስትራልያ መዓልቲ ዝካየደሉ ቦታ እንዳተረኸቡ ነቶም ኣውስትራልያን ንኽራኸቡ ይዕደሙ።

#### ናይ ኣንዛክ መዓልቲ

ናይ ኣንዘክ መዓልቲ ብ 25 ኤፕሪል እንትውዕል፤ ብ 1915 ብቐዳማይ ናይ ዓለም ጦርነት እዋን፤ ናይ ኣውስትራልያን ናይ ኒው ዚላንድን ናይ ጦር ሰራዊት (Anzacs) ብጋሊፖሊ፤ ቱርኪ ዝዓረፉሉ መዓልቲ እዩ። እዚ መዓልቲ እዚ ዝተወሰኖ ብዅይናት ንኣውስትራልያ ንዝተዋግኡን ሂወቶም ናዝሕለፉን ኩሉ መተሓሳሰቢ ንኽኸውን እዩ። እቲ መዓልቲ ናይ ህዝቢ ኣውደኣመት እንትኾን ዝዕሰበሉ ኻዓ ጉንጉን ኣበባ ብምቕማጥን ብወተሃደራዊ ሰልፍን እዩ።

#### ናይ ንግስቲ ናይ ልደት መዓልቲ

ናይ ንግስቲ ናይ ልደት መዓልቲ በብዓመቱ ጁን ምስኣተወ ብኻልኣይ ሰኑይ እንትኽበር እቲ መዓልቲ ናይ ህዝቢ ኣውደኣመት እዩ። ብምዕራብ ኣውስትራልያ ግና እቲ መዓልቲ ዝኽበረሉ ኣብ መስከረም ወይ ኻዓ ኣብ ኦክተበር እዩ።

#### ናይ ኣውስትራልያ ናይ ዜግነት ዕለት

ናይ ኣውስትራልያ ናይ ዜግነት ዕለት ብ 17 ሴፕቴምበር 2001 ከምብሓዱሽ እንክምስረት እንክሎ፤ እቲ ብ1948 ዝወጸ ሃገራዊን ዜግነታዊን ኣዋጅ (Nationality and Citizenship Act 1948) ሽም ብ1973 በቲ ዝወጸ ናይ ኣውስትራልያ ዜግነት ኣዋጅ (Australian Citizenship Act) ዝተቐየረሉ ዓመት በዓል ንምዝካር እዩ ነይሩ። እዚ ዕድል ኣውስትራልያውያን ናይ ኣውስትራልያ ዜግነት እንታይ ማለት ከምዝኾነን ኣድላይነቱ ኻዓ ምስትውዓል ዝወስድሉን፤ ሓደ ዝተብረሉን ክብሪ ብምኽባር ይዝክርዎ። ይኹን ድኣ እምበር፤ እቲ መዓልቲ ናይ ህዝቢ ኣውደኣመት ኣይኮነን።

#### ናይ ሜልበርን ናይ ዋንጫ መዓልቲ

ናይ ሜልበርን ናይ ዋንጫ መዓልቲ በብዓመቱ ኖቬምበር ብዝኣተወ ሰሉስ ይግበር። ናይ ሜልበርን ዋንጫ ኣብ ዓለም ዝተፈለጠ ናይ ፈረስ ቕድድም እዩ። ብዙሓት ሰባት፤ ካብ ስራሕ ይኹን ካብ ቤት ትምህርቲ ካብ ዝገብርዎ ስራሕቲ ጠጠው ብምባል እቲ ቕድድም ብተሌቪዥን ይሪእዎ። ኣብ ሜልበርን ማእኸል ከተማ እቲ መዓልቲ ኣውደኣመት ኮይኑ ይውዕል። ኣብ ካለኦት ቦታታት፤ መብዛሕትኡ ኣብ ስራሕ ቦታታት ምሳሕ ብምድላው ወይ ኸዓ ፓርቲ ብምግባር ናይ ሜልበርን ዋንጫ የኽብሩ እዮም።

## ስፖርት፤ መዝናነውን ስነጥበብን

ብዙሓት ኣውስትራልያን ስፖርት ይፈትዉ እዮም። መብዛሓትኦም ክብ ብዝበለ ደረጃ ዘይናዓቕ ውጽኢት ኣመዝጊቦም እዮም። ብ 2004 ናይ ኦሎምፒክ ጸወታ ኣውስትራልያ ባሓፈሽኡ ውጽኢት ካብ ኣሜሪካ፤ ካብ ቻይናን ሩስያን ብምኽታል ራብዐይቲ ወጺኣ እያ። ብ 2006 ናይ ኣቴንስ ናይ እግሪ ኩዑሶ ናይ ዓለም ዋንጫ ኻዓ ኣውስትራልያ ካፍቶም ናይ መወዳእታ ንዋንጫ ዝተሰጋገሩ ጋንታ ምስቶም 16 እያ ነይራ።

እንተኾነ ግና ኣውስትራልያ ብስፖርት እትሕጎስ ክብ ብዝበለ ብርኪ ጥራሕ ኣይኮነን። ኣብ ቀረባ ብዓለ ለኽ ደረጃ ብዝተገበረ መጽናዕቲ ከምዝሓበሮ ዕድሜኦም 15 ን ካብኦም ንእላዕሊን ዝኾኑ 11 ሚሊዮን ኣውስትራልያውያን እንተነኣሰ ኣብ ሰሙን ሓደ መዓልቲ ብናይ ኣካ ምንቅስቓስ፤ ብምዝንናውን ብስፖርትን ከምዝሳተፉ ኣርእዩ እዩ። ናይቲ ተኻፋልነት መጠን ናብ 70 ካብ ሚኢቲ ይጽጋዕ እዩ።

ካብቶም ዓሰርተ ብጣዕሚ ፍቱዋት ዝኾኑ ናይ ኣካል ምቕስቓሳት፤ ብእግሪ ምኻድ፤ ኤሮቢክስ ፊትነስ፤ ሓመሳ ብሽክሌታ ምዝዋር፤ ቴንስ፤ ጎልፍ፤ ጉያ፤ ኣብ ዱር ናይ እግሪ መንገዲ፤ ናይ እግሪ ኩዑሶን ኔት ቦልን እዮም።

ካልኦት ተፈተውቲ ስፖርትታት ክርኬት፤ ቴኒስ፤ ሆኪን ኣብ በረድ ሸተት ምባልን ይውስኹ።





ኣውስትራልያን ብተወሳኺ ዝጻወትዎን ምርኣይ ዝፈትውዎን ጸወታ ራግቢ ሊግ፤ ራግቢ ዩኒየንን ናይ ኣውስትራልያ ህጊ እግሪ ኹዕሾ Australian Rules Football። እዚ ጸወታ ብሕልፊ ኣውስትራልያውያን ዝጻወትዎ ጸወታ እንትኾን፤ ቅድም ብዝበሉ እዋናት እንትጻወቱዎ ዝነበረ ናይ ራግቢን ናይ ጌሊክ ኣእግሪ ኹዕሾን መሰረት ብምግባር እዩ።

ኣውስትራልያ ካብ ገዛ ወጻኢ ንዝካየዱ ምንቅስቓሳት ዘመዓራረየት እያ። ይኹን ደኣምበር ክዝክርዎም ዝግባእ ውሑዳት ናይ ድሕንነት ህጊ ኣለው።

- ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ክትሕምሱ እንትለኹም ናይ ሰርፍ ናይ ሂወት ኣድሕኖ ሓለዋ በቲ ዝገብርዎ ከባቢ ጣራሕ ይሓምሱ። ኣፍቲ እቲ ትሕምስሉ እዋን ኩሉ ሻዕ በቶም ማእኸል ክልተ ባንዴራ ይሓምሱ። ይዘክሩ ኮሉ ገምገም ባሕሪ ባናይ ሂወት ኣድሓንቲ ኣይሕለውን እዩ።
- በይንኹም ካብ ምሕማስ ይኹን ዓሳ ምጽማድ ተቐጠቡ። ብሕልፊ ኻእኣ ሕቡእ ኣብ ዝኾነ ቦታ።
- ባርኔጣ፤ ናይ ጸይ መነጽርን ናይ መከላኸሊ ክዳውንቲ (ከም ሸሚዝ) ይከደኑ። መጽለሊ ይድለዩ ብተወሳኺእውን ኣብ ጸሓይ መዓልቲ ብጸሓይ ከይቃጸሉ ናይ ቆርበት ነቐርሳ ንምክልኻል ናይ ጸሓይ መከላኸሊ ቕብኣት ይለኸዩ።
- ይዘክሩ፤ ሓዊ ፈጺሙ ምንዳድ ኣብዝተኸልከለሉ ማዓልትታት ብግልጺ ምንዳድን ባርቢኪው ምግባርን ኣይከኣልን።

## ድሙቕ ናይ ስነጥበብ መርኣይ

ኣውስትራልያ ክሊቲኦም ባህልታት ማለት እውን ናይ ተወለዲ ብህልን ልምድን ከምኡ ኻዓ ናይ ዝማዕበለ ሕውስዋስ ናይ ተፈናቐልቲ ባህሊ ዘመልክት ድምቕ ዝበለ ናይ ስነጥበብ መርኣይ ኣለዋ።

ኩሉ ዓይነት ማለት እውን ዝረኣዩን ዝጻወቱን ስነጥበባት ተኸታተልቲ ኣለውዎም፤ ንሳቶም ኻዓ ሲኒማ፤ ስነጥበብ፤ ቲያትርን ሙዚቓን እዮም። ኣብ ቀረባ ንዝተገብለ ሓደ ጽንዓት ከምዘመልክቶ፤ ብብዓመቱ 13 ሚሊዮን ወይኻዓ 88 ካብ ሚኢቲ ዝኮነ ንኣቅመ ኣዳም ዝበጽሑ ኣውስትራልያን ብባህሊ ወይኸዓ ብጸወታ ምድላው ይካፈሉ እዮም።

ኣውስትራልያ ተሪር ናይ ስነጽሑፍ ባህሊ ኣለዋ። እቲ ኣጀማምርኡ በቲ ናይ ዓዲ ተወላዲ ታሪኽ ምንጋር ተጀሚሩ፤ ብ 18 ምእተ ዓለም ኣውስትራልያ ብዝሰፈሩ ገበኛታት ኣፈ ታሪክ ንኽቕጽል ተጌሩ እዩ።

ሓደ ኣውስትራልያዊ ብስነጽሑፍ ናይ ኖቤል ሽልማት ረኺቡ እዩ። ንሱ ኻዓ ጸሓፊ ፓትሪክ ኻይት እንትኾን፤ እቲ ሽልማት ዝረኸቦ ብ 1973 እዮ ነይሩ። ካልኦት ናይ 20 ክፍለ ዘመን ጸሓፍት ፒተር ኬሪ፤ ብራይስ ኮርትኒ፤ ኮሊን ማኩላው፤ ሞሪስ ዌስትን ቲም ዊነተንን ይውስኽ እዩ።

### ናይ ሓበሬታ መስመር

- ጨንፈር ናይ መራኸቢ፤ ናይ መረዳእታ ቴክኖሎጂን ናይ ስነ ጥበብን ቤት ጽሕፈት 'Department of Communications, Information Technology and the Arts' www.dcita.gov.au
- ኣውስትራልያ ካውንሲል Australia Council www.ozco.gov.au
- ናይ ኣውስትራልያ ናይ ስፖርት ኮሚሽን Australian Sports Commission www.ausport.gov.au

## ኣብ ሳይንስ ስራሕቲ ሓዲሽ ነገር ፈጠርትን ኣማሓየሽትን

ኣውስትራልያ ብዝተፈላለየ ናይ ሳይንስ ስራሕቲን ፈጠራን ተሪር ውጽኢትን ኣመዝጊባ እያ። ካፍቶም ዘመዝገበቶም ዝተፈለጡ ስራሕቲ ማእኸል፤ ናይ መድሓኒት፤ ናይ ቴክኖሎጂ፤ ናይ ማሕረስ፤ ናይ ማኣድንን ናይ ፋብሪካ ውጽኢት ይርከብዎ።

ናይ መጀመሪያ ናይ ኣውስትራልያ ፈጠርቲ ናይቲ ዓዲ ተወላዲ ዝኾኑ፤ ናይ መጀመርያ ካብ እምኒ ዝተሰርሑ መሳርሕታት፤ ቡመራንግን (ፍሉይ ኮይኑ ዝተጸረበ እንጨይቲ እንትኾን፤ ብዝግባእ እንድህር ተደርብዩ ተመሊሱ ናፍቲ ዝደርበዮ ይመጽእ) ውመራ (ናይቲ ጦር መወርወሪ መትሓዚ) እዮም።

ኣብ ቀረባ እዋን ዝዓበዩ ፈጠርቲ ኻዓ ፖሊመር ዝተባሃለ ንባንኪ ገንዘብ መስርሒ ዘገልግል ላስቲክ ፈጢሩ፤ እዚ ፈጠራ እዙይ ሓቢሩ ዝተሰርሐ መፍለይ ሚስጢር ዘለዎ እንትኾን ብቕድሚኡ ካብዝነበረ ናይ ገንዘብ ዓይነት ብኣርባዕተ ዕጽፊ ከይ ኣረገ ይጸንሕ። ካልእ ናይ ፈጠራ ውጽኢት ኻዓ ንናይ ዓለም እኽሊ ናይ ምምራት ክእለት ልዕል ከብል ዝኽእል ናይ ኣትኽልቲ ጅን ምፍጣሩ እዩ። ኣውስትራልያውያን ብሕክምና ውጽኢታዊን ዘተተኮሱ ቦብታትን ዝቕበሩ ቦንብታትን ክረኽቡ ዝኽእሉ ቴክኖሎጂታት ብምምዕባል መሪሕነቶም ሒዞም እዮም።

ብቐረባ ዝትረኽቡ ናይ ሕክምና ውጽኢታት ሬንኣዛ ‘Relenza’ ዝተባህለ ናይ መጀመርያ ናይ ኢንፍሉዌንዛ መከለሊ መድሓኒት ምፍጣር፤ ነቐርሳ ዘለዎም ቖርበት ብምትንካፍ ምፍላይ ዝኽ'እል መስርሒ ብምፍጣር ከምኡ ኻዓ ንሰርቪካል ነቀርሳ መከላኸሊ ዝኾውን ክትባት ምፍጣር ዝኣመሰሉ ይሓውስ።

ትሽዓተ ኣውስትራልያናት ብሳይንስን ብሕክምናን ብዘርከብዎ ውጽኢት ናይ ኖቬል ሽልማት ረኺቦም እዮም። ኣብ ቀረባ እዋን፤ ማለት እውን ብ 2005 ፕሮፌሰር ባሪ ማርሻልን ዶ/ር ሮቢን ዋረን ኣብ ከብዲ ውሽጢ ኣልሰርን ጋስትራይተስ ዝፈጥሩ ባክቴሪየም ዝተባሃሉ ሓሳኹት ፈልዮም ብምፍላጦም እቲ ሽልማት ረኺቦም እዮም። ብ 1996 ኻዓ ፕሮፌሰር ፒተር ዶርቲ ብኢሚዮኖሎጂ ‘immunology’ ናይ ፈጠራ ስኾም ተሸሊሞም እዮም።

በብዓመቱ፤ ኣብ ኣውስትራልያ መዓልቲ ናይቲ ዓመት ኣውስትራልያኣዊ ‘Australian of the Year’ ይስየም እዩ። ብ 2005፤ ብ 2006ን ብ 2007 ናይቲ ዓመት ኣውስትራልያዊ ኮይኖም ዝተመረጹ ሳይቲስታት እዮም። ብ 2005 ዶ/ር ፊዮና ውድ፤ ተቓጺሎም ንዝተጎድኡ ሰባት ናይ ቆርበት ዝልከይ ዘደርቕ ስራሕ ብምፍጣራ እቲ ሽልማት ረኺባ እያ። ብ 2006 ኻዓ ናይ ነቀርሳ መሰላከሊ ክትባት ዝፈጠሩ ፕሮፌሰር ኢያን ፍሬዘር እቲ ሽልማት እንትረኽቡ፤ ብ 2007 ኻዓ እቶም ናይ ፈለማ ናይ ከባቢ ሳይንቲስት ፕሮፌሰር ቲም ፍላነሪ ተሸልሞም እዮም።

ዶ/ር ውድን ፕሎፌሰር ፍራንዝ ክልቲኦም ናይ ቀደም ናይ ብሪቲሽ ተፈናቐልቲ እዮም። ናይ ፕሮፌሰር ፍራንዝ ተሓባባሪ ፈጣር ናይ ቀደም ዶ/ር ጂያን ዡ እንትኾኑ ካብ ቻይና ዝመጹ ተፈናቓሊ እንትኾኑ ቅድሚ ምሟቶም ናይ ኣውስትራልያ ዜጋ ኮይኖም እዮም።

## ናይ ሓበሬታ መስመር

- ጨንፈር ናይ ትምህርቲ፤ ናይ ሳይንስን ናይ ኢንዲስትሪን ቤት ጽሕፈት ‘Department of Education, Science and Training’ www.dest.gov.au
- ናይ ኣውስትራልያ ክእለት ምሕጋዝ ‘Backing Australia’s Ability’ www.innovation.gov.au
- ናይ ኮመንዌልዝ ናይ ሳይንስን ናይ ኢንዲስትሪን ናይ ጽንዓት ውድብ ‘Commonwealth Scientific and Industrial Research Organisation’ www.csiro.au

# ናብራ ኣብ ኣውስትራልያ

## ቁጻርን ናይ ስራሕ ኩነታትን

ናይ ኣውስትራልያ ናይ ስራሕ ዕዳጋ ብጣዕሚ ተወዳዳሪ ክኸውን ይኽእል። ሓደሽቲ መጻእቲ ብኸመይ ዝኣክል ናህሪ ኣብ ውሽጢ ኣውስትራልያ ስራሕ ከምዝረኽቡ ብብዙህ ምኽንያት ይውሰን እዩ። ንሳቶም ኻዓ በቲ ኢኮኖሚ፤ ናይ ትምህርቲ ብርክን ካልኦት ክእለታትን፤ በቲ ዝደልይዎ ናይ ስራሕ ዓይነታት ብኻልእ ዝተፈላለየ ናይታ ዓዲ ክፍሊ ስራሕ ናይ ምርካብ ብዝትንክፍ ኩነታት ይውሰን።

ተፈናቐልቲ ናብ ኣውስትራልያ ቅድሚ ምምጽኦም ስለ ናይ ስራሕ ኩነታት ምፍላጥ ክነብሮም ኣለዎም። ማለት እውን ንዝደልይዎ ስራሕ ብሕልፊ ኻዓ ዘድልይ ፍልጠት ይሕለዎም ከምዝኾነ ክርድእዎ የድሊ እዩ። ኣብኣውስትራልያ ንብዙሕ መመልከቲ ስራሕ ምምዝጋብ ወይ ኸዓ ካብ ኣውስትራልያ ክፍለ ሃገራት ወይ ኸዓ ግዝኣታት ባዓል ስልጣናት ፈቓድ ምርካብ ውይ ኻዓ በዓል ሞያታት ማሕበር ወይኻዓ ናይ ኢንዱስትሪ ክፍሊ ብምምዝጋብ ኣባል ምዃን ኣለኩም።

ኣብ ኣውስትራልያ ናይ ክፍሊትን ናይ ስራሕ ኩነታት ዝውስን

- ዝተወሰነ ክፍሊት
- ብህጋዊ ስምምዕነት (ኣብ ኣውስትራልያ ናይ ስራሕ ቦታ ስምምዕነት ወይ ኸዓ ናይ ሓባር ስምምዕነት) ወይ ኸዓ
- ብናይ ሓባር ስምምዕነት ‘a common law agreement’

ኣብ ኣውስትራልያ ዝኾነ ይኹን ስራሕን ሙያን ንደቂ ኣነስትዮን ደቂ ተዓዕትዮን ክፉት እዩ። ሰራሕተኛታት ፍትሓዊ ብዘይኮነ ኣሰራርሓ ወይ ኸዓ ብጾታእ ብዘርኢ፤ ዱኹም ብምዃንን ብሃይማኖት ወይ ኻዓ ብናይ ጾታ መረጻ ምኽንያት ምግላል ዝከላኸል ህጊ ኣሎ። ናይ ማዕረ ናይ ስራሕ ዕድል ህጊ ‘Equal Employment Opportunity laws’ ናይ ስራሕ ቦታታት ናይ ዕድመ ልክዕ ናይ ስራሕ ዕድል፤ ዕቤትን ስልጣን መሰረት ብምግባር ንዘለዎ ናይ ሰራሕተኛ ንትፈት፤ ክእለትን ልምድን እምበር ብኣድልዎ ወይ ኸዓ ብዘርኢ ብምፍላይ ምዃን የብሉን።

ብናይ ኣውስትራልያ ህጊ መሰረት፤ ናይ ሰራሕተኛታት ማሕበራት ምትሕውውሳ (ወይ ኻዓ ዘይትምትሕውዋስ) መሰል ኣለዎም።

ሃገራዊ ሰገር ባሕሪ ክእለታት መፍለጢ መውሀቢ ቤት ጽሕፈት ‘National Office of Overseas Skills Recognition’ (NOOSR) ካብ ኣውስትራልያ ወጻኢ ናይ ሞያ ስልጠና ጌርኩም እንተድኣ ኮይንኩምን ናይ ኣውስትራልያ ቀወምቲ ነበርቲ እንተኾይንኩም ክትርድእዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ዝተፈለየ ምስ ስራሕ ዝተተሓሓዘን ናይ ክእለት ፍልጠት መረዳእታ ቀጺሉ ካብቶም ዝተዘርዘሩ ዌብ ሳይት ምርካብ ትኽእሉ ኢኹም።

- ናይ ስራሕ ኩነታት፤ ናይ ባዓል ሙያ ሕጽረትን ናይ ዕድመ ልክዕ ስራሕ ኣብ ኣውስትራልያ Employment prospects, skills shortages and careers in Australia www.jobsearch.gov.au
- ናይ ኣውስትራልያ ናይ ስራሕ ቦታ The Australian workplace www.workplace.gov.au
- ናይቶም ብዓል ሞያታት ምፍንቓል Skilled migration www.workplace.gov.au
- ናይ ፍሉይ ስራሕ እውቅና Recognition of trade qualifications www.workplace.gov.au/tra
- AEI-NOOSR www.aei.dest.gov.au.

## ግብሪ

ዝኾነ ይኹን ኣውስትራልያዊ በብዓመቱ በቲ እቶቱ መጠን ካብ እተወሰነ ደረጃ ንላዕሊ እንተኾን ግብሪ ምኽፋል ኣለዎ። ግብሪ ዝኸፍልሉ እቶት ካብ ስርሕ ንዝርከብ እቶት፤ ካብ ንግዲ ካብ ዝርከብ እቲቶትን ኣብ ባንኪ ካብዝተቐመጠ ገንዘብ ካብ ዝርከብ ሓረጻ ይውስኽ።

ብዙሓት ሸቐጣ መቐጥ ግልጋሎት ምስቲ ዝኸፍልዎ ክፍሊት ተወሳኺ ብምዃን ንእስ ዝበለ ግብሪ የኽፍሉ እዮም። እዚ ናይ ሸቐጣ መቐጥን ናይ ምግልጋል ግብሪን ‘Goods and Services Tax’ (GST) ይበሃል።

ብኣውስትራልያ መንግስቲ ዝተኣከበ ግብሪ ንድህንነት ግልጋሎት፤ ንጥዕና ግልጋሎት፤ ንመከላኸልን ንዕቤትን፤ ከም ቐንዲ መንገድታት፤ ይውዕል።

ክፍለ ሃገራትን ግዝኣትን ኣብ፡ ሃደ ሓደ ፍጻመን ግልጋሎትን ንሱ ኻዓ ‘stamp duties’ ይብሃል ግብሪ የኽፍል እዩ። እዚ ገንዘብ እዙይ ንኽፍለ ሃገራትን ግዝኣታትን መገልገሊ ስራሕቲ፤ ማለት እውን ከም ፖሊስ ሓይሊ፤ ሆስፒታልን ከምኡ ኻዓ ንኽፍለሃገራትን ኑቲ ከብቢ መንገድታትን ጥቕሚ ይውዕል።

ናይ ኣውስትራልያ ናይ ግብሪ ዓመት ካብ ጁላይ 1 ክሳብ 30 ጁን ይካየድ። ብኣውስትራልያ ህጊ መሰረት መብዛሕተኦም ህዝቢ በብዓመቱ ካብቦቱኡ ንዝረኸብዎ እቶት መጠንን ዝኸፈልዎ ናይ ግብሪ መጠንን ብምዝርዛር ናይ ግብሪ ተመላሲ ወረቐት (ፎርም ) ምእታው ኣለዎም። መብዛሕትኢ እዋን ግብሪ ብቐጥታ ካብነንሕድሕዱ መሃያ በቶም መስራሕቲ እንዳተቐነ ንኣውስትራልያ ናይ ታክሲ ቤት ጽሕፈት ‘Australian Taxation Office’ (ATO) እቶት ይግበር።

## ናይ ጥሮታ ኣበል ‘Superannuation’

ናይ ጥሮታ ኣበል ' Superannuation’ ሰራሕተኛታት ትሮታ እንትወጹ እዋን ንዘለዎም ገንዘብ ምእካብ ዘኽእል ግብሪ እዩ። ኣብ ኣውስትራልያ መብዛሕተኦም ተቖጻሮት ናይ ጥሮታ ኣበል ምስቲ ዝኣከብዎ ድርጅት ኣባል ምኻን እንትህልዎም፤ እቶም መስራሕቲ ኻዓ ብህጊ ኑቲ ግርጅት በቲ ሰራሕተኛ ሽም ንጥሮታ ኣበሉ ኣስተዋጽኦ ምግባር ይኑብሮም እዩ። እዚ ናይ መስራሕቲ ናይ ጦታ ኣበል ናይ ውሕስና ኣስተዋጽኦ ይባሃል።

ስለ ናይ ጥሮታ ኣበልን ግብሪን ተወሳኺ መረዳእታ ካብ ኣውስትራልያ ናይ ግብሪ ቤት ጽሕፈት ምርካብ ትኽእሉ ኢኹም።

ስልኪ ቁጽሪ 132 861

ብመስመር www.ato.gov.au

## ስለ መንበሪ ገዛ

ካብ ቦታ ናብ ቦታ ምዝውዋር ኩሉሻዕ ክቡር እዩላብ ኣውስትራልያ ንምኻድ ክብ ዝበለ ወጻኢ ይጥይቕ እዩ። ካፍቶም ዝወጹ ወጻኢታት ማእኸል ናይ ገዛ ኣቑሑትን ንምጉዕዓዝን ሓዲሽ ገዛ ምጥያሽን ይውስኽ።

ናይ ገዛን ናይ ኣፓርትመንት ዋጋ (ኣብ ኣውስትራልያ መብዛሕትኡ እዋን ዩኒት ወይ ኻዓ ፍላት ይበሃሉ) ብኣንጻሩ፤ ብሕልፊ ኻዓ ኣብሲዲኒ፤ ፐርዝ፤ ሜልበርንን ካንቤራን ብጣዕሚ ክቡራት እዮም።

ምክራይ ወይ ኸዓ ገዛ ይኹን ኣፓርትመንት ምግዛእ መብዛሕቱ እዋን ፈቓስ ዘለዎም ናይ ተኻረይትን ኣካረይትን ተወከልቲ ኣቢሉ ይውዳእ። ምንም እኳ ንብረት ንምግዛእ ኮነ ምሻጥ ወይ ኸዓ ብግሊ ምክራይ እንተተኻኣለ እውን እዚ ቕድሚ ምግባርኩም ናይ ህጊ ፈላጥ ምምኻር ጽቡቕ ኢዩ።

ዝሸየጡ ይኹኑ ዝኻረዩ ገዛውቲ በቲ ናይ ዕለታዊ ጋዜጣታታት፤ ብሕልፊ ኻዓ በቲ ናይ ቀዳም ከም ምልክታ ኮይኖም ይወጹ እዮም። ብተወሳኺ እውን ብዝተፈላለዩ ዌብ ሳይት ብመካረይትን ተኻረይትን ወኪላት ኣቢሉ ይወጹ እዮም።

እንትትካረዩ እንተለኹም መብዛሕትኡ እዋን መትሓጃ ‘bond’ ናይ ሓደ ወርሒ ናይቲ ኽራይ መጠንን ብተወሳኺ ናይ ሓደ ወርሒ ክራይ ኣቐዲምኩም ትኽፍሉ። ናይቲ መትሓዚ ገንዘብ እቲ ተኻራይ እቲ ገዛ እንትለቕቕ እንተሎ ተመላሲ ይኾውን። ይኹን ደኣ'ምበር ዝሕደሽ ወይ ኸዓ ንኽጸር ዘድሊ እንድሕር ደኣ ኾይኑ እቲ ወጻኢ ኩሉ ምስተሸፈነ እቲ ዝተረፈ ተመላሲ ክኸውን ይኽእል እዩ።







## ማሕበራዊ ውሕስነት

ሴንተርሊክ ‘Centrelink’ ናይ መንግስቲ ኣውስትራልያ ወኪል እንትኾን፤ ንኣውስትራልያ ሕብረተሰብ ዝተፈላለዩ ግልጋሎታትን ክፍሊትን ይዕብር። ንሳቶም ኻዓ ትሑት እቶት ንዘለዎም ግለሰባት፤ ጥሮተኛታትን፤ ኣካለ ጎደሎታትን፤ ስራሕ ደለይቲ ንጹላት ወለድን ንኻልኦት ዝ ዝሕብሕቡ ሰባትን ካልኦት እውን ይውስኽ። ክፍሊት ይኹን ካልእ ግልጋሎት ምርካብ ዝከኣሎ ናይቲ ግለሰብ ኩነታት ብምርኣይ እዩ።

መንግስቲ ኣውስትራልያ እቲ ጽቡቕ ናይ ድጋፍ መንግዲ እንዳተኸፈሉ ምስራሕ ምዃኑ ይኣምን። ሴንተርሊንክ ንሰባት ምስ ወሃብቲ ሓገዝ ግልጋሎት ብምርኻብ ስራሕ ንኽረኽቡ ይሕግዝ። እዚ ክሳብ ዝኾውን ኻዓ ብተፈለየ መገዲ ንኽሰርሑ ንዘይኽእሉ ግለሰባት ናይ ገንዘብ ሓገዝ ይኀብሩ እዮም። ምስሴንተርሊንክ ናይ ገንዘብ ክፍሊት ዝግበረሎም ግለሰባት ስራሕ ንምድ ላይ ወይ ኻዓ ንቕድሚት ስራሕ ንምድላይ ንኽኽእሉ ክእለቶም ንኽመሓይሹ ይሕለዎም እዩ።

ናብ ኣውስትራልያ ብዕቑባ ወይኻዓ ብሓዜኔታ ቪዛ ዝመጹ ግለሰባት ብዙሕ እዋን ሙሉእ ናይ ሴንተርሊንክ ግልጋሎትን ጥቕምታትን ሓገዝ ይረኽቡ። ብሓፈሽኡ፤ ካልኦት ሓደሽቲ ነበርቲ ናይ ሴንተርሊንክ ሓገዝ ቅድሚ ምርካቦም፤ እንተነኣሰ ንኽልተ ዓመት ብቓሚ ናይ ነባርነት ቪዛ ኣብ ውሽጢ ኣውስትራልያ ክነብሩ ኣለዎም። ነዚ እዋን እዙይ ዘገልግል ናዔተሰቦምን ንርእሶምን መተሓዳደሪ ዝኣኽል ገንዘብ ከምዘለዎም ክተኣማመኑ ኣለዎም። ናይቲ ምጽናሒ እዋን ከምዝድልዮም ሓገዝን ከም ግለሰባት ኩነታት ክፈላለይ ይኽእል እዩ።

ውሱን ዝኾነ ሓገዝ ነንሕድሕዶም ሓደሽቲ ተፈናቐልቲ ክህሉ ይኽእል። ናይቲ ሓገዝ ዓይነት ስራሕ ናይ ምድላይን ቆልዑ ንምዕባይ ንዘገጥም ወጻኢ ዝረድእ ናይ ቤተሰብ ሓገዝ ክፍሊት እዮም። መንግስቲ ኣውስትራልያ ንቤተሰብ ንዝገብሮ ሓገዝ ዝበለጸ መረዳእታ እንድሕር ደኣ ደሊኹም ‘Family Assistance Office’ ኣቢልኩም ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ሓደሽቲ ተፈናቐልቲ ክረኽብዎ ንዝኽእሉ ጥቕምታት ነቲ ዘሎ ሓገዝ ንምፍላጥ እንድሕር ደኣ ፈሊጥኹም፤ ምስመጻእኹም ብተኻኣለ መጠን ሴንተር ሊንክን ወይ ኻዓ ናይ ቤተሰብ ሓገዝ ቢሮ ክተዘራርቡ ኸህልወኩም እዩ። ካፍቲ ዝግበረልኩም ሐዝ ሓዲሉ ስራሕ ንምድላይ ዝግበር ሓገዝ እዩ።

### ናይ መራኸቢ ዝርዝራት

| | |
|---|---|
| ሴንተርሊንክ | 13 2850 |
| ብመስመር | www. centrelink.gov.au |
| ናይ ቤተሰብ ወሃቢ ሓገዝ ቤት ጽሕፈት | 13 6150 |
| ብመስመር | www.familyassist.gov.au |
| ካብ እንግሊዝኛ ቋንቋ ዝተፈለየ | 13 1202 |

# ናይ ሆስፒታልን ናይ መድሓኒታት ወጻኢን

መንግስቲ ኣውስትራልያ መሰረት ዘለዎ ናይ ሆስፒታልን ናይ መድሓኒትን ሓገዝን ድጋፍን ሜዲኬር ኣውስትራልያ 'Medicare Australia' ብዝተባሃለ ገባሪ ሰናይ ይግበር። መንግስቲ ብተወሳኺ Pharmaceutical Benefits Scheme (PBS) ብዝተባሃለ ሜዲኬር 'Medicare' ዝተባሃለ ካርዲ ንዝሓዙ ግለሰባት ኩሎም ንመድሓኒት ተባሂሉ ንዝወጽ ገንዘብ ሓገዝ ይህብ። ሓደሽቲ ተፈናቐልቲ መጻእቲ እንታይ ዓይነት ሓገዝ ክረኽቡ ከምዝኽእሉ ብምጥያቕ፤ ናዩዛ መረዳእታ ኣብዝርከበሉ እቲ ፓስፖርቶም ወይ ኻዓ እቲ ናይ ዝመጽሉ ወረቓቕቲ ብምሓዝ ናብ ሜዲኬር ቤት ጽሕፈት ብምኻያድ ሜዲኬር ዝተባህለ ገባሪ ሰናይ ምምዝጋብ ኣለኹም። ናይ ሜዲኬር ዌብ ሳይት (ኣብ ታሕቲ ይመልከቱ) ብብዙሕ ቛንቛታት ዝተተርጎመ ናይ መረዳእታ መጽሄታት ኣለዎ።

መብዛሕትኡ እዋናዊ ቪዛ ንዝለዎም ግለሰባት ንሜዲኬር ምምዝላብ ኣይኽእሉን እዮም። ይኹን ደኣምበር ሓደሓደ ዝተፈላለዩ ኩነታት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት፤ ኣድላይ ዝኾነ ኩሉ ኣማሊኦም ንቓሚ ቪዛ ዘመልከቱ እንተኾነ ግና እዋናዊ ቪዛ ንዝለዎም ግለሰባት ዓይነት።

**ናይ መራኸቢ ዝርዝራት**

ናይ ስልኪ ቁጽሪ 13 2011

ኣብ መስመር www.medicareaustralia.gov.au

ብሜዲኬር ንዘይሽፈኑ ሕክምናታት ዘገልግሉ፤ ማለት እውን ብናይ ግሊ ሆስፒታል ሕክምና ምርካብን፤ ናይ ስኒ ሕክምናን ወይ ኸዓ ናይ ዓይኒ መነጽር ከምኡ'ውን ናይ ኣምቡላንስ ግልጋሎት ዝአመሰሉ ዝሽፍን ናይ ግሊ ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ወሃብቲ ኣገልግሎት ኣለው።

**ናይ ግሊ ናይ ጥዕና መገልገልቲ ኣድራሻታት**

ብኢ ሜል privatehealth@health.gov.au

ኣብ መስመር www.health.gov.au/internet/wcms/publishing.nsf/Content/private-1

# ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ትምህርቲ

መንግስቲ ኣውስትራልያ ንሓደሽቲ ሰፈርቲ ምስቲ ሓዲሽ ሕብረተሰብ ውሽጢ በቲ ማሕበረሰብ ይኹን ኢኮኖሚ እተሳኽዐ መንገዲ ናይ ብሕቲ ድልየት ኣፍቲ ዝደለይዎ ንምብጻሕ እንድሕር ደኣ ደሊሖም ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ምምሃር እናፍቶም ቀደምቲን ኣድለይትን ዝኾኑ ምኻኖም ትኣምኑ። ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ክእለትኩም ንኽትሰርሑ ኣብዘይትኽእልሉ ኩነታት 'functional' እንድሕር ደኣ ኮይኑ ንኣቅመ ኣዳም ንዝበጽሑ ተፈናቕልቲ ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ትምህርቲ ብትሕቲ Adult Migrant English Programme (AMEP) ኣብ ዝበሃል ድርጅት ብነጻ እቲ ቋንቋ ንኽትመሃሩ ዕድል ክእልዎኩም ይኽእል።

ኣብዚ ክትበጽሑ እንተለኹም፤ ናይ ፍልሰትን ናይ ዜግነት ቤት ጽሕፈትን ናይ መጠየቂ መስመር፤ ወይ ኸዓ ክትረኽብዎ እትኽእሉ ሓገዛት በቲ ኸባቢ ካብ ዝርከብ ናይ ቋንቋ ቤት ትምህርቲ AMEP ምሕታት ትኽእሉ ኢኹም። በጃኹም ኣስተውዕሉ፤ እንድሕር ደኣ ብቑዓት ኮይንኩም፤ ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ንኽትምሃሩ ኣብ ገምገም ውሽጢ እንድሕር ሃሊኹም ካፍቲ ኣብ ኣውስትራልያ ንኽትጸንሑ ዝተፈቐደልሙም እዋን፤ ኣብ ሰለስተ ወርሒ ውሽጢ፤ ወይ ኻዓ ካብ ገምገም ወጻኢ እንተኾይኑ ኻዓ እስ ዝመጽሉ ኣብ ሰለስተ ውርሒ ውሽጢ ክትምዝገቡ ኣለኩም።

**መራኸቢ ዝርዝራት**

ብስልኪ ቑጽሪ 131 881

ብመስመር www.immi.gov.au/amep



## ካልኦት ብመንግስቲ ኣውስትራልያ ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ መምሃሪ መደብ

ካልኦት ሰለስተ ብመንግስቲ ኣውስትራልያ ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ መምሃሪ መደብ፤ ኩሎም ኣብ ትሕቲ ጨንፈር ቤት ትምህርቲ፤ ሳይንስን መሰልጠኒ Department of Education, Science and Training. ዝመሓደሩ እዮም። ንሳቶም ኻዓ ኣብስራሕ ቦታ ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ናይ መሰረተ ትምህርቲ መደብ Workplace English Language and Literacy programme (WELL), ናይ ቋንቋ ናይ መሰረተ ትምህርቲን ቁጽርን መደብ Language, Literacy and Numeracy Programme (LLNP) ን ንደለይቲ ስራሕ እንግሊዝኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ- ንሓደሽቲ መጻእቲን ዕድሜኦም ንትምእርቲ ንዝበጽሑ መናእሰይ ዝኾውን መደብ English as a second language - New Arrivals (ESL-NA) እዮም። ንዝበለጸ መረዳእታ ኣብ ዌብ ሳይት www.dest.gov.au ይመልከቱ።

## ኣስተርጓማይን ተርጓማይን

ናይ ኣስተርጓማይ ሓገዝ ካብ ኣስተርጓማይን ተርጓማይን ሃገር ለኸ ኣገልግሎት Translating and Interpreting Service National (TIS National) 131 450 ( ቡቲ ናይ ከባቢ ናይ መጸውዒ ዋጋ ኣብኣውስትራልያ ናብ ዝኾነ ቦታ) ብምድዋል ሓገዝ ምርካብ ይኽእሉ እዮም። ናይ ኣስተርጓማይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ን 24 ሰዓት ኣብ ሰሙን ሸውዓተ መዓልቲ ግልጋሎት ይህብ።

እዚ ሓገዝ እዙይ መሰሉም ንዝኾነ ናይ ኣውስትራልያ ነበርትን ተወለድን፤ እቲ ሰፈራ ብዝምልከት ካብ ካልእ ቋንቋ ናብ እንግሊዝኛ ዝትርጎም ወረቐት እንተሊይዎም ናይ ናጻ ናይ ትርጉም ኣገልግሎት ወሃብቲ ኣለው።

**ሓበሬታ ኣብ መስመር**

- www.immi.gov.au/living-in-australia/help-with-english/learn-english/client/translation_help.htm

## ትምህርቲ

ብኣውስትራልያ ህጊ መሰረት ብሓፈሽኡ ዕድሜኦም ክሳብ 15 ዓመት ዝኾኑ ቆልዑት ቤት ትምህርቲ ናይ ምኺያድ ግዴታ ኣለዎም። ይኹን ደኣምበር፤ እዚ ናይ ዕድመ ገደብ እዙይ ከከም ክፍለሃገሩ-ንዝኣቱን ክፈላለይ ይኽእል እዩ። መንግስቲ ኣብ መንግስቲ ቤት ትምህርቲ ናይ ናጻ ትምህርቲ ይህብ። (እዋናዊ ቪዛ ንዝለዎም ተማሃሮ እቲ ግቡእ ዝኾነ ሙሉእ ክፍሊት ክኸፍሉ ኣለዎም) ብዙሓት ተመሃሮት ብቤተክርስትያንን ኣብ ካልኦት ዝተኣኻኸቡ ናይ ግሊ ቤት ትምህርቲ ይማሃሩ፤ ይኹን ደኣምበር እዞም ተማሃሩ ኢዚኦም ንትምህርቶም ይኸፍሉ እዮም።

ናይ ኣውስትራልያ ናይ ትምህርቲ ስርዓት ንኹሉ ህዝቢ ክፉት እዩ። ንኹሉ ናይ ዕድመ እክብካብን ናይ ክእለት ርውየት ነቲ ዕድል ይህብ።

ናይ ህዝቢ ቤት ትምህርቲ ብኽፍለ ሃገር / ብግዝኣት መንግስታት ይመሓደሩ። ናይ መመዝገቢ መረዳእታ ካብ እቲ ክፍለሃገር / ካብ ግዝኣት ናይ ትምህርቲ ክፍልታት ወይኸዓ ካፍቲ ከባቢ ናይ ጎረቤት ቤት ትምህርቲ ምርካብ ይከኣል።

ክልተ ዓይነት ልዕል ዝበሉ ቤት ትምህርትታት ኣለው፤ ብድርጅታትን ብኢንዱስትሪን ዝወሃቡ ናይ ሞያን ናይ ስልጠናን ቦታታትን ብዩንቨርሲቲን ብኻልኦት ልዕል ዝበሉ ናይ ትምህርቲ መውሃቢ ማእኸላት ዝወሃቡ እዮም። በዚኦም ናይ ሳልሳይ ብርኪ ኮርስታት ንምክፋል በቶም ኣመልከቲ ናይ ቪዛ ዓይነት ይውሰና እዩ።

ብሓደ ሓደ ኩነታት ምኽንያት ናይ ኣውስትራልያ መንግስቲ ንሳልሳይ ብርኪ ትምህርቲ መብዛሕትኡ ክፍሊት እንትግበር (ብኮመንዌልዝ ዝተደገፉ ቦታታት ይበሃል) እቲ ዝተረፈ እቲ ተማሃራይ ክኸፍሎ ይግበር። ናይ ሳልሳይ ብርኪ ተመሃራይ ናይ ልዕል ዝበለ ትምህርቲ ናይ ኣስተዋጽኦ ውጥን 'Higher Education Contributory Scheme' (HECS) ወይ ኻዓ ናይ ክፍተኛ ትምህርቲ ናይ ልቓሕ መደብ 'Higher Education Loan Programme (HELP) ምምልካት ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ዕድል ንዝግቦኦምን ብኮመንዌልዝ ብዝሕዝሑ ቦታታት ንዝተመዝገቡ ጥራሕ እዩ። በዞም ውጥናት እዚኦም HECS-HELP ዝርከብ ሓገዝ ብሙሉኡ ወይ ኻዓ ፍርቂ ናይቲ ተመሃራይ ኣስተዋጽኦ ይሽፍን።

**ንዝበለጸ ሓበሬታ ኣብ መስመር**

- ጨንፈር ናይ ትምህርቲ፣ ናይሳይንስን ናይ ስልጠና ቤት ጽሕፈት Department of Education, Science and Training ኣብ www.dest.gov.au ይመልከቱ።
- ናብ ዩኒቨርስቲ ምኻድ Going to university ኣብ www.goingtouni.gov.au ይርኣዩ።

## መኪና ንምዝዋር ሕጋዊ ፍቓድ

መኪና ንምዝዋር ሕጋዊ ፍቓድ ዝወሃብ ብኽፍለሃገርን ብግዝኣትን መንግስቲ እንትኾን፣ እቲ ፈቓድ ንምርካብ መብዛሕትኡ እዋን ኣመልካቲ ናይ ፍልጠር ፈተና፣ ናይ ምዝዋር ክእለት ፈተናን ናይ ዓይኒ ፈተና ምሕላፍ ኣለዎ። ዝኾነ ይኹን ግለሰብ ብዘይተረጋገጸ ፈቓድ ምዝዋር ኣይከኣልን።

ቓሚ ናይ መንበሪ ቪዛ ዘለዎም፣ ካብ ካልእ ዓዲ ብእንግሊዝኛ ዝተጽሓፈ ( ወይ ኻዓ ብባዓል ሞያ ዝተተርጎመ) እዋናዊ መንጃ ፍቓድ እንድሕር ሃልዩኩም ኣብ ኣውስትራልያ ንሰለስተ ወርሒ ምዝዋር ትኽእሉ ኢኹም። ድሕሪ እዚእዋን' ዚ ግቡእ ዝኾነ ናይ ኣውስትራልያ መንጃ ፍቓድ ምሓዝ የድሊ እዩ።

## ጠቓምቲ ናይመራኸቢ ዝርዝር

- ንሂወት ዘስግኡ ናይ ሃንደበት ሓደጋ (ሓዊእ ፖሊስ፣ ኣምቡላን)-ስልኪ ቑጽሪ 000
- ናይ ኣስተራማይን ተርጓማይን ግልጋሎት፣ ሃገር ለኸ (ቲስ TIS) ስልኪ ቁጽሪ 131 450
- ናይ ፍልሰትን ናይዜግነትን ቤት ጽሕፈት- ስልኪ ቑጽሪ፣ 131 881
- ናይ ኣውስትራልያ መንግስቲ ናይ ዌብ ሳይት በሪ www.australia.gov.au
- ኣብ ኣውስትራልያ ምንባር ዌብ ሳይት www.immi.gov.au/living-in-australia/index.htm
- ኣብ ኣውስትራልያ ሂወት ንምጅማር ስነጽሑፍ www.immi.gov.au/living-in-australia/settle-in-australia/deginning-life/index.htm

# ናይ ኣውስትራልያ ዜጋ ምኻን



ናይ ኣውስትራልያ መንግስቲ መሰል ዘለዎ ቋሚ ነባራይ ናይ ኣውስትራልያ ኤኣጋ ንምኻን ንኽመልክት ብብርቱዕ የበረታትዑ።

ናይ ኣውስትራልያ ዜጋ ንምኻን ምምራጽ ንኣውስትራልያን ንህዝብን ብብሕቲ ንዘለኩም ተኣማንነትን ንባዕልኻ ከምተግዝእ የርእዩ። ብሓደ መልክዑ፤ ንኣውስትራልያ ከም ዝኸኡም ንምግባር ንትወስድዎ ናይ መወዳእታ ናት ፍልሰት መንገዲ ስጉምቲ እዩ።

ምንም እኳ ኣብ ኣውስትራልያ ብቋምነት ንዝነብሩ ህዝቢ ዘለዎም ዕድል ማዕረ እንተኾነ ውን፤ ዜጋ ንምኻን ሙሉኢን ስነስርዓት ዝተኸተለን ናይ ኣውስትራልያ ሕብረተሰብ ኣባልነት የርክብ። ግለሰባት ውጽኢት ብዘለዎ ኩነታት ንኣውስትራልያ ኣስተዋጽኦ ምግባር ንኽትክእሉን፤ በታ ዓዲ ናይ ዲሞክራሲ ኣከያይዳ ሙሉእ ተሳትፎ ንምግባር፤ ድምጺ ንምሃብ፤ ንፓርላማ ኣባልነት ጠጠው ንምባልን ብናይ መንግስቲ ሓላፊነታት ንምስራሕ የኽእል።

ናይ ኣውስትራልያ ዜግነት ናይታ ዓዲ ናይ ልቢ ውቕዒት መተኣሳሰሪ ሓይሊ እዩ።

ናይ ኣውስትራልያ ዜግነት ፍሉይ መሰልን ኃላፊትን ይህብ

## ናይ ዜግነት ፍሉይ መሰል

ዝኾነ ናይ ኣውስትራልያ ዜጋ በዞም ዝስዕቡ ፍሉይ መሰላት ይሕጎሱ፤

- ንናይ ኣውስትራልያ መንግስቲ ንምምራጽ ድምጺ ምሃብ
- ኣብቲ ፓርላማ ንኽትምረጹ ምድላይ
- ንናይ ኣውስትራልያ ፓስፖርት ምምልካትን ከም ድሌትኩም ንኽትወጹን ንክትኣትውን
- ኣብ ወጻኢ ንዝተሰለዱ ቆልዑት ከም ኣውስትራልያ ዜጋ ብዘይ ምንም ጸገም ምምዝጋብ
- ኣብ ወጻኢ እንዳሃለኹም ናይ ቆንሲላትን ናይ ኣውስትራልያ ናይ ዲፕሎማቲክ ተወከልቲ ሓገዝ ምጥያቕ
- ካብ ኣውስትራል ናይ ጥር ሓይልታትን ካብ ኣውስትራልያ ኣገልግሎት ዝህቡ ዝተፈላለዩ ዝተቆጸሩ ቦታታት ሙሉእ መሰል እዮም።

## ሓላፍ ነታት

ንናይ ኣውስትራልያ ዜግነት ዞም ዝስዕቡ ሓላፍነታት ይሓቱ፤

- ብኮመንዌልዝ፤ ብኽፍለ ሃገርን ብግዝኣትን መረጻን ኣብ ናይ ህዝቢ ውሳነ ድምጺ ምሃብ*
- ጻዊዒት እንድህር ደኣ በጺሒኩም ንምድናይ ምግልጋል
- ሓንደበት እንድሕር ደእ መጺኡ ንኣውስትራልያ ካብ ጸላኢ ምክልኻል ( ከም ኩሉ ኣብ ውሽጢ ኣውስትራልያ ዝተወለደ ዜጋ ምስ ብህጊ ብዘምግዳድ መሰል) እዮም።

*ናይ ህዝቢ ውሳነ ንዘመልክቶ መረጽቲ እቲ ህገ መንግስቲ ክቕየር ንምግባር ናይ ህጊ ንምውሳን ሓሳብ ምቕራብ እዩ።

ንብዙሓት ቀወምቲ ነባሮት ናይ ኣውስትራልያ ዜጋ ንምኻን ንዝውሰድ ናይ ዜግነት ፈተና ምሕላይ እዩ። ነቲ ፈተና ንምድላው፣ ሕጹያት ኣውስትራልያዊ ንምኻን *Becoming an Australian citizen* ንዝብል ኣብ ታሕቲ ናዝተጠቐሱ ዌብ ሳይት ውሽጢ ዝርከብ ናይ ዜግነት መረዳእታ መጽሄት ምንባብ ክህልወኩም እዩ። እቲ ፈተና ምስሓለፍኩም ናይ ኣውስትራልያ ዜጋ ንምኻን ዘመልከትክሙዎ ምስ ጸደቐ፣ እዞም ዝስዕቡ ንባዕልኻ መግዛእቲ ምሓላ ኣብ ናይ ህዝቢ በዓላት ንኽትገብሩ ክትጥየቑ ኢኹም።

*'From this time forward, under God,**
*I pledge my loyalty to Australia and its people*
*Whose democratic beliefs I share,*
*Whose rights and liberties I respect, and*
*Whose laws I will uphold and obey'.*

*People may choose whether or not to use the words 'under God'.

*'ካብዛ ሰዓት እዚኣ ጀሚሩ፣ ብእግዚኣብሄር ሽም**
*ንኣውስትራልያን ንህዝባን ተኣማናይ ንምኻን፣*
*ንዝካፈሎ ናይ ዲሞክራሲ እምነት፣*
*መሰላን ናጽነታን ኣኽብር፣ ከምኡ'ኻዓ፣*
*ህጋን ልዕል ልዕል ብምባል እእዘዝ።'*

* ግለሰባት 'ብትሕቲ ጌታ' ንዝብሉ ቓላታት ንምጥቃም ኮነ ንዘይምጥቃም ምምራጽ ትኽእሉ።

ዝተፈላለይ ባህልታትን ሃይማኖትን ዘለዎም ኣውስትራልያን፣ እቲ ህጊ ብምኽታል፣ ከ ሓደ ሕብረተሰብ ብምኻን ልምዶምን እምነቶምን ሓሊዮም ምንባር ይኽእሉ እዮም።

ናይ ኣውስትራልያ ዜጋ ምኻን ማለት፣ ንኣውስትራልያ ንዘለኩም ተኣማንነት ምርግጋጽ፣ ሒዞሞ ብዝመጹ ባህሊ ኣውስትራልያ ክትዓቢ እንዳሓገዙ፣ ምስ ካልኦት ኣውስትራልያን ሓቢሮም ብምስራሕ፣ ተሪር፣ ዝተሓባበረትን ምትእትታው ዝሞልኣ ዓዲ ንኽትኾውን ክትጽዕሩ ኣለኩም።

ናይ ኣውስትራልያ ዜጋ ንምኻን ዝበለጸ ሓበሬታ እንተደሊኹም፣ ብናይ ኣውስትራልያ ናይ ዜግነት ዌብ ሳይት ወይ ኸዓ ካብ ናይሌግነት መረዳእታ መስመር ምርካብ ይኽእሉ።

**ንዝበለጸ ሓበሬታ ኣብ መስመር**

- www.citizenship.gov.au ንዝብል ዌብ ሳይት ይርኣዩ ወይኸዓ ብስልኪ ቁጽሪ 131 880 ይደውሉ።